እግዚኣብሔር ነመስግኖም

ምሕጽንታ ንደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋተይ

እዛ መጽሓፍ ብጾታ ወዲ ተባዕታይ ኢያ ተጻሒፋ ዘላ። ይኹን እምበር ንዓኻትክን`ውን ብማዕረ ኢያ ትብጸሓክን። መጀመርያ ብኽልቲኡ ጾታ ክጽሕፋ ፈቲነ ኔረ፣ እንተኾነ ግን ንምንባባ ኣሸጋሪት ኮይና ስለዝረኸብክዋ ብሓደ ጾታ ( በቲ ዝተለምደ ኣጸሓሕፋ፣ መጽሓፍ ቅዱስ`ውን ዝጥቀመሉ) ምጽሓፍ ይሓይሽ ኣብ ዝብል መደምደምታ ክበጽሕ ተገዲደ። ድሓር ዘንኣሕዋተይ፣ ቃል ኣምላኽ ነወዳት ነዋልድ ኢሉ ስለዘይፈሊ ጾታይ ኣይኮነን ኢልክን ሽለል ከይትብልኣ ብሽም እግዚኣብሔር እምሕጸነክን።

መብርሂ ንኣንበብቲ

ሜላ ኣጸሓሕፋ ናይ`ዛ መጽሓፍ፣ ንስኻ ዝብል እዩ። እዚ ከአ ንነፍሲ ወከፍ ኣንባቢ እንተላይ ጽሓፊ፣ ንዕኡ ብቐጥታ ከምትዛረቦ ኮይና ክትጽሓፍ ስለዝተደልየ እዩ። ጽሓፊ ንነብሱ ኣውጺኡ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ፣ ንሱ`ውን ሓደ ካብቶም ኣንበብቲ ምኳኑ ክዝንጋዕ የብሉን። እዚ ከአ ሓደ ካብቲ ጽሓፍቲ ዝጥቀምሉ ናይ ኣጸሓሕፋ ሜላ እዩ። ብዙሓት ጽሓፍቲ ነዚ ሜላ ይጥቀሙሉ እዮም።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ካብ ጽሓፊ

<u>ትሕዝቶ</u>

<u>ምዕራፍ ሓደ</u>

ሓሙሽተ ነጥብታት ንእግዚኣብሔር ኣብ ምፍቃር

<u>ምዕራፍ ክልተ</u>

ሰለስተ ነጥብታት ኣብ ፍቕሪ ፈተውትኻ

<u>ምዕራፍ ሰለስተ</u>

ሓመሽተ ነጥብታት ኣብ ፍቕሪ ጸላእትኻ

<u>ምዕራፍ ኣርባዕተ</u>

<u>ሸሞንተ ነጥብታት ኣብ ትሕትና</u>

<u>ምዕራፍ ሓሙሽተ</u>

<u>ትሽዓተ ነጥብታት ድሕሪ ንስሓ</u>

<u>ምዕራፍ ሽዱሽተ</u>

<u>ዓሰርተ ነጥብታት ኣብ ጸሎት</u>

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምዕራፍ ሾብዓተ

ሽዱሽተ ነጥብታት ንቅዱሳን ኣብ ምጥማት

መቕድም

ቅድሚ ኩሉ ነቲ ሓጢኣትና ከይጸብጸበ ነዚ ቅዱስ ስራሕ ክንሰርሕ ፍቓዱ ዝሃበና ልዑል እግዚኣብሔር ምስጋና ይኹኖ።ኣሜን!

መጽሓፍ “መለከዒ መንፈሳዊ ዕብየት” ኣብዚ ካልኣይ ሕታማ፣ ርኢቶታትን መልስታት ናይ ዝቐረቡ ሕቶታትን ሒዛ ቀሪባ ኣላ።ከምኡ`ውን ናይ ቃላትን ሓሳባትን ምትዕርራይ ተጌሩላ ቀሪባ ኣላ።

እዛ መጽሓፍ ኣብዚ ካልኣይ ሕታማ ሰልስተ ትሕዝቶታት ሒዛ ከም ትቐርብ ተጌሩ ኣሎ። ኣብ ቀዳማይ ንባብና፣ነቶም መለከዒታት መንፈሳዊ ዕብየት ክንረኽቦም ኢና።ቀጺልና ርኢቶታት ኣንበብቲ ናይ ቀዳማይ ሕታም ፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ዝቐረቡ ሕቶታትን መልስታቶምን ክንእንገድ ኢና።ዘንበብናዮ ንሂወትና ዝልውጥ ክኸውን ቅድሚ ንባብ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምጅማርና ንጸሊ።እንተውሓደ “ኣነ ከንብብ ተዳልየ`ለኹ፣ንስኻ ድማ፣ ኦ! ፈጣርየይ ንሂወተይ ዝልውጥ መንፈስካ ልኣኸለይ።”ኢልና ንጸሊ።

ጸሓፍቲ

መ እ ተ ዊ

“ቆልዓ ከለኹ ስራሕ ቆልዓ እሰርሕ ነበርኩ፣ሰብኣይ ምስ ኮንኩ ግን ነቲ ስራሕ ቁልዕነት ሐደግክዎ።”እትብል ናይ`ቲ ዓቢ ሃዋርያ ቃል፣ክርስትና እናዓበኻን ብፍቕሪ እግዚኣሔር እናተቓጸልካን እትነብረሉ መድርኽ ምዃኑ`ያ ትምህረና።( )።ኣብዚ እታ “**<u>ቆልዓ ከለኹ</u>**”ትብል ቃል ቅድሚ ክርስቲያን ምዃነይ ንምባል ዝተጠቕመላ ቃል ክትከውን ከላ፣ እታ _“**<u>ሰብኣይ ምስኮንኩ ግን</u>**” ትብል ድማ ክርስቲያን ምስ ኮንኩ ማለት ኢያ።

ቅድሚ ናብ ቤተክርስቲያን ምምጻእናን ኣብ እግሪ ሰበኽቲ ኮፍ ኢልና ቃል ኣምላኽ ክንምሃር ምስጀመርናን ክህልወና ዝግብኦ ኣካይዳ ሓደ ክኸውን ብፍጹም ኣይግብኦን`ዩ።ኣብ ጽላል ቅድስቲ ቤተክርስቲያን ምስ መጻእና ብመንፈስ እናዓበና፣ ደቂ ኣምላኽ ምዃና ብግብሪ እናርኣና ክንነብር`ዩ ዝግባኣና።ኣብ`ዛ ድሮ ንሚልዮናት ደቂ ኣዳም ኣብ ከርሳ ውሒጣስ ንዓና`ውን ሃህ ኢላ ትጽበየና ዘላ መሬት ተታለልትን ንግዚኡ ጥራይ ዝሓስቡን ክንከውን ኣይግባእን።ነቲ ቆልዑት ኣብ ዝነበርናሉ (ቅድሚ ናብ ቤተክርስቲያን ምምጻእና\ንገብሮ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዝነበርና ዘይስነምግባራዊ ጠባያት ኣወጊድና ብመንፈስ ዝዓበናን ንመንግስተ ሰማያት ዝተዳሎናን ክንከውን ንጋደል።

እምበኣርከስ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት ክሳዕ ዝሃሎና፣ መንፈሳዊ ደርጃና ወትሩ ክንልክዖ ይግባኣና። እንተውሓደ በዞም ተዋሂቦምና ዘለዉ 56 ነጥብታት ንለክዓያ። ደረጃና ኣዝዩ ትሒቱ እንተሃልዩ፣ ፈጺምና ተስፋ ኣይንቝረጽ፣ እኳ ድኣ ናብቲ ኣብሰማይ ትነብር ኣቦና ኢልኩም ጸውዑኒ ዝበለና ኣምላኽ፣ **"ብመንፈስ ክዓቢ ካብ ዝወደቕክዎ ክትንስእ ሓይልኻ ሃበኒ።"** እናበልና ንጸሊ። መፈጸምታና መፈጸምታ ቅዱሳን ይግበረልና።

ጽሓፍቲ

<u>*ዕላማ ናይ`ዛ መጽሓፍ*</u>

እዛ መጽሓፍ ክትዳሎ ከላ፣ ነዘን ዝስዕባ ዕላማታት፣ ከምተማልእ ኮይናያ ተዳልያ።

፩ *ነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን በተን ተዋሂበን ዘለዋ ነጥብታት ነብሱ ክምርምር።*

፪ ሰበኽቲ ንህዝቢ ኣብ ምስትምሃር ከም መወከሲ ክጥቀሙላ።

፫ ሰበኽቲ ንኣባላቶም መውሃቢ ኮርስ (ስልጠና)ክጥቀሙላ።

ምዕራፍ ሓደ

ሓሙሽተ ነጥብታት ንእዚኣብሔር ኣብ ምፍቃር

1ይ.ነጥቢ*. ንእግዚኣብሔር ምፍቃር*

“ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነብስኻን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ። ”(ዘዳ. 6፥4)

መንፈሳዊ ጽንዓት ኣብ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝተመርኮሰ እዩ።ንኣምላኽ ተፍቅሮ እንተ ኼንካ፣ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞኻ ክትጸንዕ ኢኻ።ዘይተፍቅሮ እንተ ኼንካ ግን ካብ ቃሉን ቤት መቕደሱን ክትርሕቕ ኢኻ።ብዙሕ ግዜ መንፈሳዊ ዕብየት ስለምንታይ ዘይነርኢ ኢልና ንጭነቕ ኢና፣ “ስለምንታይ መንፈሳዊ ዕብየት ዘየርኣኹ ? ? ?” የግዳስ ስለምንታይ እናበልና ንሓንጎልና ኣብ ክንዲ ምጭናቕ ነዛ ቀላል ሕቶ ብምልዓል፣ ጭንቅና ክንፍውስ ይግባእ፣ “ ኣነ ብልክዕ ንእግዚኣብሔር የፍቅሮ`ዶ?” ድገማ “ ኣነ ንእግዚኣብሔር የፍቅሮ`ዶ?” ኩቡር ሓወይ ነዛ ሕቶ ሽለል ኢልካ ኣይትሕለፋ።ኣስተውዕል! ጀሚርካዮ ዘለኻ ጉዕዞ፣ “ደጊም ሰናይ ገድለ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ተጋዲለ፣ ጉያይ ወዲአ፣ እስዋእ ኣለኹ።” ብዝብል ናይ ስንብት ቃል ክዛዘም እንተኾይኑ፣ ልብኻ ንእግዚኣብሔር ከፍቅር ኣለዎ። ንእግዚኣብሔር ዘየፍቅር ሰብ ግን፦

- *ነቲ ጉዕዞ ክጅምሮ ይኽእል'ዩ፣ እንተኾነ ግን ኣይዛዝሞን'ዩ።*
- **ብዛዕባ መንግስተሰማይ ብዙሕ ክፈልጥ ይኽእል'ዩ፣ እንተኾነ ግን ወራሲኣ ክኸውን ንነብሱ ኣየዳልዋን'ዩ።**
- **ዓለም ከንቱ ምኳና ክፈልጥ ይኽእል'ዩ፣ እንተኾነ ግን ክተታልሎ ኢያ።**

እዘን ሰለስተ ነጥብታት ኣብቶም ንእግዚኣብሔር ዘየፍቅሩ ሰባት ዝርኣያ ጸገማት እየን። ኣባኻኸ ? ? ነብስኻ መርምር። ሕጂ'ውን ደጊምካ ነታ ሕቶ ኣልዕላ፣ “ንእግዚኣብሔር ብልክዕ ኣፍቅሮ'ዶ?” .ድሕሪ ቁሩብ ንባብ፣ ነቶም ፍቕርኻ ትልክዓሎም ነጥብታት ክትረኽቦም ኢኻ።ቅድሚኡ ግን ሓደ ተስፋ ክህበካ'የ። **“ንእግዚኣብሔር ንኽተፍቅሮ ቀሊል'ዩ።”** ከመይ ኢሉ ይቐልል ትብል ትኸውን፣ ቀሊል'ዩ፣. ነዛ ዝህበካ ዘለኹ ኣብነት'ሞ ኣስተውዕለላ፦

- **ንሓንቲ ቆንጆ ንስኻ ክተፍቅራ ትኽእል ኢኻ፣ንሳ ግን ዘይክተፍቅረካ ትኽእል'ያ።ከምተፍቅረካ ንኽትገብራ ከኣ ብዙሕ ትጋደል።ናይ እግዚኣብሔር ግን ከምኡ ኣይኮነን።ብኸመይ'የ ከምዘፍቅረኒ ዝገብሮ ኢልካ ምጭናቕ ኣየድልየካን'ዩ፣ ምኽንያቱ ንሱ ኩሉ ግዜ ምሰፍቀረካ'ዩ። ተሪፉ ዘሎ ብኸመይ ንስኻ ከምተፍቅሮ ምግላጽ'ዩ።ክደግመልካ'የ፣ ብኸመይ'ዩ እግዚኣብሔር ዘፍቅረኒ ኢልካ ፈጺምካ ኣይትጨነቕ፣ ንሱ ኩሉ ግዜ ምሰፍቀረካ'ዩ። ጥራይ ንስኻ ከምተፍቅሮ ርግጸኛ ኹን። እምበኣር፣ ንእግዚኣብሔር ምፍቃር ቀሊል ዝገብሮ ንሱ ድሮ ኣፍቂሩና ስለዝጸንሕ እዩ።**

ደጊም ናብተን ፍቕርኻ ትልክዓለን ነጥብታት ክትበጽሕ ቀሪብካ ኢኻ።ቅድሚኡ ግን ሓደ ነገር ክዘኻኽረካ ደልየ'ለኹ። ብፍቕሪ ዘይትስዕሮ ሓጢኣት የሎን።ዋላኳ ስጋ ለበስ ብምኳንካ ብሓጢኣት እንተወደቕካ፣ ፍቕሪ ግን ብቕጽበት ክተልዕለካ'ያ። ሓይሊ ፍቕሪ ከምቲ ብቓል ትዛረበላ ኣይኮነን። ብግብሪ ክትግለጽ ከላ'ዩ ሓይላ ዝፍለጥ።ነዚ'ዩ ቅዱስ ጳውሎስ “ **ካብታ ኣብ ክርስቶስ ዘላትና ፍቕሪ ዝፈልየና መን'ዩ ?”** ኢሉ ድሕሪ ምሕታት፣ **“...ሞት'ውን እንተኾነ ካብታ ኣብኡ ዘላትና ፍቕሪ ኣይፈልየናን'ዩ ።”** ብምባል ንሓይሊ ፍቕሪ ዝገለጸ።(ሮሜ. 8፥36)

ደጊመ ከዘኻኽረካ፣ ምናልባት ፍቕሪ ኣምላኽ ዘይብሉ እንተዘይኮይኑ፣ ነቲ ዘፍቅሮ ፈጣሪኡ በዲሉስ፣ በደል ኣብ ልዕሊ በደል እናወሰኸ ዝኸይድ የሎን፣ ስለዚ ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ ብትኽክል ፍለጦ። ክደግመልካ “ ፍቕሪ ኣምላኽ ዘይብሉ እንተዘይኮይኑ'ምበር ነቲ የፍቅሮየ ዝብሎ ፈጣሪኡ በዲሉስ በደል ኣብ ርእሲ በደል እናወሰኸ ዝኸይድ የሎን።” ደጊም ኣብ እግዚኣብሔር ዘለካ ፍቕሪ ትመዝነለን ኣርባዕተ ዓበይቲ ነጥብታት ክትረኽበን ኢኻ። ክይተሃወኽካ ምስነብስኻ እናገናዘብካ ኣንብበን።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

፲ይ.ነጥቢ. ንኸይትብድሎ ምውሳን

"መታን ከይብድለካ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቚርክዎ።" (መዝ.፻፲፱፥፲፩)

እዛ ንግዚኡ ትነብረላ ዘለኻ ዓለም፣ እሾኽን ኣሜኬላን(ሓጢኣት) ዝበዝሓ ብምዃና፣ ንትእዛዝ ፈጣሪኻ ንኽትጥሕስ ክትደፋፍኣካ ትኽእል ኢያ፣ ንስኻ ግን ነቲ ዘፍቅረካ ኣምላኽካ ንኸይትብድሎ ጽኑዕ ውሳኔ ይሃሉኻ።ከምቲ **"እቲ ንእግዚኣብሔር ዘሐጉሶ እንታይ ምዃኑ መርምሩ።"** ዝተባህለ፣እንታይ እንተገበርኩ'የ ዘሐጉሶ እናበልካ ኣስተንትን።(ኤፌ. 5፥10)

እቶም ንእግዚኣብሔር ዘፍቅሩ ንእግዚኣብሔር ንዘይምብዳል ከመይ ዝበለ ጽኑዕ ውሳኔ ከምዝነበሮም ነዘን ዝስዕባ ሓጸርቲ ታሪኻት ተመልከተን።

ሀ. ጻድቕ ዮሴፍ

ዮሴፍ ንኣምላኹ ንኸይብድሎ ተባዕ ውሳኔ ብምውሳን፣ ኣብ ኣምላኹ ዝነበሮ ፍቕሪ ዝገለጸ ኣብነታዊ ኣቦ'ዩ። ንሱ፣ ነታ ብመንፈስ ሰይጣን ተመሪሓ ንዓ ዝርእየና ሰብ የለን'ሞ ዝሙት ንፈጽም ኢላ ብኽዳኑ ዝሰሓበቶ ሰበይቲ፣ **" ነዚ ሓጢኣት'ዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ከመይ ጌረ ክፍጽሞ?"** ብምባል ክዳኑ ደርብዩላ ሃደመ። ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ከኣ ተዓወተ።

ኣስተውዕል! ሓጢኣት ከም'ቲ ንዮሴፍ ብኽዳኑ ዝሰሓበቶ ክትስሓሕበካ ግድን'ዩ። ንስኻ ግን፣ **ነዚ ሓጢኣት'ዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ከመይ ጌረ ክፍጽሞ!** ብምባል ተባዕ ስጉምቲ ውሰድ፣ ህደመላ።ክቡር ሓወይ! ሰባት ከም ሰበይቲ ጵጢፋራ ንሓጢኣት ክጋብዙኻ ከለው፣ ከም ዮሴፍ ነዚ ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ከመይ ጌረ ክፍጽሞ በሎም።ነዛ " መታን ከይብደለካ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዓቚርክዎ።" ትብል ቃል ዘክራ። ነታ፣ ነዚ ሓጢኣት'ዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ከመይ ጌረ ክፍጽሞ ትብል ቃል ኣብ ልብኻ ዕቐራ።(ዘፍ. 39)

ለ. ሶስና

እዛ ተባዕ ኣደ፣ **"ካብ ሓጢኣት ፈጺመ ንኣምላኽ ዝብድል፣ ብኢድኩም ሞት ይሕሸኒ።** " ብምባል ኣብ ኣምላኻ ዝነበራ ፍቕሪ ዝገለጸት'ያ።

ብመልክዓ ዝተማረኹ ክልተ ደያኑ፣ ነብሳ ክትሕጸብ ምስ ኣተወት ተሓቢኦም ብምእታው፣ **"ምሳና ደቅሲ፣ እምቢ እንተበልኪ ግን፣ ክትዝሙ ረኺብናያ ኢልና፣ ብዳርባ እምኒ ከምትጭፍለቒ ክንገብር ኢና።"** ምስ በልዋ፣ ከምዚ ክትብል መለሰትሎም፣ " **ብኽልተ ነገር እጭነቕ ኣለኹ፣ እምቢ እንተ በልኩኹም፣ ካብ**

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

**ኢድኩም ከምልጥ ኣይክእልን እየ። ምሳኹም እንተደቀስኩ ድማ ንዓይ ሞት`ዩ። ግና ኣብ ቅድሚ እግዜኣብሔር ሓጢኣት ካብ ዝገብር ኣብ ኢድኩም ምውዳቕ መሪጸ ኣለኹ።”** ከመይ ኣገራሚ ውሳኔ! ተመልከት`ሞ! ሃዲእካ ኣስተውዕለላ፣ እዚ ውሳኔ`ዚ ስምዒታዊ ውሳኔ ኣይኮነን ፣ ሃዲኣ፣ ንኽልተ ነገር ኣወዳዲራ ዝወሰደቶ ስጉምቲ`ዩ። ሓጢኣት ፈጺማ ካብ ዳርባ እምኒ ምድሓን፣ ወይ፣ ሓጢኣት ኣይፍጽምን ኢላ ብዳርባ እምኒ ምጭፍላቕ፣ ነዚ ክልተ ድሕሪ ምውድዳር፣ ነዛ ንዓኻ ተገድሰካ ዘላ ውሳኔ ወሰነት “ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሓጢኣት ካብ ዝፍጽም ብኢድኩም ሞት ይሕሸኒ።” (መጽ. ሶስና.1፥15-23)

ዝኸበርካ ኣንባቢ፣ ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ፣ በዚ ናይ ሶስና ምእንቲ ፍቕሪ ኣምላኻ፣ ክስዕ ንሞት ዝወሰደቶ ትብዓታዊ ስጉምቲ ምዘኖ። ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ተፍቕሮ? ምእንቲ ፍቕሩ ኢልካ ዝንዓቕካዮ ሓጢኣት እንታይ ኣሎ? ርእስኻ መርምር፣ ሓደራ! ንታሪኽ ንስለ ምፍላጥ ኢልካ ኣይተንብቦ።ፍለጥ`ሞ ርብሓሉ።

ኣባ መርትያኖስ

“ካብ ብሓጢኣት ምውዳቕ፣ እግረይ ናብ ሓዊ ምእታው ይሕሸኒ።” ብምባል፣ ኣብ ኣምላኾም ዝነበሮም ፍቕሪ ዝገለጹ ኣቦ እዮም።

ኣባ መርትያስ፣ ሓደ ካብቶም ብምንኩስናን ብሕትውናን ንኣምላኽ ዘስመሩ ቅዱስ ኣቦ እዮም። በዓቶም ኣብ ጥቓ ሓንቲ ዓዲ ብምንባራ፣ ተቐመጥቲ ናይ`ታ ዓዲ፣ ብምናኔኦምን ጽንዓቶምን ይግረሙ ነበሩ። ብፍላይ ከኣ ደቂ ኣንስትዮ፣ እዚ መነኮስ ከመይ ዝበለ ጽንዓት`ዩ ዘለዎ? ኣብ ጥቓ ዓዲ እናተቐመጠስ ብረብሓ ዓለም ዘይታለል! እናበላ ይድነቓ ነበራ። ካብ ዕለታት ሓንቲ መዓልቲ፣ ኣንስቲ ብጥቓ በዓቶም እናሓለፉ፣ ከም ልማደን፣ ከምዚ መነኮስ`ዚ ጽኑዕስ ፍጹም ኣይርከብን`ዩ ኢለን ተማጎታ።ሓንቲ ካብኣተን ግን ነዚ ትድነቓሉ ዘለኽን መነኮስ ኣነ ከስሕቶ እኽእል`የ ኢላ ተመከሐት። ፈኸራኣ ንምፍጻም ከኣ ክዳን ዝሙትን ጨናን ሒዛ ኣጸልሚታ ናብ ብዓቶም ከደት።ማዕጾኦም ብምኹሕኳሕ ከኣ “ ኣባ! መሬት መስዩኒ፣ ኣራዊት ከይበልዑኒ በጃኹም ኣሕድሩኒ።” በለቶም። ኣባ መርትያኖስ ብኽልተ ነገር ተዋጠሩ። እንተእተኽዎ ክትፍትነኒ`ያ፣ ኪዲ እንተበልክዋ ድማ “ ጋሻ ኮይነ መጺኣካ ኣይተቐበልካንን ኢሉ ኅይታ ክወቕሰኒ`ዩ። በዘን ክልተ ሓሳባት ድሕሪ ምውጣር፣ ካብ ብጎይታ ዝውቀስ፣ ነዛ ሰበይቲ ኣእትየ ሙሉእ ለይቲ ብጸሎት ምጽማድ ይሕሸኒ ኣብ ዝብል መደምደምታ በጽሑ።ኣእተዉዋ ድማ። ቁሪ ስለዝነበረ፣ ሓዊ ኣንዲዶም ስሓኒ ኢሎማ ጸሎቶም ጀመሩ። እታ ሰበይቲ ግን ንዝሙት ዝዕድም ኣለባብሳ ለቢሳ፣ ነታ ገዛ ብጥዑም ጨና መልኣታ። ክመጽእዋ ከኣ ተጸበየት፣ እዞም ቅዱስ ኣቦ ግን፣ ናብቲ ሓዊ ብምቕራብ፣ ንሓንቲ እግሮም ናብቲ ሓዊ መለስዋ። ሰበይቲ ብስንባደ ተዓነደት። ስለምንታይ ኢላ ኣእወየት። ካብ ኣብቲ ዘይጠፍእ ሓዊ እናተቓጸልና ንነብር ኣብዛ ምድሪ ንስጋና ምቕጻዕ ይበልጽ ኢሎም ሰፊሕ ትምህርቲ ድሕሪ ምሃብ፣ ኣነሲሖም ኣመንኮስዋ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ተመልከት ክቡር ሓወይ! ፍቕሪ ትሰርሖ ዘላ ስራሕ ርኣዮ! በቃ! “ ካብታ ኣብ ክርስቶስ ዘላትና ፍቕሪ ዝፈልየና መን`ዩ?” ምእንቲ ፍቕሩስ፣ ክልተ ዓመት ንእሰር(ከም ዮሴፍ)፣ ብዳርባ እምኒ ጨፍሉቑና ንብል(ከም ስስና)፣ ኣካልና ናብ ሓዊ ነእቱ(ከም ኣባ መርትያኖስ)፣ምእንቲ ፍቕሩስ ....!

ኣደ ምስ ሾብዓተ ደቃ

እዛ ታሪኽ`ዚኣ ኣዝያ ኣደናቒት`ያ።ምእንቲ ፍቕሪ ኣምላኽን ሕጉን ዘይትኽፍሎ መስዋእቲ ከምዘየለ`ኽኣ ብግልጺ ተረድእ። ንሳ፣ እቶም ሾብዓተ ደቃ፣ ንትእዛዝ ኣምላኽ ክጥሕሱ እንተዘይኮነ ግን ብሞት ከምዝቕጽዑ ብንጉስ ምስተሓበሮም፣ ከምዚ እናበለት ተተባብዖም ነበረት፣ “ **ክብርና ሓሊና ንሙት።”....** ብልቢ`ሞ ኣስተውዕል! ነዚ ቃል`ዚ ማዓስያ ተዛሪባቶ ኢልካ`ሞ ሕተት፣ ነቲ ዓቢ ወዳ “መልሓሱ ቆሪጾም፣ ቆርበቱ ቀሊጦም ናብ ሓዊ ደርብዮም ብሕማቕ ጭካነ ክቐትልዎ ምስ ርኣየት፣ እቶም ዝተረፉ ደቃ፣ ፈሪሆም ሕጊ ኣምላኽ ምጥሓስ ይሕሸና ንኸይብሉ ኢያ ተዛሪባቶም። እቲ ካብ ጽንዓት ኣዲኡ ዝተማህረ ወዳ`ውን “ ንሕጊ ኣምልኽ ካብ ንስዕር፣ ሞት ይሕሸና።” ኢሉ ንንጉስ ብትብዓት መሊሱሉ`ዩ። ቀጺላ እዛ መፍቀሪት ኣምላኽ፣ ከምዚ እናበለት ንደቃ ኣተባበዐቶም፣ “ ኣነ ኣብ ማህጸነይ ከመይ ኢልኩም ሂወት ከምዝዘራእኩም ኣይፈልጥን እየ። ሂወትን ትንፋስን ኣይሰኺዕኩልኩምን ..... ስለዚ፣ ምእንቲ`ቲ ንዓለም ዝፈጠረ፣ ንሰብ ቅርጺ ሂቡ ዝፈጠረን ንኹሉ ፍጥረት ዝመሃዘን ኢልኩም ሂወትኩም እንተመነንኩም፣ ንሱ ብምሕረቱ ሕይወትን ትንፋስን ክህበኩም እዩ።” እዛ ክብርቲ ኣደ፣ ከምዚ ኢላ እናተባበዐት፣ ሾብዓተ ደቃ ኣብ ቅድሚ ኣዒንታ ብዘስካሕክሕ ኣማውታ ሞቱ። ኣብ መወዳእታ ንሳ`ውን “ ንሕጊ ኣምላኽይ ካብ ምፍራስ ሞት ይሕሸኒ።” ብምባል ሞተት።(2ይ መቃብያን. 7፥1-ፍጻሜ)

ክቡር ሓወይ! ንስለምንባብ ኢልካ ኣይተንብብ። ናይ ፍቕሪ ሓይሊ ተገንዘቦ። ንነብስኻ ኸኣ፣ ምእንቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ኢላ ዝኸፈለቶ መስዋእቲ እንተሃልዩ ሕተታ። ሕጂ`ውን ኣስተውዕል! ንክርስትናኻ ትርጉም ዝህቦ “ንእግዚኣብሔር ምፍቃር`ዩ።” ....ክትድቅስን ክትስእን “ ንልበይ ብፍቕርኻ ሕተሞ።” እናበልካ ጸሊ።

3ይ. ነጥቢ. ሕጊ ኣምላኽ ዘፍርሱ ክትርኢ ከለኻ ምሕዛን

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሰባት ሓጢኣት ክሰርሑ ርኢኻ ትሓዝን እንተ'ኼንካ፣ ንኣምላኽካ ኣፍቂርካዮ'ለኻ ማለት'ዩ።ስለምንታይ ግን ትሓዝን? 'ቲ ምኽንያት ቀሊል'ዩ። እቲ ንስኻ ተፍቅሮ ኣምላኽካ ክሓዝን ከሎ ምስኡ ክትሓዝን ግድን ስለዝኾነ'ዩ። ኣምላኽ፣ ሓጢኣት ክንሰርሕ ክርኢ ከሎ፣ " **ሰብ ብምጣረይ ተጣዓስኩ።"** ክሳብ ምባል'ዩ ዝሓዝን።እቶም ዘፍቅርዎ ድማ ምስኡ ይሓዝኑ። በቶም ገበርቲ ሓጢኣት ፈጺሞም ኣይቀንኡን። እኳ ድኣ ነቲ ግብሪ ሓጢኣቶም ይፍንፍንዎ። ነታ ዘማራይ ዳዊት፣ " **እቲ ጽዩፍ ንዑቕ ኮይኑ ዝርኣዮ ሰብ ብጹእ'ዩ።"** ዝበላ እናዘከሩ፣ ኣሕ! ኣምላኽይ'ኮ ነዚ ሓጢኣት'ዚ ብምርኣ'ዩ ይሓዝን'ዩ ዘሎ ኢሎም ውሽጣዊ ሓዘኖም ይገልጹ። እቲ ንኣምላኽ ዘፍቅር ነቲ፦ " **በቶም ገበርቲ እከይ ኣይትቕናእ፣ ከም ሳዕሪ ክሓሩ'ዮም።"** ዝብል ቃል ኣምላኽ እናዘከረ፣ ብዛዕባ መወዳእታ ሓጢኣተኛታት'ዩ ዝሓስብ። እዚ ከኣ፣ ከምቲ ዘማራይ ዳዊት " ሽዑ ኣብ መቕደስካ ኣተኹ፣ ንሓጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦም ከኣ ተረዳእኩ።" ዝበሎ'ዩ።(መዝ. 73፣17) (መዝ. 37፣1)

እዘን ቀጺለ ዝህበካ ኣብነታት፣ ሓጢኣት ክስራሕ ክትርኢ ከለኻ፣ ምስ ኣምላኽካ ክትሓዝን ከምዝግባእ ክረዳኣኻ'የን።

ቅዱሳን መላእኽት

ሓጢኣት ክፍጸም ርእዮም ብምሕዛን፣ ኣብ ኣምላኾም ዝነበሮም ፍቕሪ ገለጹ።

ኣዳምን ሔዋንን ሕጊ ፈጣሪኦም ምስጠሓሱ፣ ምስ ኣምላኾም ጥራይ ኣይኮኑን ተባኢሶም፣ ቅዱሳን መላእኽቲ'ውን ተባኢሶሞም ኔሮም'ዮም። ስለምንታይ ድኣ መላእኽቲ ተባኢሶሞም? ኣዳምን ሄዋንን ንመን ድዮም በዲሎም፣ ንእግዚኣብሔርዶ ኣይኮኑን ትብል ትኸውን፣ ትኽክል ኣለኻ፣ ኣዳምን ሔዋንን ንቅዱሳን መላእኽቲ ኣይኮኑን በዲሎሞም ንእግዚኣብሔር እዮም በዲሎዎ፣ እንተኾነ ግን እቲ ንኣምላኹ ዘፍቅር " ስለምንታይ ኣምላኽይ ዝሓዝነሉ ስራሕ ይስራሕ?" ኢሉ ምሕዛን ልማዱ ስለዝኾነ ቅዱሳን መላእኽት ምስ እግዚኣብሔር ኮይኖም ንኣዳምን ሄዋንን ጸልእዎም። ንስኻ'ውን ሓወይ፣ ኣሰር ናይ ቅዱሳን መላእኽቲ ተኸቲልካ፣ ሓጢኣት ብዝፍጽሙ ሕዘን'ምበር ኣይትቕናእ። የግዳስ ጸልየሎም'ምበር ኣይትጽልኣዮም።

ዘማራይ ዳዊት

ነቢይ ዳዊት፣ ኣብታ ብመዝሙር ዳዊት ትፍለጥ መጽሓፉ፣ ከምዚ ኢሉ'ሎ። ***" ሰባት ንሕግኻ ስለዘይሓለዉ ንብዓተይ ከም ወሓዚ ማይ ይፈስስ ኣሎ።"***(መዝ.119፣ 136) ተመልከት ! እዚ ንጉስ ይነብዕ ኣሎ፣ እሞኸኣ ከም ወሓዚ ማይ ! እንታይ ኮይኑ'ዩ ዝነብዕ ዘሎ?ተመሊስካሞ ኣንብባ፣ " ሰባት ንሕግኻ ስለዘይሓለው ንብዓተይ ከም ዋሓዚ ማይ ይፈስስ ኣሎ።" እዚ ንጉስ ብምድራዊ ክብርታቱ ከይተታለለ፣ ሓጢኣት ብዝሰርሑ ሰባት ይበኪ ኣሎ። ንስኻኸ? ኣብዘን ዝሓለፋ ዕድሜኻ ብዝርኣኻዮ ሓጢኣት ክሳብ ክንደይ ነቢዕካ ትፈልጥ? ክቡር ሓወይ እቲ ንኣምላኹ ዘፍቅር፣ ሕጊ ኣምላኽ ክፈርስ ክርኢ ከሎ፣ ልቡ ይበኪ፣ ዓይኑ ይነብዕ። ስለምንታይ? ስለምንታይ? ስለምንታይ ሕጊ ኣምላኽይ ዘይተሓለወ? ስለምንታይ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ፈጣርየይ እዚ ብምርኣዩ ይሓዝን? እናበለ ድኣ ከም ዘማራይ ዳዊት ይጉሂ`ምበር፣ ክሳዕ ማዓስ`የ ሕጊ ኣምላኽ እናሓለኹ ክነብር ዝብል ናይ ስልችዋትን ሓሳብ ሰይጣንን ኣይሓስብን።

ስለዚ፣ ሓጢኣት ዝሰርሑ ክትርኢ ከለኻ፣ ከም ዘማራይ ዳዊት ብምብካይ፣ ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ ግለጽ።

ጻድቕ ሎጥ

ሓጢኣት ክፍጸም ርእዩ፣ ነብሱ ክሳዕ ዝማስን ብምሕዛን፣ ኣብ ኣምላኹ ዝነበሮ ፍቕሪ ገለጸ።

ሎጥ፣ ኣብተን ሓጢኣት ዝፍጸመለን ዝነበረ ከተማታት ሶዶምን ጎሞራን ይቕመጥ ነበረ። ይኹን`ምበር ከመይ`ሉ ኣብ ማእከል`ዞም ብሓጢኣት ዝረኸሱ ሕዝቢ ይመላለስ ከምዝነበረ፣ እቲ ናይ ሓዋርያት ሊቅ ዝኾነ ቅዱስ ጴጥሮስ፣ ከምዚ እናበለ መስኪሩሉ`ሎ፣ " .....እቲ ጻድቕ ሎጥ፣ ኣብ ማእከሎም ክነብር ከሎ፣ በቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ዝነበረ ግብሪ ዓመጻኦም፣ እታ ጻድቕ ነብሱ ትሳቐ ነበረት።(2ይ ጴጥ. 2፣6-8)

ክቡር ሓወይ! ንመንፈሳዊ ሕይወትካ ኣብ ዝፈታተን ቦታ ትቕመጥ ትህሉ ኢኻ። እንተኾነ ግን፣ ክንዲ ዝኸፍአ ይኽፋእ ካብ ሶዶምን ጎሞራን ኣይከፍእን`ዩ። ከም ሶዶምን ጎሞራን እንተኾነ`ውን ከም ሎጥ ምኽን`ዩ ዘድልየካ። ሕጂ፣ ናብ`ታ ትንብረላ ዘለኻ ዓዲ ከእትወካየ፣ ሓንሳብ ምንባብ ኣቋሪጽካ ጠምታ፣ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታኻ፣ ኣብ መንበሪ ገዛኻ ክፍጸሙ ዝውዕሉ ፍጻሜታት ዘክሮም፣ እንታይ ይስማዓካሎ ? " ኣሕ ! " ዲኻ ትብል ወይስ ዘይሰዓብክዎም ኢኻ ትብል? ኣስተውዕል! እቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ንጻድቕ ሎጥ`ዮም ዝመስሉ። ስለዚ.........

ቅዱስ ጳውሎስ

እዚ ሓዋርያ`ዚ ኃጢኣት ክፍጸም ርእዩ፣ ብቑጠዐ ብምንዳድ ኣብ ኣምላኹ ዝነበሮ ፍቕሪ ገለጸ። ሰብ ኣቴንስ (ግሪክ) ንኣምላኽ ገዲፎም ንጣኦታት ከምልኹ ምስርኣዮም ዝተሰምዖ ሓዘን ከመይ ምንባሩ፣ ወንጌላዊ ሉቃስ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ኣሎ፣" ጳውሎስ ኣብ ኣቴንስ ክበጽሕ ከሎ፣ እታ ከተማ ብጣዖታት መሊኣ ምስ ርኣያ፣ ብቑጥዓ ነደደ።"(ግብ. ሓዋ. 17፣16)

እምብኣር ፣ በቶም ካብ ቤተክርስቲያን ርሒቖም፣ ብዛዕባ ሕጊ ኣምላኾም ዘይግደሱ፣ ባህ ዝበሎም እናተዛረቡን እናሰርሑን ዝነብሩ ዘይትቐንእ እኳ ደኣ ትጉህን ትሓዝንን እንተ ኼንካ፣ ብሓቂ ንእግዚኣብሔር ተፍቅሮ ኢኻ። እዛ ፍቕሪ እዚኣ `ያ እምበኣር ካብቲ ናቶም ናይ ጥፍኣት መገዲ ኣድኒናትካ ዘላ። እዛ ፍቕሪ እዚኣ `ያ ንመፍረስቲ ሕጊ ክትንዕቆም ትገብረካ(ከም ቅዱሳን መላእኽት)፣ ኃጢኣት ክፍጸም ርኢኻ ከም ትነብዕ ትገብረካ(ከም ዘማራይ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዳዊት)፣ ከምትጭነቕ ትገብረካ(ከም ጻድቕ ሎጥ)፣ ከም ትነድድ ትገብረካ(ከም ቅዱስ ጳውሎስ) ብርግጽ ተፍቅሮ እንተ'ኼንካስ......?

3ይ. ነጥቢ. ናይ ኣምላኽ ተባዕ ምስክር ምዃን

ከይሓፈርካን ከይፈራህካን ኣብቲ ዝድለየሉ ግዜን ቦታን ቃል ኣምላኽ ብምምስካር ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ ክትመዝን ትኽእል። ኃጢኣት ርኢኻ ክትሓዝን እንተኽኢልካ ክትሰብኮም ግድን'ዩ። እቲ ንኣምላኹ ዘፍቅር፣ ኣብ ገዝኡ ምስ ስድርኡ፣ ኣብ ደገ ምስ ኣዕሩኽቱ፣ መሳርሕቱ፣ መማህርቱ....ብቓል ኣምላኽ ካብ ምዝራብ ዝዓግቶ ፍርሂ ኮነ ሕፍረት የለን። ብዛዕባ ስቓይን ሞትን ጐይትኡ ምምስካር ደስ ድኣ ይብሎ'ምበር፣ ብምኽንያት ሕፍረትን ፍርህን ስቕ ኣይብልን። ብፍላይ ከኣ፣ እቲ ንሱ ዘፍቅሮ ኣምላኹ ዝሓዝነሉ ግብሪ ሓጢኣት ክርኢ ከሎ፣ ተቢዑ ይመክርን ይኣልን።

እቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ከመይ ጌሮም ንቓል ኣምላኽ ብምምስካር፣ ኣብ ኣምላኾም ዝነበሮም ፍቕሪ ይገልጹ ከምዝነበሩ ክትርኢ ኢኻ።

<u>ቅዱስ ጴጥሮስ</u>

ተቢዑ ንቓል ኣምላኽ ብምምስካር፣ ኣብ ኣምላኹ ዝነበሮ ፍቕሪ ዝገለጸ ሃዋርያ ኢዩ።

ኣብ'ታ ሃዋርያት ናብ ቤት ማእሰርቲ ተወሲዶም፣ ስለምንታይ ብዛዕባ ክርስቶስ ትሰብኩ? ከይትሰብኩ ኢልና'ዶ ኣየጠንቀቕናኩምን ኢሎም ከፈራርህዎም ዝፈተኑላ ግዜ፣ ቅዱስ ጴጥሮስ ዝሃባ ግብረ መልሲ ስምዓያ፣ " ኣቱም ሰባት፣ ካብ ንኣምላኽ ምእዛዝ ንሰብ ምእዛዝ ቅኑዕ እንተኾይኑስ እስከ ባዕልኹም ፍረዱ። ነቲ ንስኹም ኣብ ዕንጸይቲ መስቀል ዝሰቐልኩሞ፣ ኣምላኽ ድማ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ክርስቶስ፣ ምስክሩ ንሕና ኢና።(ግብ. ሃዋ. 5፣28-30)

ተመልከት'ሞ! ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቲኻ፣ ኣብ ቅድሚ'ቶም ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ስልጣን ኣሎና ዝብሉ፣ ተቢዕካ፣ " ኣነ ናይ'ቲ ምእንቲ ሓጢኣተይ ዝሞተ ክርስቶስ ምስክርየ።" ኢልካ ክትዛረብ ከቢድ'ዩ። እንተኾነ ግን፣ ነቶም ዘፍቅሩ ቀሊል'ዩ።ስለዚ፣ ተቢዕካ መስክር።

ነቢይ ኤልያስ

ኣብ ቅድሚ ነገስታት ተቢዑ ንቓል ኣምላኽ ብምምስካር ኣብ ኣምላኹ ዝነበሮ ፍቕሪ ገለጸ።

ሕዝቢ፣ ብምግዳድ ንጉስ ኣክኣብን ንግስቲ ኤልዛቤልን ናብ ጣኦታት ይዝንብሉ ኣብ ዝነበርሉ ግዜ፣ ነቢይ ኤልያስ ነቲ ህዝቢ ኣኪቡ፣ " ክሳዕ ማኣስ ኢኹም ብኽልተ እግርኹም ትሕንክሱ፣ ኣምላኽ እንተ ኮይኑ ኣምላኽኩም ንዕኡ ኣምልኹ፣ ጣዖት እንተኾይኑ ኣምላኽኩም

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ድማ ንዕኡ ኣምልኹ።" ብምባል፣ ንእግዚኣብሔር ብሓቂ ክስዕብዎ፣ ካብ ሓጢኣትን ክሕደትን ክርሕቁ መኸሮም።(1ይ ነገ. 18-21)....ዋላኳ እቲ ጨካን ንጉስ በዚ ናይ ነቢይ ኤልያስ ተግባር ዝቖጣዕ እንተኾነ፣ ፍቕሪ ግን ተቢዑ ከምዝምስክር ገበረቶ።

ንስኻውን ክቡር ሓወይ፣ ምኽርን ኣረድእን ምበር ስቕ ኣይትበል።

ቅዱስ ጳውሎስ

ኣብታ ናብ ኣቴንስ ዝኣተወላ ግዜ፣ ብዝሒ ጣዖታት ምስ ርኣየ፣ እንታይ ከምዝገበረ፣ ወንጌላዊ ሉቃስ፣ ብኽምዚ ዝስዕብ ኣስፈርዎ ኣሎ፣ " እታ ከተማ ብጣዖታት መሊኣ ምስ ርኣየ፣ ብቑጠዐ ነደደ፣ ስለዚ ኣብ ቤት ጸሎት ምስ ኣይሁድን ምስቶም ንኣምላኽ ዝፈርሁን ..ኣብ ዕዳጋ ምስ ዝረኸቦምን ይዘራረብ ነበረ።(ግብ. ሃዋ. 17፣16) ለከ እዛ ፍቕርስ ክንድ'ዚ ሓይሊ'ዩ ዘለዋ ! ኣብ ዕዳጋ ከይተረፈያ ብቓሉ ተዛርበካ። ክቡር ሓወይ ንስኻ'ውን ነዚ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ፣ ኣቕዲምካ ግን ምስ ስድራኻን ኣዕሩኽትኻን ተለማመድ። ምስ'ዚኣቶም ምዝራብ እንተ'ሰኪፉካ ግን ኣብ ዕዳጋ ምዝራብ ነውሪ ኮይኑ ክስምዓካ'ዩ። ንኣምላኽ ተፍቅሮ ዲኻ? ብቓሉ ምዝራብ ሓጎስካ ይኹን።

ዮሃንስ መጥምቕ

ኣብ'ታ ንጉስ ሄሮድስ፣ ንሰበይቲ ፊሊጶስ ሓዉ(ሄሮድያዳ) ሰበይቱ ክገብራ ዝወሰነላ ግዜ፣ ንግስ'ዩ ኢሉ ከይፈርሀ ፦ " እዚ ክትገብሮ ትሓስቦ ዘለኻ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጌጋ እዩ።" ብምባል ድኣ ገሰጾ'ምበር፣ ኣምላኹ ዝሓዝነሉ ስራሕ ክሰራሕ ስቕ ኢሉ ኣይተዓዘበን።

ክቡር ሓወይ፣ እታ ምስክርነት ትብሃል ዘላ፣ " እዚ ትገብሮ ዘለኻ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጌጋ'ዩ።" ኢልካ ምምካር'ያ። ነዛ ቃል ተለማመዳ፣ " እዚ ትገብሮ ዘለኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጌጋ እዩ።"

እምብኣር፣ ነዘን ኣርባዕተ ኣብነታት እናዘከርካ፣ ተቢዕካ ንቓል ኣምላኽ ብምምስካር፣ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ ግለጽ።

5ይ. ነጥቢ... ንጸሎት ቀዳምነት ምሃብ

እታ ቀንድን መሰረታዊትን መምዘኒት ፍቕሪ፣ ጸሎት ኢያ። ክሳዕ ክንደይ ምስ'ቲ ተፍቅሮ ኣምላኽካ ንምዝርራብ ህርፋን ኣሎካ? ነዛ ጽብቕቲ ናይ ንጉስ ዳዊት ጥቕሲ'ሞ ስምዓያ፦ "ኦ ኣምላኸይ! ከምቲ ንቑጽን ደረቕን ምድሪ ማይ ዝጸምእ፣ ኣነ ኸኣ ንዓኻ ሃረር ኣብል ኣለኹ።"(መዝ. 63፣1)

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዘይጽሊ ሰብ፣ እቲ ምስ ኣምላኹ ክራኸብ ዘይደሊ`ዩ። እቲ ምስ ኣምላኹ ክራኸብ ሃረር ዝብል ግን፣ ነታ ናይ ጸሎት ሰዓቱ ብሃረርታ`ዩ ዝጽበያ። ኣብ መገዲ እናኸደ`ውን ብዛዕባ ውዕለታት ኣምላኹ እናዘከረ ክኸይድ ባህ`ዩ ዝብሎ፣ ኣብ ቦታ ስርሑ`ውን ብዛዕባ ፍጣሪኡ ክሓስብ ባህ ይብሎ። ኣብ ድቃሱ ይዝክሮ። ኮታስ ኣብ ኩሉ ቦታ ይጽሊ። ክቡር ሓወይ ኣብዘለኻዮ ምጽላይ ተለማመድ።ሓጢኣትካ ዘክር፣ ክሕደገልካ ድማ ጸሊ። ኣብ ኣውቶብስ እናኸድካ`ውን ብዛዕባ ዕብየትን ምሕረትን እግዚኣብሔር እናዘከርካ ተሓጎስ፣ ፍጥረታት ኣድንቕ፣ በቃ! እግዚኣብሔር ኣቦኻ ብምዃኑ ብሓጎስ ፍንጭሕ በል።እዚ ኹሉ ትገብር እንተዄንካ፣ ብርግጽ ብፍቕሪ እግዚኣብሔር ተቓጺልካ ኣለኻ። ዓሽ ! ዕድለኛ ኴንካ ኣለኻ። ነዘን ዝህበካ ዘለኹ ኣብ ዝሃለኻ ሃሉ ጸልየን።

- **“ እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም ትናፍቕ፣ ኣነ ኸአ ኦ ኣምላኸይ! ንዓኻ እናፍቕ ኣለኹ።”(መዝ. 42፣1)**
- **“ ኣብ ምድቃሰይ ፣ ለይቲ ብምልእታ ብዛዕባኻ እናነቓሕኩ እሓስብ።” (መዝ. 63፣6)**

እዘን ናይ ዘማራይ ዳዊት ጸሎት፣ ዳዊት፣ ንኣምላኹ ክሳብ ክንደይ ይሃርፎን የፍቅሮን ከምዝነበረ`የን ዝገልጻ። ንስኻ`ውን፣ ነዘን ጸሎት እናጸለኻ ንኣምላኽካ ሃረር በሎ። ቅዱሳን፣ ካብ`ቲ ዝነበሮም ልባዊ ፍቕሪ ዝተላዕለ፣ ንመዓልታት፣ ኣዋርሕ፣ ዓመታት....ብዘይ መግብን ዕረፍትን ጸልዮም`ዮም። ንኣብነት፣

- ኣቡነ ገብረ-መንፈስቅዱስ ን100 ዓመታት፣ ኣብ ባሕሪ ኣትዮም ጸለዩ።
- ቅድስት ክርስቶስ ሰምራ ፣ ን12 ዓመታት ፣ ኣብ ባሕሪ ኣትያ ጸለየት።
- ኣቡነ ተክለሃይማኖት፣ ን7 ዓመታት ፣ እግሮም ክሳብ ዝቑረጹ ብሓንቲ እግሮም ጸለዩ።

ንስኻኸ ኣንባቢ? ኣብ ጸሎት ዘለካ ሓይሊ ከመይ`ዩ? ሓይሊ የብለይን እናበልካ ንነብስኻ ከይተታልላ ተጠንቀቕ። ናይ ግድን ክትጽሊ ኣለካ። በዚ ኢኻ ከአ ኣብ ኣምላኽካ ዘለካ ፍቕሪ ክትገልጽ ትኽእል።

ሕጂ ናብ`ታ ናይ መጀመርያ ሕቶ ተመለስ። “ ብርግጽ ንእግዚኣብሔር የፍቅሮ ድየ?” ደጋጊምካ ነዘን ሂበካ ዘለኹ ነጥብታት ኣንብበን። መልሲ ናይ ሕቶኻ ካብ ማንም ኣይትጸበ፣ ደጋጊምካ ብምንባብን ነብስኻ ብምምርማርን ባዕልካ መልሳ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምዕራፍ ክልተ

ሰለስተ ነጥብታት ኣብ ፍቕሪ ፈተውትኻ

ኣብ'ዛ ኣርእስቲ፣ ፈተውትኻ ተባሂሎም ዘለው፣ እቶም ካብ ቂም ወይ ጽልኢ ነጻ ኴንካ ትቕርቦም ሰባት እዮም። እዞም ሰባት'ዚኣቶም፣ ስድራቤትካ፣ ኣዝማድካ፣ ጎሮባብትኻ፣ ኣዕሩኽትኻ፣ መሳርሕትኻ...ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ። ነዞም ሰባት'ዚኣቶም፣ ብሓቅን ግብርን ክተፍቅሮም ይግበኣካ። ምናልባት በየናይ መምዘኒ'የ ኣብኣቶም ዘለኒ ፍቕሪ ዝመዝኖ ትብል ትኸውን፣ ኣነ ድማ፣ ከምዚ እብለካ፣ ኣይትሸገር፣ ጥራይስ ተጠቀመሎም'ምበር ሰለስተ መለክዒታት ክህበካ እየ። ክቡር ሓወይ! ቅድሚ ነተን መለክዒታት ምሃበይ፣ ሓንቲ ነገር ከዘኻኽረካ'የ። **“ ካብዘን ሰለስተ መለክዒታት ሓንቲ'ውን ትኹን እንተጉዲልካ፣ ክሳዕ ክንደይ እታ ፍቕሪ ካባኻ ርሒቓ ምህላዋ ፈሊጥካ ንምትግባራ ሎሚ ጽባሕ ኣይትበለላ። ሕጂ ጀምራ።”**

፩ይ. መለክዒ... ምትሕግጋዝ

ንፈተውትኻ፣ ካባኻ ዝደልይዎ ዘበለ ሓገዝ ኣይትብቀቕሎም። ተሸጊሮም እናርኣኻዮም ስቕ ኣይትበሎም። ዝከኣለካ ግበር። ውላድ ዘይብልም እንተኾይኖም ከም ውላዶም ኩን። ኣምላኽ ድማ ዉሉደይ ክብለካ'ዩ። ገዛ ዝሰኣኑ እንተርኣኻ ዕቑባ ኩኖም። ዝጠመዩ፣ ዝዓረቑ፣ ዝሐመሙ፣ ኣብ መገዲ ሸኺም ዝተሸከሙ እንተርኣኻ ብዘለካ ሓግዞም። ፍቅሪ ማለት ምትሕግጋዝ'ያ። ክቡር ሓወይ! ካብዛ ሕማቕ ጠባይ ርሓቕ። ካበየነይቲ ሕማቅ ጠባይ ትብለኒ ትኸውን፣ ካብ'ዛ ኣምላኽ ኣመና ዝጽየፉ ጠባይ፡- **“ ክትሕግዞም ዓቕሚ እናሃለወካ፣ ደንጊጽካ ጥራይ ስቕ ምባል።” ክቡር ሓወይ ደንግጸሎም'ሞ ብግብሪ ሓግዞም ።**

ስዓበኒ'ሞ ንመን ክትመስል ከምዝግባኣካ ከርእየካ'የ።

ታሪኽ ሓደ ሃብታም

ካብ ዕለታት ሓደ ማዓልቲ፣ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ፣ ብጎደና እናሓለፈ፣ ንሓደ ብጥሜት ዝማሰነ ሰብ ይረክብ። እቲ ድኻ ኢዱ ዘርጊሑ ኣምሪሩ ለመኖ። ወዮ ሃብታም ሰብኣይ ብድንጋጸ ድሕሪ ምጥማት፣ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ ከምዚ ዝስዕብ በለ፣ **“ ኣንታ ኣምላኽ! ነዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ድኻታት ስለምንታይ ፈጠርካዮም? ስለምንታይከ ንስቓይ ፈረድካዮም? ብርግጽከ ነዚኣቶም ዝኸውን ትሕዝቶ ዲኻ ስኢንካ ብጥሜት ክሳቐዩ ትፈርዶም ዘለኻ?..”** እግዚኣብሔር፣ ጽን ኢሉ ድሕሪ ምስማዕ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ መለሰሉ፣ *“ ኣታ ሰብ ንገዛእ ርእስኻ ደኣ መርምራ'ምበር ጨካንስ ንስኻ ኢኻ፣ ንድኻታት ኣሕዋተይ በብዘድልዮም ኣማቕሎም ኢለ ዝሃብኩኻ ሃብቲ ንበይንኻ ትገብሮ ኣለኻ፣ ድኻታት ኣብጥቓኻ ከምዝህልዉ ዝገበርክዎም ክትሕግዞም ኢለ ምኳነይከ ስለምንታይ ዘንጋዕካ? ስለምንታይከ ቢቃቕ ክነስኻ ንዓይ ትኸሰኒ! ሰብዶ ንፈጣሪኡ ይኸሶ'ዩ?”* እቲ ሃብታም፣ ነዚ መግናሕቲ ድሕሪ ምስምዑ፣ ጉድለቱ ፈሊጡ፣ ንድኻታት ክሕግዞም ጀመረ። ክቡር ሓወይ ክሳብ ሎሚ በቃቅ ኮይንካ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

እንተጸኒሕካ ከምዚ ሰብኣይ ናይ ልግሲ ባህሪ ጀምር። ጎይታ`ውን ከመይ ጌሩ ንሽጉር ከምዝሓገዘ ቀጺልካ ክትርኢ ኢኻ።

ሓገዝ ጎይታ

ነቲ ን"38" ዓመታት ሓጋዚ ስኢኑ ኣብ ዓራት ተጣቢቑ ዝነበረ ሰብኣይ፣ ጎይታ ከመይ ዝበለ ሓገዝ ከምዝገበረሉ ኣብ ዮሃንስ ወንጌል ተመዝጊቡ`ሎ።(ምዕራፍ 5)።እቲ ሰብኣይ እንታይ ኢሉ ከምዝተዛረበ`ሞ ስምዓ፣ " **ካብዚ ዘለኹዎ ደጊፉ ናብቲ ማይ ዝወስደኒ ስኢነ።"** ክቡር ሓወይ ኣስተውዕል፣ ሎሚ`ውን፣ ሓሚሞም ናብ ሕክምና፣ማይጸሎታት ዝወስዶም ዝስኣኑ ከጋጥሙ`ኻ ይኽእሉ`ዮም።ንስኻ ግን ሓወይ፣ ነዚ ካብ ጎይታ ዝተማሃርካዮ እናዘከርካ ፍቕራዊ ሓገዛት ግበረሎም። ደጊፍካ ናብ ሆስፒታል፣ ኣረ እንተተኻኢሉካስ ናብ ማይጸሎታት ከምትወስዶም ግበር። እዚ እንተገበርካ ኢኻ ፍቕሪ ኣሕዋት ኣሎኒ ክትብል ትኽእል።

ሕጂ`ውን ካልእ ኣብነት ክህበካ`የ።

ኣብታ ጎይታ ነቲ ዕውር ዝረኸበላ ግዜ፣ሓንቲ ንነፍሲ ወከፍ ክርስቲያን ትምህርቲ ትኸውን ሕቶ ኣቕሪቡሉ ነይሩ`ዩ።እታ ሕቶ፣ " **እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ?"** ኢያ ትብል ።እዚ ከኣ፣ ጎይታ ንምሕጋዝ እቲ ዕዉር ድሉው ምንባሩ`ዩ ዘመልክት። ንስኻ`ውን ሓወይ፣ እንታይ ክሕግዘኩም?" ብምባል ድልውነትካ ግለጽ። ሓግዞም ድማ። ሓገዝካ ዝጽበዩ ብዙሓት እዮም።

ብዝከኣለካ መጠን ፣ ትነብረሉ ከባቢ ኣጽንዓዮ። ሓገዝካ ዘድልዮም፣ ንዓኻ ድማ ንበረኸት ዝኾኑኻ እንተረኸብኻ መን ይፈልጥ? ስለዚ፣ ሆስፒታላት ናይ ምብጻሕ ልማድ ይሃሉኻ።መን ይፈልጥ ዘመድ ወይ ኣላይ ዝሰኣኑ እንተረኸብካ? እዚኣቶም ንዓኻ ንበረኸት ዝተዋህቡኻ ሰባት ምኻኖም ፈጺምካ ኣይትዘንግዕ።

ኣብ ጎደናታት ወዲቑ፣ ኢዱ ወስ ኣቢሉ ዝልምነካ እንተረኸብካ ረጊጽካዮ ኣይትሕለፍ። ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባት፣ ወገን፣ ዓሌት። ሃይማኖት ከይፈለኻ ሓግዞም። ክደግመልካ`የ፣ ሓገዝካ ንዝደሊ ዘበለ ብርህራሄ ሓግዞ።

ሕጂ ሓንቲ ኣገራሚት ዛንታ ክነግረካ`የ።

ኣባ ቡሽይ

ንዝደኸመ ብምሕጋዝ ኣብ ብጻዮም ዝነበሮም ፍቕሪ ዝገለጹ ኣቦ እዮም።

ኣባ ቡሽይ ንእግዚኣብሔር ብብሕትውና ዘገልግሉ ዝነበሩ ኣቦ እዮም።ሓደ እዋን፣ ካብ ተቐመጥቲ ናይ`ቲ ገዳም ተኣኪቦም ብምምጻእ፣ እግዚኣብሔር ክግለጸልና ለምንዎ እናበሉ ኣሸገርዎም። ኣባ ቡሽይ ምጥርጣር ናይቶም ፈለስቲ ስለዝተዓዘቡ፣ ናብ እግዚኣብሔር ጸለዩ። " ኦ እግዚኣብሔር! እዞም ሰባት፣ ብህልውናኻ ይጠራጠሩ ኣለው`ሞ፣ ተገሊጽካ ህልውናኻ ኣረጋግጸሎም።" እግዚኣብሔር ድማ፣ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ " ቡሽይ ወደይ፣ ጸሎትካ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ተቐቢለዮ ኣለኹ። ኣብቲ እምባ ከምዝግለጽ ንገሮም። እንተኾነ ግን፣ ክብረይ ክርእዩ ኣይክበቕዑን'ዮም። ንስኻ ግን ክትርእየኒ ኢ ኻ።"

ኣባ ቡሽይ፣ ኣኪቦም " እግዚኣብሔር ጽባሕ ኣብቲ እምባ ክግለጸልኩም'ዩ። ስለዚ ኣንጊህኩም ተበገሱ።" በልዎም። ንጽባሒቱ፣ ጉዕዞ ጀመሩ።

ድሕሪ ዝተወሰነ ጉዕዞ ከአ ኣብ መንገዶም ሓደ ብድኻም ተሰኒፉ ዝወደቐ ሰብኣይ ረኸቡ። **" ኣቱም ህዝቢ፣ በጃኹም ረጊጽኩምኒ ኣይትሕለፉ።ኣነ'ውን ክብሪ እግዚኣብሔር ክርኢ ይደሊ'የ። በጃኹም ደጊፍኩም ውሰዱኒ።.......።"** ኣምሪሩ ለመኖም።እቶም ፈለስቲ ግን ፣ ንዓኻ ክነሳሊ'ዶ ክንውዕል ኢና እናበሉ ረጊጾምዎ ሓለፉ። ኣባ ቡሽይ ግን ደንገጽሉ'ሞ ሓንጊሮሞ ክጉዓዙ ጀመሩ። ኣብ መንጎ ግን ኣገራሚ ነገር ተዓዘቡ፣ ለከ'ቲ ድኹም መሲሉ ዝልምኖም ዝነበረ ሰብኣይ ጎይታ'ዩ። ኣባ ቡሽይ ነቲ ብመሳምር ዝተውግአ ኣእጋሩ ምስ ርኣዩ ሰንበዱ። ጎይታ ድማ ከምዚ በሎም፣ **" ቡሽይ ወደይ፣ ከምቲ ዝበልኩኻ እዚ ህዝቢ ክብረይ ኣይርእን'ዩ። ኣነ ኣብቶም ድኹማት ምህላወይ ብዘይምፍላጡ ብላሽ ደኺሙ።"** ኢልዎም ተሰወረ።እቶም ፈለስቲ ኣብ እምባ ክጽበዩ ውዒሎም ደኺሞም ናብ በዓቶም ተመልሱ።

ክቡር ሓወይ! እግዚኣብሔር፣ " **ነቶም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ዝገበርኩምሎም ንዓይ ከምዝገበርኩምለይ'ዩ።"** ከምዝበለ ኣይትዘንግዕ። ሕጂ'ውን ክቡር ሓወይ ከዘኻኽረካ ስምዓኒ፣ ንኹላቶም ሸጉራት፣ ዓሌት ሃይማኖት ከይፈለኻ፣ ብዓቕምኻ ሓግዞም። ገለ ከይገበርካሎም ስቕ ኣይትበል። ነዛ ጽብቕቲ ጥቕሲ'ሞ ርአያ፣ " **ክርስቶስ ንሕይወቱ ኣብክንዳና በጃ ስለዘሕለፋ፣ ንፍቕሪ በዚ ኢና ንፈልጣ። ንሕና'ውን ኣብ ክንዲ ኣሕዋትና ሕይወትና ክነሕልፍ ይግባኣና'ዩ።** "(1ይ. ዮሃ. 3፣16) ኣስተውዕል! ነታ፣ <u>" ንሕና'ውን ኣብክንዲ ኣሕዋትና ሕይወትና ክነሕልፍ ይግባኣና'ዩ።"</u> ትብል ቃል ደጋጊምካ ኣንብባ። ሸዑ ንነብስኻ ተዓዘባ። ጽቡቕ ጌርካ ተዓዘባ። በዛ ሕቶ ከአ ኣዋጥራ፣ " **ምእንቲ ኣሕዋተይ ሕይወተይ ከሕልፍ እናተነግረኒ፣ ንገንዘበይ፣ ጉልበተይ...ምብቃቐይ ክሳዕ ክንደይ'የ ካብ ፍቕሪ ርሒቐ ዘለኹ?"** .. ኣነ ድማ ከምዚ እብለካ፣ ኣረ ነዛ ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኽ እንተንቢብካያ፣ ክሳዕ ክንደይ ሰኒፍካ ምህላውካ ክትግንዘብ ኢ ኻ። እንሀት..

ኣብ ሓደ ካብ ገዳማት ግብጺ፣ ኣስቄጥስ ኣብ ዝበሃል፣ ሓደ መነኮስ ብጽኑዕ ሓሚሞም ነበሩ። ኣብ ቅድሚቶም ክርእይዎም ዝተኣከቡ መነኮሳት ከአ፣ ውዑይ ቅጫ እንተዝረክብስ ምሓወኹ ኢሎም ተዛረቡ። ሓደ ካብቶም መነኮሳት ነዚ ምስሰምዐ፣ ካብ ላዕላይ ግብጺ ከምጽኣሎም ተበገሰ። እቲ ቦታ ክንደይ ሸፋቱ ሓሊፍካ'ዩ ዝበጻሕ። ይኹን'ምበር፣ ምእንቲ ኣሕዋትና ሕይወትና ክነሕልፍ ይግባእ'ዩ ከምዝተባህለ ፣ ነቲ ካብ ሸፋቱ ክመጽኦ ዝኽእል ሓደጋ ከይፈርሀ ናብ'ቲ ቦታ ከደ። ውዑይ ቅጫ ሒዙ ከአ ብሰላም ተመልሰ። እቲ ዝሓመመ መነኮስ፣ ነቲ ዘምጽኣሉ ቅጫ ኣይበልዖን'የ ኢሉ ኣበየ። ንምንታይ ተባሂሉ ምስተሓተተ ከአ ከምዚ ክብል መለሰ፣ " ሓወይ ንህይወቱ ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ ዘምጽኣለይ ቅጫ ምብላዕ ማለት ንስጋ ሓወይ ከምምብላዕ፣ ንደሙ ከም ምስታይ'ዩ።" እቶም መነኮሳት ብፍቕሮም እናተገረሙ፣ ሓውኻ ደስ ክብሎ፣ ድኻሙ ድማ ብላሽ ከይከውንስ ብላዕ ድኣ ኢሎም ከምዝበልዕ ገበርዎ። በሊዑ ድማ ካብ ሕማሙ ሓወየ። ተመሳሳሊ ታሪኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመልከት።(2ይ. ሳሙ. 23፣15-17)

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ክቡር ሓወይ ህይወት ክርስትና ኣብ ምትሕግጋዝ ዝተመርኮሰ`ዩሞ፣ ክትሕግዞም ንዝግባኣካ ብዘይ ውዓል ሕደር ሓገዝካ ለግሰሎም።

2ይ. ነጥቢ. <u>ምእንቲ ብጻይካ ጸሊ</u>

ኣስተውዕል! ንብጻይካ ከምነብስኻ ኣፍቅሮ ኢኻ ተባሂልካ ዘሎኻ።(ሉቃ. 10፣27) ስለዚ፣ ከምቲ ነብስኻ፣ ካብ ውድቀት ድሒና ወራሲት መንግስተ-ሰማይ ክትከውን ትጽልየላ፣ ንብጻይካ`ውን ከምኡ ኢልካ ጸልየሉ። ካብ ዘጋጠሞ ውድቀት፣ ጭንቀት፣ ሕማም፣ ማእሰርቲ፣ ክሕደት.... ንኽድሕን ደጋጊምካ ጸልየሉ። ክቡር ሓወይ፣ ልዕሊ`ቲ ብንዋት፣ ጉልበት፣ ሞራል ትሕግዞ፣ ብጸሎት ሓግዞ።ንሓውኻ መኺርካዮ ምስማዕ እንተኣበየካ፣ ጸልየሉ ድኣ`ምበር መኺረዮ ምስማዕ ኣብዩኒ ኢልካ ስቕ ኣይትበል። ኣብ ሂወት ክርስትና ካብ ምእንቲ ድሕነት ኣሕዋትካ ምጽላይ ዝዓቢ ስነ-ምግባር የሎን።ስለዚ ምእንቲ ኣዕሩኽትኻ፣ ስድራቤትካ፣ ሃገርካ፣ ከምኡ`ውን ምእንቲ ድሕነት ዓለም ጸሊ።እዚ እንተገበርካ፣ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ምሳኻ ምህላዋ ክተረጋግጽ ኢኻ። ኣስተውዕል! ምእንቲ ብጻይካ ምጽላይ ማለት ካባኻ ንላዕሊ ኣብሊጹ ክሕግዞ ናብ ዝኽእል እግዚኣብሔር ምሕላፍ እዩ።

ሕጂ፣ ነዚ ክብለካ ዝጸናሕኩ መረጋገጺ ክኾናኻ፣ ክልተ ጽቡቓት ታሪኽ ክህበካ`የ።

<u>ታሪኽ ክልተ መነኮሳት</u>

“ምእንቲ ዝወደቐ ብጻዩ ጸልዩ ንሓዉ ዘድሓነ መነኮስ።”

ክልተ መነኮሳት፣ ክብረ በዓል ናይ ቅድስቲ ማርያም ንምብዓል ናብ ርሑቕ ዝበለ ገዳም ተበገሱ። ካብ ንውሓት ጉዕዞኦም ዝተላዕለ ከአ ብጥሜትን ጽምእን ተሰነፉ። እቲ ሓደ መነኮስ፣ ብማዕዶ ዓዲ ስለዝርኣየ፣ ናብኣ ኣትዮም ነብሶም ክፈኽዱ ነቲ ካልኣዩ ሓሳብ ኣቕረበሉ። እቲ ካልኣዩ ግን፣ ንዒቕ ናብ ዝገደፍክዋ ዓለም ኣይኣቱን`የ ኢሉ ነጸጎ። በል ኣነስ ኣመና ተሰኒፈ ስለ ዘለኹ ነብሰይ ፈኺደ ክመጽኣካ`የ ኢልዎ ከደ።ኣብታ ዓዲ ምስኣተወ፣ ቀዲሙ ዝረኸባ ገዛ፣ እንዳ ስዋ ብምንባራ፣ ኣብ ጥራይ ከብዱ ክሳብ ዝሰክር ሰተየ። በዚ ከየብቅዐ፣ ምስታ ብዓልቲ ስዋ ብዝሙት ወደቐ። ንጽባሒቱ፣ ነብሱ ምስፈለጠ ብዝሙት ከም ዝወደቐ ተረድኦ።በዚ ተስፋ ቆሪጹ ንሂወት ምንኩስና ገዲፉ ናብ ዓለም ክምለስ ወሰነ። ውሳኔኡ፣ ንዓርኩ ክነግሮ ከደ። እቲ ዓርኩ ሙሉእ ለይቲ ክጽሊ ሓዲሩስ ክጽሊ`ውን ጸንሖ። ብውድቀቱ እናበኸየ ዘጋጠሞ ነጊሩ ናብ ዓለም ከምዝምለስ ኣፍለጦ።እቲ ንጹህ ዓርኩ፣ ብዝሰምዖ ከይተዳህለ ከምዚ በሎ፣ “ ዓርከይ! እምብኣር ንበይነይ ኣይኮነን እዚ እኩይ ኣውዲቑኒ፣ ትማሊ ገዲፍካኒ ምስከድካ፣ ከርክበካ ደድሕሬኻ መጺአ ። እንተኾነ ግን ክረኽበካ ኣይክኣልኩን። ናብ እንዳስዋ ኣተኹ፣ ክሳዕ ዝሰክር ከአ ሰተኹ። ምስ`ታ በዓልቲ ስዋ ብዝሙት ወደቕኩ። ለይቲ ነብሰይ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምስፈለጥኩ ሓሪቐ ነታ ሰበይቲ ቀተልክዋ። ዓርከይ፣ ንስኻ ብዝሙት ጥራይ ኢኻ ወዲቕካ፣ ኣነ ግን ብዝሙት ወዲቐስ ቅትለት`ውን ወሲኸሉ......።" ኣብ መንጎ ብብኽያት ተነኽኒኹ። እቲ ዝወደቐ ብጻዩ ነዚ ምስሰምዐ ኣዝዩ ተደነቐ። እሞ ካብናተይ ዝዓቢ ሓጢኣት እንተፈጺምካ ድኣ እንታይ ትጽበ`ለኻ? ንኺድ ናብ ዓለም ናብራና ንጀምር በሎ። እቲ ንጹህ ድማ፣እቲ ንንስሓ ሓጢኣተኛታት ዝቕበል ኣምላኽ ንንስሓይ ከምዝቕበሎ ይኣምን`የሞ ድሕሪ ክብረ በዓል፣ ኣብቲ ገዳም ሱባኤ ክኣቱ`የ፣ ንስኻ`ውን ዓርከይ፣ ተስፋ ከይቆረጽካ ንዓናይ፣ ካብ ሓጢኣትካ ሓጢኣተይ ይበዝሕ`ሞ ትሕግዘኒ በሎ። እቲ ዝወደቐ፣ ብቓል ብጻዩ ተስፋ ጌሩ፣ ንስኻኳ ተስፋ ዘይቆረጽካስ ኣነ ድኣ ከመይ ተስፋ ዘይገብር ኢሉ ብሓንሳብ ጉዕዝኦም ቀጸሉ።እቲ ክብረ በዓል ምስሓለፈ ከአ፣ ክልቲኦም ኣኣብ ብዓቶም ሱባኤ ጀመሩ። እቲ ንጹህ ክነሱ ምእንቲ ብጻዩ ንነብሱ ዘርከሰ መነኮስ፣ ኢዱ ብደም ክሳዕ ዝሕጸብ ብስግደትን ጾምን ኣምሪሩ ጸለየ። ኦ! ኣምላኽ፣ ነዚ ዝወደቐ ብጻየይ ካብ ሓጢኣቱ ኣንጽሃዮ......" እናበለ ጸለየ። ኣብመወዳእታ ከአ፣ ቅድስቲ ማርያም ተገሊጻ፣ ሓጢኣቱ ከምዝተሓድገሉ ኣበሰረቶ።ህይወት ምንኩስንኦም ከአ ቀጸለ።ኣደናቒ ፍጻሜ !

ክቡር ሓወይ! እዛ ታሪኽ፣ ኣብ ሂወትካ ዓቢ ቦታ ስለዘለዋ ሽለል ኣይትበላ። እስከ ሕጂ ክሓተኻ፣ ሓቂ ድማ መልሰለይ። " **ክንደይ ማዓልቲ ምእንቲ`ቶም ዝደኸሙ ጸሊኻ? ክንደይ ማዓልቲ ምእንቲ`ቶም ጌና ናብ ቤተክርስቲያን ዘይመጽኡ ጸሊኻ? ክንደይ ማዓልቲ`ኸ ምእንቲ`ቶም ካብ ሃይማኖቶም ዝዓለዉ ጸሊኻ?**" ክቡር ሓወይ! እዝስ መንፈሳዊ`የ ከአ ይብል ትብል ቋንቋ ፈጺምካ ከይትጥቀመላ።ንስኻስ ሓቀኛ ክርስቲያን ዝሰርሖ ድኣ ስራሕ። ሓቀኛ ክርስቲያን መፈጸምታይን መፈጸምታ`ዚ ሓወይን መፈጸምታ ቅዱሳን ግበረልና ኢሉ ድኣ ይጽሊ`ምበር " **እዝስ....**" " **እሕሕ ....**" **እእእ.......**እናበለ ቃል ፍርዲ፣ ኣብ ልዕሊ ሓዉ ኣየንብርን።ነዛ ካልኣይቲ ታሪኽ`ሞ ተዓዘባ፣

ካብ ታሪኽ ኣባ መቃርስ

ኣባ መቃርስ፣ ርኹሳት መናፍስቲ ናይ ምልላይ ጸጋ ዝነበሮም ብቑዕ ኣቦ እዮም ነይሮም። ሓደ ማዓልቲ፣ ንሓንቲ ኣመንዝራ፣ ኣቶኪሮም ጠመትዋ`ሞ ብዙሓት መናፍስቲ ኣብ ነብሳ ተዓዘቡ። እዚ ከአ ከምቲ ኣብ ማርያም መግደላዊት፣ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ነበርዋ ተባሂሉ ብወንጌላዊ ማርቆስ ዝተነግረ ማለት`ዩ።(ማር. 16፥9) ኣባ መቃርስ፣ ብኹነታት እታ ሰበይቲ ኣዝዮም ሓዘኑ። ናብ እግዚኣብሔር ከአ ከምዚ ኢሎም ጸለዩ፣ " **ኦ! ፈጣርየይ፣ ክሳዕ ማኣስ`ያ እዛ ሰበይቲ ማሕደር ኣጋንንቲ ክትከውን፣ ክሳዕ ማኣስያ ንሕግኻ እናጠሓሰት ነብሳ ክተጥፍእ፣ ሎምስ ይእከላ። እቶም ምስኣ ዘለው ኣጋንንቲ ናባይ ይሕለፉ`ሞ ንዓይ የሳቕዩኒ።**" እዚ ኢሎም ምስ ጸለዩ፣ እቶም ኣጋንንቲ ካብታ ሰበይቲ ናብ ኣባ መቃርስ ሓለፉ። እዚ ከአ ከምቲ ኣብቲ መንእሰይ ዝነበሩ ኣጋንንቲ ናብተን ሓሰማታት ዝሓለፉ ማለት`ዩ። እታ ሰበይቲ፣ ካብ ምግባረ ሓጢኣት ናብ ምግባረ ጽድቂ ኣተወት።ኣባ መቃርስ ድማ ኣበርቲዖም ብምጽላይን ብሙጻምን ነቶም ኣጋንንቲ ኣቃጸልዎም። እቶም ኣጋንንቲ፣ ንሓድሕዶም ካብዚ መነኮስ ንውጻእ፣ ብጸሎቱን ጾሙን ምስፋር ከሊኡና፣ እናተበሃሃሉ ካብ ኣባ መቃርስ ወጽኡ። ተመልከት! ፍቕሪ ማለት ከምዚ`ዩ። ኣባ መቃርስ ብዝገበርዎ ጸሎት፣ እታ ኣመንዝራ ንመንግስተ ሰማያት በቕዐት ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ነዚ`የ ኣቓድም ኣቢለ፣ ከምቲ ንስኻ ወራሲ መንግስተ-ሰማይ ክትከውን ትጽሊ፣ ንብጻይካ`ውን ጸልየሉ ዝበልኩኻ። ምእንቲ ብጾትካ ጸሊ....ጸሊ....ጸሊ።

ክቡር ሓወይ! ሓደ ክንተሓታተተሉ ዝደልዮ ጉዳይ ኣሎ። እዚ ከኣ፣ ጉዳይ ድሕነት ስድራቤትካ`ዩ።ምናልባት ንስኻ፣ ብምሕረት ኣምላኽ ተጸዊዕካ፣ ቃሉ እናተመገብካ፣ ንነብስኻ ንመንግስተ-ሰማይ ተዳልዋ ትህሉ ትኸውን፣ ስድራቤትካኸ? ሰበይትኻ፣ ደቅኻ፣ ወለድኻ`ኸ? ሸለል ኢልካ ክትሓልፎ ዘይግባእ ሕቶ`ዩ። ኣስተውዕል! ስድራቤትካ፣ ካባኻ ክርኸብዎ ዝግብኦም ሓገዝ ብዘይምርካቦም፣ ናይ ገሃንም ዜጋ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ደጊምካ ኣስተውዕል። ደጊመ ከዘኻኽረካ፣ ብዛዕባ`ታ ሓጥኣን ብጺጋም፣ ጻድቃን ብየማን ጎይታ ዝቖሙላ ማዓልቲ ክትዝክር ከላኻ፣ ጉዳይ ስድራቤትካ ከተሓሳስበካ ኣለዎ።ምእንትኦም ብምጽላይ፣ ከምቲ እቲ ንጹህ መነኮስን ኣባ መቃርስን ዝገበርዎ ክትገብር ይግባኣካ።

ክቡር ሓወይ፣ ነታ ነቢይ ሙሴ፣ “ **ነዚ ህዝቢ ተጥፍኦ እንተኺንካ፣ ንዓይ`ውን ካብ መዝገብ ሂወት ደምስሰኒ።**” ዝበላ ቃል ክትዝክር ከለኻ፣ እንታይ ይስምዓካ? እንታይ ክብል ከምዝደለኹ ብሩህ`ዩ፣ ማለት፣ ንስኻ ምእንቲ ስድራቤትካ ምጽላይ ክሰኣነካ ከሎ፣ ከም በዓል ነቢይ ሙሴ ግን፣ ምእንቲ ሃገር ሙሉእ ይጽልዩ፣ መሓሮም፣ ዘይትምሕሮም እንተኺንካ ግን ንዓይ`ውን ምስኦም ኣጥፍኣኒ ይብሉ። በቃ! ናይ በይነይ ድሕነት ይትረፈኒ ይብሉ። ክቡር ሓወይ! ናይ በይኑ ድሕነት ዘገድሶ ሰብ ኣይትኹን። ስድራቤተይ ኣድሕነለይ፣ ኣዕሩኽተይ ኣድሕነለይ፣ ጎሮባብተይ ኣድሕነለይ እናበልካ ጸሊ።እዚኣ ክትገብር እንተኽኢልካ፣ ኣብ ብጾትካ ዘለካ ፍቕሪ ጽቡቕ ምህላዉ ኣረጋግጽ። እዛ ፍቕሪ`ዚኣ ኢያ ድማ ንቅዱሳን ተምስለካ። “ ከምቲ ኣነ ንክርስቶስ ዝመሰልክዎ ንስኻትኩም`ውን ንዓይ ምሰሉ።” (1ይ. ቆሮ. 11፥1) በርትዕ።

3ይ. ነጥቢ. <u>ንዝተጋገየ ብጻይካ ኣርሞ</u>

ፈታዊኻ ክጋገ ኣብ ዝርኣኻሉ ካብ ጌጋኡ ብምእራም፣ ኣብኡ ዘለካ ፍቕሪ ግለጽ።

ኣስተውዕል! ኣርእስትና፣ “ ንብጻይካ ከም ነብስኻ ኣፍቅሮ።”ኢዩ ዝብል።ከምኡ ካብ ኮነ፣ ከምቲ ንስኻ ካብ ጌጋኻ ተመሊስካ ወራሲ መንስተሰማያት ክትከውን ትደሊ፣ ንብጻይካ`ውን ካብ ጌግኡ ብምእራም ንመንግስተ-ሰማያት ከምዝዳሎ ግበሮ።ኪጋገ እናርኣኻዮ ስቕ ኣይትበል። ዋላውን ነታ ቀላል መሲላ ትርኣየካ ጉድለት ኣርማ፣ቀላል`ያ ኢልካ ሸለል ኣይትበላ። ኣብዚኣስ ሰለስተ ጽቡቓት ሓሳባት ክህበካ ደልየ`ለኹ። ዓሚቕ ምስትውዓል ግበረለን። እነህዋ።

- “ብንእሽቶ ቀዳድ ናብ መርከብ ዝኣቱ ማይ፣ እናተዋህለለ ምስከደ ነታ መርከብ የጥሕላ።”
- “ ኣሽሓት ኪሎ ሜተራት፣ ብሓንቲ ስጉምቲ`ዩ ዝጅምር።”
- “ ብንእሽቶኣ ዘየቕናዕካያ ገረብ ምስ ዓበየት ክተቕንዓ ኣይትኽእልን ኢኻ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ክቡር ሓወይ፣ ጌጋታት ብጻየይ ንእሽቶ`ዩ፣ ዘኽፍእ`ውን ኣይኮነን፣ ነዚኣተንስ እንታይ ኢለ`የሞ ከእርሞ ዝብል ሓሳባት ክመጽኣካ ከሎ፣ ነዘን ሂበካ ዘለኹ ሓሳባት ዘከረን። እታ`ዚኣስ ድሓንያ ዝበልካያ ጌጋ፣ እናዓበየት ከምት`ኸይድን ኣብ መወዳእታ ከም ተዕንዎን ተረዲእካ፣ ብኣጋኣ ከምዝምሕዋ ግበሮ።

ገለ ሰባት፣ ብጻዮም ጌጋ ክሰርሕ እናርኣይዎ እንተተዛረብክዎ ክቕየመኒ፣ ክርሕቀን`ዩ ካብ ዝብል ስክፍታ ከይተዛረቡ ስቕ ይብሉ`ዮም። እዞም ሰባት`ዚኣቶም ብዓይኒ መንፈሳዊ ክጥመቱ ከለዉ፣ ጉድኣት ብጻዮም ክርእዩ ዝድልዩ ጸላእቲ`ምበር ኣፍቐርቲ ወይ ኣዕሩኽ ክብሃሉ ኣይክእሉን`ዮም። ደጊምካ ኣስተውዕል! ብጻይካ ኪጋገ ስቕ ኢልካ ትርኢ እንተሊኻ ክሳዕ ክንደይ ጸላኢኡ ኴንካ ምህላውካ`ዩ ዘመልክት። ሕጂ`ውን ደጊምካ ኣስተውዕል፣ እግዚኣብሔር ኣብ ጥቕኡ ዝገበረካ፣ ክትድግፎ`ምበር እንታይ ወሪድዎንታ እናበልካ ብግዕዶ ከንፈርካ ክትረማጥጠሉ ኣይኮነን። ስለዚ፣ ብጻይካ ንፈጣሪኡ እናበደለ፣ ካብታ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዝፈልዮ መንገዲ ሒዙ ክጉዓዝ እናርኣኻዮ ስቕ ኣይትበሎ። ኣርሞ። ጌጋኡ ኣብዝዓበየ ደረጃ ከይበጽሐ ኣርሞ። ነዘን ክልተ ሓጸርቲ ታሪኻት`ሞ ተመልከተን።

ታሪኽ ቃኤል

ቃኤል፣ ኣብ ልዕሊ ኣቤል ሓዉ፣ ክፉእ ሓሳብ ኣብዝሓሰበሉ፣ እግዚኣብሔር ከመይ ጌሩ ካብ ጉድለቱ ከእርሞ ከምዝፈተነ ኣንቢብካ ኣሎኻ። እቲ ቃል ከምዚ ይብል፣ " .....**ጽቡቕ ስለዘይገበርካ ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ። ንስኻ ግን ከምትስዕራ ግበር።**(ዘፍ. 4፣6-7) ደጊምካ ኣንብብ`ሞ ነዛ ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ሕቶ መልሳ። ምዓስ`ዩ እግዚኣብሔር ንቃኤል ከእርሞ ዝፈተነ?........ ቃኤል ነቲ ዝዓበየ ናይ ቅተለት በደል ከይፈጸሞ ከሎ`ዩ። ነዚ`የ ድማ ንብጻይካ ብጌጉኡ ከሎ ክትእርሞ ፈትን ዝበልኩኻ።ይኹን`ምበር፣ ቃኤል፣ ንምኽሪ ፈጣሪኡ ሸለል ኢሉ ንሓዉ ቀቲልዎ`ዩ። ክቡር ሓወይ፣ ሓላፍነትካ ከምዛ ፈጣሪኻ ዝገበራ ብጌጉኡ ከሎ ንብጻይካ ምእራም`ዩ፣ ጎይታ`ውን " ...ካባይ ተማሃሩ።" ዝበለ ነዚ`ዩ።(ማቴ. 11፣28) መኺርካዮ ሸለል እንተበለካ ፣ እቶም ተረርቲ ልቢ ኣይኮነንዶ ንዓኻ ንፈጣሪኦም`ውን ስለዘይሰምዑ ብዙሕ ኣይትሕመም። ግዳስ ጸልየሎም።

ካለኣይቲ ታሪኽ`ውን ከውስኸካ`የ።

ታሪኽ ኣባ መቃርስን ኣባ እንጦንስን

ሓደ እዋን፣ እዞም ክልተ ኣቦታት፣ ከምዚ ኢሎም ሓሰቡ፣ " ንሕና ንዓለም ንዒቕና፣ ኣብዚ በረኻ`ዚ ንድምጺ ኣራዊትን ተጻብኦታት ኣጋንንትን እናተዓገስና ንነብር ዘሎና ኢና። ከማና ኢሉ ንእግዚኣብሔር ዘፍቅር መን`ዩ? ስለዚ ክፍልና ምስ መን`ዩ? ምስ ነብያት ወይስ ምስ ሃዋርያት?" ከምዚ ኢሎም ሓሲቦም`ውን ስቕ ኣይበሉን፣ ተምበርኪኾም ንፈጣሪኦም ሓተትዎ። ሽዑ እግዚኣብሔር፣ ንትዕቢቶም መእረምታ ናብ ዝረኽብሉ ቦታ ወሰዶም።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ንኣባ እንጦንስ ናብ ኣስካፍ ዝተባህለ ኣብ ቤተ መንግስት ዝነብር ኣዛዚ ሰራዊት፣ ንኣባ መቃርስ ድማ ናብ ክልተ ኣንስቲ ክኸዱ ኣዘዞም። ኣባ መቃርስ ናብተን ኣንስቲ ብምኻድ፣ እግዚኣብሔር ከም ዝለኣኾምን ብኸመይ መገዲ ንእግዚኣብሔር ከምዘገልግልኣን ሓተትወን። ዋላኳ ንስለ ትሕትና፣ ንሕና ኣብ ዓለም ንነብር ሓጢኣተኛታት ሰባት ኢና ኢለን ጽድቀን ክሓብኣ እንተፈተና፣ ደጋጊሞም ምስሓተትወን፣ ብኸምዚ ዝስዕብ ናይ ኣነባብርኣን ኩነታት ገለጻሎም። “ ንሕና ብስጋ ኣሕዋት ወይ ኣዝማድ ኣይኮናን፣ እንተኾነ ግን ካብ ብክርስቶስ ዝዓቢ ሕውነት ስለዘየለ ከም ኣሕዋት ኴና ኣብ ሓንቲ ገዛ ንቕመጥ ኣሎና።ፍጽምቲ ፍቕሪ ከኣ ኣላትና። ፍቕርና ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ`ዩ ዝግለጽ፣ ኣነ ክሰርሕ ከለኹ፣ እዛ ሓፍተይ፣ እታ ሓንቲ ጡባ ንወደይ እታ ካለኣይቲ ጡባ ድማ ንወዳ ተጥብዎም። ንሳ ክትሰርሕ ከላ ድማ ኣነ ከምኡ። ኣጋይሽ ክመጽኡ ከለዉ ድማ ሓንቲ እግሮም ኣነ ሓንቲ እግሮም እዛ ሓፍተይ ኴና ንሓጽቦም። እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ከልቢ ድማ ዋናታቱ ኣረጊት ኢሎም ዝሰጎጉዎ እዩ፣ ንሕና ግን ፍጡር እግዚኣብሔር እንድዩ ኢልና ናብ ገዛና ኣምጺእና ንከናኽኖ ኣሎና።....” ኣባ መቃርስ ነዚ ምስሰምዐ፣ “ ዋይ ኣነ ሓጢኣተኛ፣ ካባይ ዝበለጻ ኣገልገልቲ ኣምላኽ እናሃለዋ፣ መን ከማይ ክብል ጸኒሐ።” እናበሉ፣ ገጾም እናጸፍዑ፣ ደርቶም እናሃረሙ ናብ ገዳሞም ተመልሱ። ብድሕሪኡ፣ከሳዕ ዕለተ ሞቶም፣ ኣነ ሓጥእ`የ፣ ኣነ ካብ ኩሉ ዝደኸምኩ`የ እናበሉ ሓለፉ።

ኣባ እንጦንስ ድማ፣ ናብ ቤተ መንግስት ብምኻድ ንኣስካፍ ረኺብዎ። ኩነታት ኣነባብርኡ ከኣ ሓተትዎ። ዋላኳ ግብሪ ጽድቁ ክሓብእ እንተፈተነ፣ ግድን ምስበልዎ፣ ብኸምዚ ዝስዕብ ኩነታት ኣነባብርኡ ገለጻሎም፣ “ ኣነ ከምዚ ትርእዩኒ ኣብ ቤተ መንግስቲ`የ ዝነብር። እንተኾነ ግን፣ እዛ ዓለም ሓላፊት ምዃና ፈሊጠ ኣይተደናገርኩን።መግበይ ዝነቐጸ እንጌራ`ዩ፣ መደቀስየይ ድማ ኩርኳሕ`ዩ። ነብሰይ ብበላሕቲ ሰንሰለት ዝተኣሰረ`ዩ።እንተወደቕኩ ወይ እንተደቀስኩ፣ እዚ በላሕቲ መሳምር ይወግኣኒ`ሞ ንስቓይ ጎይታ እዝክር።እናበለ ገለጻሎም። ኣባ እንጦንስ ነዚ ምስሰምዑ፣ ጭሕሞም እናነጸዩ ደረቶም እናሃረሙ ናብ ገዳሞም ተመልሱ። ካብኡ ንድሓር ድማ፣ መን ከማይ ሓጢኣተኛ ክብሉ ጀመሩ። ከመይ ጌሩ እግዚኣብሔር ሓጢኣት ከይሳዕረረ የእርሞም ከምዘሎ`ሞ ተመልከት ! ንቃኤል ብቓሉ ትጋገ ኣልኻ ክብሎ ከሎ ንበዓል ኣባ መቃርስ ድማ ናብ ሰባት ልኢኹ ከምዝእረሙ ጌርዎም። ንስኻ`ውን ሓወይ፣ ዝተፈላለየ ሜላ ተጠቂምካ ንብጻይካ ካብ ጌግኡ ኣርሞ።

ኣስተውዕል! ብጻይካ ከጋገ ስቕ ኢልካ ምርኣይ ከም ገዛ ጎሮቤትካ እናተቓጸለ ስቕ ኢልካ ምርኣይ`ዩ። ሕጂ`ውን ደጊምካ ኣስተውዕል፣ ገዛ እንተተቓጸለ ደጊምካ ክትሃንጾ ትኽእል ኢኻ፣ ንብጻይካ ግን ካብ ሞት ኣተንሲእካ ክትሃንጾ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ፣ ኣርሞ... ምኽሮ...ሓግዞ...በቃ! ፍቕርኻ ብተግባር ግለጸሉ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምዕራፍ ሰለስተ

ሓሙሽተ ነጥብታት ኣብ ፍቕሪ ጸላእትኻ

እዛ ጸላኢ ትብል ቃል፣ ብልማድን ብዝርድኣካ ንምዝራብ`ምበር ንሰብ ብዘይካ ዲያብሎስ ካልእ ጸላኢ የብሉን።ሰባት እንተስ ብፍላጥ፣ እንተስ ብዘይፍልጥ ክጎድኡኻ ይኽእሉ እዮም። ክጸርፉኻ፣ ክሓምዩኻ፣ ክሃርሙኻ፣ ክጠልሙኻ፣ ክኾርዑልካ.......ይኽእሉ እዮም። ንስኻ ግን ክቡር ሓወይ፣ ንኹሉ ዝዕገስ ልቢ ይሃሉኻ። ንኹሉ ዘፍቅር ልቢ ይሃሉኻ። ነቲ፣ “ ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ።” ዝብል ሰመያዊ ትእዛዝ ሸለል ካብ ትብል፣ ነቲ ዘጋጥመካ ተጻብኦታት ሸለል ምባል ምረጽ። ንሰማያዊ ትእዛዝ ሸለል ምብል ካብ ሰማያዊ ርስቲ`ዩ ዝፈሊ፣ ነቲ ዘጋጠመካ ተጻብኦታት ሸለል ምባል ግን ውሽጣዊ ሰላም ኣብ ርእሲ ምሃቡ ወዲ መንግስተ ሰማይ ንምኳን`ዩ ዘብቅዓካ። ነዛ ጥቕሲ`ሞ ስምዓያ፣ መራሒት ሂወትካ ድማ ግበራ፣ ስምዓያ፣ **“ እዚ ቀልጢፉ ዝሓልፍ ፎኲስ ጸበባና፣ ካብ ኩሉ ዝበልጽ፣ መዘና ዘይብሉ ዘለኣለማዊ ክብሪ የጥርየልና ኣሎ።”** (2ይ ቆሮ. 4፣16) ከመይ ኣደናቒት ቃልያ ! ለከ እዚ ኹሉ ክጽረፉ፣ ክግረፉ፣ ክስጎጉ ከለዉ....ዝዕገሱ ዝነበሩ ነዚ ዓቢ ተስፋ ሒዞም እዮም፣ ለከ ተመሊሶም ነቶም ገረፍቶም፣ ሰጎግቶም ዝጽልይሎም ዝነበሩ እቲ ኩሉ ግፍዒ ዘለኣለማዊ ክብሪ ከምዘዳልወሎም ፈሊጦም`ዮም! ለከ ንስኻውን ንተጻብኦታት ሸለል እንተኢልካ ዘለኣለማዊ ክብሪ`ዩ ዝጽበየካ ዘሎ! ለከ ዲያብሎስ ካብታ ተዳልያትልካ ዘላ ናይ ክብሪ ስፍራ ክፈልየካ`ዩ ተቓያሚ ዝገብረካ ዘሎ!

ክቡር ሓወይ፣ ጽልእኻስ ምስ ጸላኢኻ ድኣ ይኹን። ንሰብ ድማ ብዘይካ ዲያብሎስ ካልእ ጸላኢ ከምዘይብሉ ኣቓዲመ ነጊረካ ኔረ`የ። ምእንቲ`ዚዮም ከኣ ቅዱሳን ኣቦታት፣ “ **ንስኻትኩም ትጸርፉና ንሕና ንጽልየልኩም፣ ንስኻትኩም ትረግሙና ንሕና ንምርቐኩም፣ ንስኻትኩም ትጸልኡና ንሕና ነፍቅረኩም።”** ብምባል፣ ክርስቲያን ዝምርቕ፣ ዝጽሊ፣ ዘፍቅር ባህርይ ክህልዎ ከምዝግባእ ዝመሃሩና።(1ይ. ቆሮ. 4፣10) ምናልባት፣ ንጸላኢኻ ምፍቃር ከቢድ መሲሉ ክርኣየካ ይኽእል`ዩ። ብርግጽ ከኣ፣ ነዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ሕቶታት ንነብስኻ እንተዘየቕሪብካላ ክኸብደካ`ዩ።

- ስለምንታይ`የ ግን “ኣርዑተይ ፎኲስ`ዩ ።” እናበለ ጎይታ፣ከቢድ`ዩ እናበልኩ ዘማኻኒ ዘለኹ? ( ማቴ.11፣28)እዛ ሕቶ`ዚኣ፣ ናብዛ ትስዕብ ሕቶ ክተምርሓካ`ያ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- እምበርዶኽ ንቅዱሳን ናይ ምምሳል ህርፋን ኣሎኒ'ዩ?ንሳቶም ንጸላእቶም እናፍቀሩ፣ ንረገምቶም እናመረቑ፣ ንምንታይ'የ ከቢድ እናበልኩ ዘመሳምስ ዘለኹ? እዛ ሕቶ'ዚኣ ናብዛ ትስዕብ ሕቶ ከተምርሓካ'ያ።

- ንምንታይ'የ ግን " ማሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ'ዮም።" እናበለ ጎይታ፣ ንነብሰይ ምሕረት ክንፈገላ ዝፈርዳ ዘለኹ? ክቡር ሓወይ፣ እንተምሒርካ ክትምሓር ኢኻ፣ ይቕረ እንተበልካ ይቕረ ክበሃለልካ'ዩ። ንነብስኻ ባዕልኻ ኢኻ ፈራዲኣ። ጽቡቕ ፍርዲ ፍረደላ።

ካብ ሕጂ ንድሓር፣ ንጸላእትኻ ንምፍቃር ዝሕግዙኻ ነጥብታት ኢኻ ክትረክብ። ንቅዱሳን ዘዐወተኦም ነጥብታት ንሳተንየን'ሞ ኣቕልበለን። ካብ ዝወደቕካሉ ዘልዕላኻ ኣእዳው ንሳተን'የንሞ ኣጽንዓየን። ስዓበኒ።

1ይ ነጥቢ. <u>ንበደላት ብጻይካ ኣይትዘርዝሮ</u>

ኣእምሮኻ ንበደላት ብጻይካ፣ ሓደ ብሓደ፣ ዕለት ብዕለት፣ ዝተፈጸመሉ ቦታ፣ ዝሰምዕዎ ሰባትን ካልእን ንኽትዝክር ከደፋፍኣካ ይኽእል'ዩ። ንስኻ ግን ክቡር ሓወይ፣ ካብ ንዕኡ ምዝካር ነቲ ይቕረ ብምባልካ ትረኽቦ በረኸት ከምዝዝክር ግበሮ። እዝን ከምዝን እንድዩ ዝገበረኒ ምባል ግደፎ። ዋላኳ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝተፈጸመ በደል ከምመለበሚ ክትጥቀመሉ ዝግባእ እንተኾነ፣ ተቐይምካ ክትርሕቕ ግን ኣይግባእን። ልዕሊ ኩሉ ግን ንበደላቱ ክትዝርዝር ከይትውዕል ተጠንቀቕ። ሓንቲ ካብ ምስላ ባህልና ከዘክረካ'የ፣ " **ፍቕሪ ደሊኻ ገዳዲፍካ፣ ጽልኢ ደሊኻ ገፋጊፍካ።**" ከመይ ጽብቕቲ ምስላ ይመስለካ'ዚኣ። በቃ! ፍቕሪ እንተደሊኻ ገዳዲፍካ'ዩ። ሕጂ'ውን ከደግመልካ፣ እዝን ፣ ከምትን እንድዩ ዝገበረኒ ኢልካ ምዝርዛር ገዲፍካ፣ ይቕረ ብምባለይ እዝን ከምትን በረኸታት ክቕበል'የ በል። ነዛ ትስዕብ ሕቶ ኣልዒልካ'ሞ ምስገዛእ ርእስኻ ተዛረብ፣ " **ስለምንታይ ግን ንበደላት ብጻየይ ሓደ ብሓደ ብምዝካር፣ ንበደለይ ሓደ ብሓደ ኣምላኽ ከምዝዝክሮ ዝገብር ዘለኹ?**" ሕጂ'ውን ሓደ ኣገራሚ ነገር ንነብስኻ ንገራ፣ *" ኣነ፣ ንውሑዳት በደል ብጻየይ'የ ዝሓድግ ዘለኹ፣ ኣምላኽ ግን ነቲ ካብ ቁልዕነተይ ኣትሒዘ ዝገበርክዎ በደላተይ'ዩ ይቕረ ክብለለይ።"* ክቡር ሓወይ፣ ውሑድ ሃብ'ሞ ብዙሕ ተቐበል።

በደል ብጻይካ ከይጸብጸብካ ይቕረ ምባል ከመይ ከምዝመስል እዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኻት ክምህራኻ እየን።

ጻድቕ ዮሴፍ

ጻድቕ ዮሴፍ፣ ብኣሕዋቱ ተሸይጡ ናብ ግብጺ ድሕሪ ምውራዱ፣ ነቶም እኺሊ ንምሽማት ናብ ግብጺ ዝወረዱ ኣሕዋቱ ንዝበደልዎ ከይዘርዘረ፣ ከመይ ጌሩ ይቕረ ከምዝበለሎም ኣንቢብካ ኣሎኻ። ንሱ፣ ስለምንታይ ናብ ጉድጓድ ደርቢኹም ክትቕትሉኒ ሓሲብኩም? ስለምንታይ ካብዝን ናብትን ሰሓሒብኩም ዓቕለይ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣጽቢብኩምለይ? ስለምንታይከ ካብቲ ዝፈትዎ ኣቦይ ፈሊኹምኒ? ኣረ ብሰንከኹም ንኽልተ ዓመት ከምዝተኣሰርኩ ትፈልጡ ዲኹም? ንስኻትኩም ዝገበርኩምኒኮ!! እናበለ፣ ኣብልዕሊኡ ንዝፈጸምዎ ግፍዕታት እንተዝዝርዝረሎም፣ ይቕረ ንምባል ከየሸገሮ ኣይምተረፈን ይኸውን። እዚ ጻድቕ ሰብ`ዚ ግን፣ ንኹሉ በደላቶም ሽለል ኢሉ፣ ነዛ ኣገራሚት ቃል ተዛረበ፣ " **.....ኣምላኽ`ዩ ሕይወት ንምድሓን ቀቅድሜኹም ናብዚ ዝለኣኸኒ`ሞ ናብዚ ስለዝሸጥኩምኒ ኣይትጉሃዩ፣ ኣይትጨነቑ።**"( ዘፍ. 45፣5) በዚ ከአ ንጽልኢ ስዒሩ ኣፍቀሮም። ንስኻ`ውን ክቡር ሓወይ፣ ኣብዚ ቦታ ከምዝን ከምትን ጌርካኒ፣ ኣብ ቅድሚ በዓል እከለ ኢኻኮ ከምዚ ኢልካኒ፣ እናበልካ ምትንታን ኣወግድ። ንስኻስ ከምዚ ድኣ በል፣ " **ዲያብሎስ`ዩኮ ኣብ ማእከልና ኣትዩ ጸኒሑ`ምበር ንሕና ድኣ ኣሕዋት እንዲና።**" እዛ ልቦና`ዚኣ ምሕረት ከተውህበካ`ያ።

ሕጂ`ውን ካላእ ኣገራሚት ዛንታ ክህበካ`የ፣ ኣስካሕካሒ ግፍዒ ኣብ ልዕሊኡ ተፈጺሙ ምሕረት ዝገበረ።

<u>እስጢፋኖስ ሰማዕት</u>

ሊቀ ዲያቆናት እስጢፋኖስ፣ ኣብ`ታ ብዳርባ እምኒ ዝተጨፍለቐላ እዋን፣ ሓንቲ ኣገራሚት ጸሎት ጸልዩ ኣሎ፣ " **ኦ ጎይታይ! ንሓጢኣቶም ኣይትሓዘሎም።**" ከመይ ኣደናቒ!! እናተጨፍለቕካዶ ሓጢኣት ጨፍለቕተይ ሕደገሎም ይብሃል`ዩ ! ተመልከት! ሰማእት እስጢፋኖስ፣ እምኒ ከልዕሉ፣ በልዎ ዝብል ትእዛዝ ብጭካነ ክውሃብ፣ ካዕካዕ እናበሉ ክጭፍልቕዎ.. ነዚ ኩሉ ሓደ ብሓደ ክጽብጽቦ ግዜ እንተዝወስድ፣ ምሕረት ከይለመነሎም ምዓረፈ። ንሱ ግን ንኹሉ ሽለል ብምባል ይቕሬታ ገበረሎም። እዛ በደል ብጻይካ ክትዝርዝር ዘይምውዓል ከመይ ጽብቕቲ ይመስለካ። ኣረ ሕጂስ ምስ ነብስኻ ክትተሓሳሰብ ይደልየካ`ለኹ።ጽን`ሞ በለኒ፣ ቅዱሳን ክሳዕ ክንድዚ ግፍዕታት ወሪድዎም በደል በደልቶም ሽለል ካብ በሉ፣ ክንደይ ዝኣክል በደላት ስለዝወረደካ ኢኻ፣ እከለ/ እከሊት ዝገበሩኒኮ እናበልካ ንልብኻ መዝገብ ቂምን ክፍኣትን ትገብሮ ዘለኻ ! ናይ ብሓቂ ከተሓሳስበካ ዝግበኦ ጠባይ`ዩ። ይኸብደካ እንተሃልዩ፣ ኣምሪርካ ጸሊ። " **በደል ብጾተይ ሽለል ኢሉ፣ ይቕረ ዝብል ልቢ ሃበኒ።**" ኢልካ ጸሊ።

ሕጂ`ውን ካልእ ኣብነት ክህበካ`የ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ካብዛ ዛንታ ክልተ ዓበይቲ ትምህርቲ ክህበካ ደልየ ኣለኩ።ስዓበኒ፡-

ሓደ ማዓልቲ፣ ጎይታናን ደቀ-መዛሙርቱን ናብ ሓንቲ ካብ ዓድታት ሰማርያ ኣተዉ። እንተኾነ ግን እቲ ህዝቢ ተሪር ተቓውሞ ገበረሎም። ንጎይታ ዝኣክል ምቕባል ኣበይዎ። ሕርቃኖም ምቁጽጻር ዝሰኣኑ ሃዋርያት(ዮሃንስን ያዕቆብን)፣ከምዚ ኢሎም ንጎይታ ለመንዎ:- " ጎይታ፣ ከምቲ ኤልያስ ካብ ሰማይ ሓዊ ኣውሪዱ ነቶም ሓምሳ ሰባት ዘቃጸሎም ሓዊ ኣውሪድና ክነቃጽሎም ኣዝዝ።" ጎይታ ግን፣ " ወዲ ሰብ፣ ንሰባት

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ከድሕን`ምበር ከጥፍእ ኣይመጽኣን፣ ካበየናይ መንፈስ ምኧንኩም ፍለጡ።” ብምባል መለሰሎም( ሉቃ. 9፥51 )። ተመልከት`ሞ! ንፈጣሪ ዝኣክል ውጻእ ክትብሎ መወዳድርቲ ዘይብሉ በደል`ዩ።እንተኾነ ግን እቲ ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ ዝበለ ጎይታ፣ ንበደሎም ከይዘርዘረ ሽለል በሎም። እኳ ድኣ ከድሕኖም ምኧኑ ኣተስፈዎም። ኣስተውዕል`ሞ ክቡር ሓወይ፣ ጎይታ ዝኣክል እናተጸርፈ፣ እናተናዕቀ ሽለል ካብ በለ፣ ንስኻ ድኣ መን ኴንካ ኢኻ፣ ኣነዶ ከምዚ ይብሃል እናበልካ ንዕሽነት ሰባት ክትዝርዝር ትውዕል!! ብልክዕ ዓቢ በደል በጺሑካ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን ክርስቲያን ምኧንካ ኣይትዘንግዕ። ክርስቲያን ድማ ንዝጸልእዎ ዘፍቅር፣ ንዝረገምዎ ዝምርቕ`ዩ።

ብኻልእ መንገዲ፣ “ ነታ ካበየናይ መንፈስ ምኧንኩም ፍለጡ።” ትብል ቃል፣ ጎሲኻያ ኣይትሕለፍ። እዛ ቃል ከምዚ`ያ ትብለካ ዘላ፣ ሕነ ክፈዲ ዝብል፣ ንዝጸልእዎ ክጸልእ ዝብል፣ ናይ ዲያብሎስ መንፈስ`ዩ።ድገማ`ሞ “ **ካበየናይ መንፈስ ምኧንኩም ፍለጡ።”** ስለዚ ክቡር ሓወይ፣ ናየናይ መንፈስ ምኧንካ ንነብስኻ ሕተታ።

2ይ. ነጥቢ. ናይ ቂም ሓደገኛነት ኣይትረስዓዮ

ምናልባት ንኣገዳስነት ጸሎት ብዑምቀት ፈሊጥካ ትጽሊ ሰብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።ንሓደገኛነት ቂም ኣብ እዋን ጸሎት ክስዕ ክንደይ ትሓስበሉ ግን ባዕልኻ ኢኻ ንነብስኻ ትፈልጣ። ኣብ ቅዳሴ፣ ጸሎተ ማሕበር፣ ኣብ ናይ ግልኻ ጸሎት ትተግህ ትኸውን ኢኻ፣ ምጽላይካ “ እሰይ” ዘብል`ዩ፣ እንተኾነ ግን፣ ትጽልዮ ጸሎት ከምቲ ኣምላኽ ዝቕበሎ ድዩ ወይስ ከም ቃኤል፣ ቂም ኣብ ልብኻ ኣቐሚጥካ ኢኻ ትጽሊ ንነብስኻ ምሕታት ከድልየካ`ዩ። ክቡር ሓወይ፣ ቂም፣ ንጸሎትካ ከም ንፋስ ዝብትኖ ደመና ጌሩ ከይብትኖ ኣመና ጥንቁቕ ኩን። ሓንቲ ከዘኻኽረካ ዝደልያ ነገር ኣላ። ክትጽሊ ከለኻ፣ ነቲ ትጽልዮ ስቕ ኢልካ ኣይተንብቦ፣ እንታይ ኢልካ ተንብብ ወይ ትጽሊ እናተረዳኣካ ጸሊ። ንኣብነት ነታ ኣቡነ ዘበሰማያት ትብል ዓባይ ጸሎት፣ ክትጽሊ ከለኻ፣ “ ከምቲ ንሕና ንዝበደሉና ዝሓደግናሎም፣ በደልና ሕደገልና።” ትብል ኢኻ። ግን፣ በደል ብጾትካ ስለዝሓደግካ ዲኻ “ ከምቲ ዝሓደግኩሎም” ትብል ዘለኻ? ወይስ ትሕሱ ኢኻ ዘለኻ! ሰብዶ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይሕሱ`ዩ!! ኣስተውዕል`ሞ ! ዝተቐየምካሎም፣ ጌና ይቕረ ዘይበልካሎም እናሃለዉስ ከመይ ጌርካ “ ከምቲ ኣነ ንዝበደሉኒ በደሎም ዝሓደግኩሎም በደለይ ሕደገለይ” እናበልካ ትሕሱ? ክቡር ሓወይ፣ክሳብ ሕጂ ክትገብሮ ብዝጸናሕካ ክትድነቕ ኣረ ክትሓፍር ይግበኣካ`ዩ። ነዛ ሓጻር ታሪኽ`ሞ ተመልከታ።

**ሓደ ማዓልቲ`ዩ፣** ሓደ ኣቦ ምስ ፈታዊኦም ይገራጨዉ፣ ዋላ`ኳ ጠንቂ`ቲ ግርጭት ፈታዊኦም እንተነበረ፣ እቶም ኣቦ፣ ንቒም ኣመና ይፈርህዋ ብምንባሮም፣ ነቲ ግርጭት ናብ ሰላም ንምቕያር ብዙሕ ፈተኑ። ኣብ መወዳእታ`ውን በል በዲለካ`የሞ ይቕረ በለለይ ኢሎም ኣብ እግሩ ተደፊኦም ለመንዎ። ምስማዕ ምስ ኣበዮም፣ በል

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዝወደይ፣ ምስማዕ ካብ ኣቦኻኒ ጸሎት ጸሊና ንፈላለ ኢሎም ንጸሎት ሓፍ በሉ። ዓው ብዝበለ ድምጺ ከአ፣ “ ኣብ ሰመይ ትነብር ኣቦና፣ ስምካ ይቀደስ፣ መንግስትኻ ትምጻእ..........ከምቲ ንሕና ንዝበደሉና ይቕረ ዘይንብለሎም ንስኻ`ውን ንበደልና ይቕረ ኣይትበለልና።” ኢሎም ጸሎቶም ወድኡ። ነዚ ዝሰምዐ ዓርኮም፣ ስለምንታይ ንበደልና ይቕረ ኣይትበለልና ኢልኩም ትጽልዩ?በሎም ብምግራም። እቶም ኣቦ ድማ፣ “ዓርከይ! ኣብ ቅድሚ`ቲ ኣይትሓስዉ ኢሉ ዝኣዘዘ ኣምላኽ፣ ሓሶት ዝተሓወሶ ጸሎት ክንጽሊ ኣይግብኣናን`ዩ። እቲ ጽሑፍ “**ንዝበደሉኹም በደሎም እንተሓደግኩምሎም፣ ሰማያዊ ኣቦኹም ድማ ንበደልኩም ክሓድገልኩም`ዩ። እንተዘይሓዲክሙሎም ግን ኣይሓድገልኩምን`ዩ።**እዩ ዝብል፣ በደልና ዘይተሓዳደግና ክነስና፣ ከመይ ጌርና፣ ከምቲ ንሕና በደል ብጾትና ዝሓደግና፣ በደልና ሕደገልና ንብል? እናበሉ ንነብሱ ዘመርምርን ነቲ ልምዳዊ ኣጻላልይኡ ዘአርምን ምኽሪ ሃብዎ።ዓርኮም፣ በቲ ሓቀኛ ክርስቲያናዊ ኣነባብርኦም እናተደነቐ፣ ይቕረ በሉለይ ኢሉ ኣብ እግሮም ወደቐ።

ኣየ ነዚ ምስትውዓል`ዚ እንተትለብሶስ ! ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ቅዱሳንን እናሓሰኻ ትነብር ሰብ ብምኽንካ ክንደይ ኮን መሕፈረካ !! ክቡር ሓወይ፣ ሕጂ`ውን ደጊመ ክሓተካ፣ ናይ ቂም ሓደገኛነት ክሳዕ ክንደይ`ዩ ዘሰክፈካ? ክሳዕ ክንደይ ኢኻ`ኸ ትኹረት ትገብረሉ? ተመልከት`ሞ! ከይጸለኻ ስቕ እንተበልካ ካብ ሰማያዊ ኣቦኻ ክትፍለ ኢኻ፣ ምስ ቂምካ እንተጸለኻ ከምቲ ትርጓሜ ወንጌል “ **ዘኣንበረ ቂመ ውስተ ልቡ፣ ኢውክፍት ጸሎቱ በቅድመ እግዚኣብሔር።**” ዝበሎ፣ ጸሎትካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቅቡል ኣይኮነን።ከመይ ኣዋጣሪ!! .....ድሓን ኣይትወጠር፣ ክትገብራ ዘለካ ሓንቲ ቀላል ነገር ኣላ፣ ንሳ ከአ፦ **ንበደላት ብጻይካ ዘይምዝርዛር ኢያ።** በቃ፣ ንሓደገኛነት ቂም ምዝካር፣ ንእኒ ጻድቕ ዮሴፍ፣ ሰማዕት እስጢፋኖስ፣ ቅዱስ ጳውሎስ... ምዝካር።ዘክሮም።

4ይ. ነጥቢ. ተጠዓሲ ኩን

ክቡር ሓወይ፣ ብሰንኪ ዝወረደካ ከበድቲ በደላት፣ ኣብ ልዕሊ በዳሊኻ ተቐይምካ ትህሉ ኢኻ፣ የግዳስ ተጠዓሲ ኩን። ሓቂ`ዩ፣ ኣብ ክውንነት ክንኣምን ስለዘለና፣ ከበደቲ በደላት ኣብ ዝወርዱኻ፣ ክትኩሪ አረ ክትቅየም ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን ክርስትያን ምኻንካ ክትርስዕ ኣይግብኣካን። ክርስቲያን ከመይ ድዩ? ክርስቲያን ድኣ “**ኣብ ኩርኡ ጸሓይ ዘይትዓርቦ።**”(**ኤፌ.** 4፣26) እምበርከ፣ “ **ኩራ ሰብ ጽድቂ ኣየምጽእን`ዩ።** ” ተባሂሉዶ ኣይተነግረን።(ያዕ. 4፣)ሓደ ከረጋግጸልካ ዝደልዮ ሓቂ`ሎ፣ ተጠዓሲ ባህሪ ምውናን፣ ነቲ ከም ድኹም ሰብ ኮራይ ጠባይካ፣ ናብ ከም

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ቅዱሳን ሓዳጊ በደል ክልውጠካ'ዩ።እዛ ባህሪ'ዚኣ ምሳኻ እንተዘየልያ ንኽትውሃበካ ኣበርቲዕካ ጸሊ።ነቲ ለምኑ ክውሃበኩም ዝብል መብጽዓ ተጠቐመሉ።

ሓደ ካብቲ ዓቢ ብልጫ፣ ተጠዓሲ ባህሪ ምውናን፣ **ንእግዚኣብሔር ዘምስለካ ምኳኑ'ዩ።**እግዚኣብሔር ድማ በቲ “ **ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩም'ውን ፍጹማት ኩኑ።**” ዝብል ቃሉ ጌሩ ንዕኡ ክትመስል ኣዚዙካ'ዩ።ነዛ ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኽ'ሞ ርአያ።

እስራኤላውያን፣ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ገዲፎም ኣምልኮተ ጣዖት ምስጀመሩ፣ እግዚኣብሔር ብኹራ ነዲዱ ንኸጥፍኦም መደበ። ይኹን'ምበር ነቢይ ሙሴ ብዝገበሮ ናይ ምልጃ ጸሎት፣ እግዚኣብሔር ካብ ኩርኡ ተመልሰ፣ ምሕረት ከአ ገበረሎም። እቲ ቃል ከምዚ ይብል፣ “ **....እግዚኣብሔር ድማ ካብ ኩርኡ ተመልሰ፣ ነቲ ክገብሮ ሓሲብዎ ዝነበረ ከአ ተጣዕሰሉ።**” (**ዘጸ.** 32፣13-14)ነዚ'የ ከአ ኣቐዲመ፣ ተጠዓሲ ባህሪ እንተለካ፣ ንእግዚኣብሔር ክትመስል ኢኻ ዝበልኩኻ።

ክትጠዓስ ከለኻ፣ ስለ ክልተ ነገር ተጠዓስ፣ ነቲ

- “ ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ።” ዝብል ቃል ብምጥሓስካ፣ ከምኡ'ውን
- ንሓወይ ተቐይመን ኣብ ልዕሊኡ ኩፉእ ነገር ፈጺመን እንታይ'ዩ ረብሓይ፣ እናበልካ ተጠዓስ።ተጠዓሲ ባህሪ ወንን። እንተዘይብልካ፣ ክትውሃበካ ኣምሪርካ ለምን።

4ይ. ነጥቢ. ነዛ ጥቕሲ ትኹረት ግበረላ

ነዛ ኣገዳሲት ጥቕሲ ቕድሚ ምሃበይ፣ ቃል ኣምላኽ ንምሕላው ክሳዕ ክንደይ ድልው ምህላውካ ተዛኽኽረካ ጥቕሲ ክህበካ'የ። “ **እ! እግዚኣብሔር ሕግኻ እንታይ ምኳኑ ምሃረኒ፣ ኣነ ከአ ክሳዕ መወዳእታ ክሕልዎ'የ።**” (**መዝ.** 119፣33) ክቡር ሓወይ ሕጂ'ውን ሓንቲ ነጥቢ ከዘክረካ ስምዓኒ፣ ቅዱሳን፣ ንቕድስና ዝበቕዑ፣ ነቲ ዝተነግሮዎ ቃል “ክሳዕ ዕለተ ሞተይ ኽሕልዎ'የ።” ኢሎም ስለዝሕልውዎ'ዮም። ከመይ ጌረ ክኽእሎ እንተዝብሉስ ወዲቖም ምተረፉ።ከመይ ጌረ ክኽእሎ ኣይትበል፣ ምሃረኒ'ሞ ክሳዕ መወዳእታ ክሕልዎ'የ በል።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሕጂ`ምበኣር፣ ነዛ ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ጥቕሲ፣ ከሳዕ መወዳእታ ክትምርሓላ ምስ ነብስኻ ቃል እቶ። እንሀት`ታ ጥቕሲ፣

❖ **" ቃልስና ምስ ደምን ስጋን ዘይኮነስ ምስቶም ከፉኣት መናፍስቲ ስሕተት`ዩ።"** (ኤፌ. 6፣12) (ደምን ስጋን=ሰብ)ምስ ሰባት ክትቃለስ ትነብር እንተሃሊኻስ ብላሽ ኢኻ።ነዛ ረቃቕ ጥበብ ዲያብሎስ እሞ ተመልከታ፦ ኣብቲ በዳሊኻ ሓዲሩ ንዕኡ ሓጢኣት የስርሖ፣ ናባኻ ተመሊሱ ድማ ከምትቕየመሉ ይገብረካ።ኣብ ሓደ እዋን ንኽልቴኹም ኣብ ቁጽጽሩ የእትወኩም። ከመይ ኣደናቒ ጥበብ`ዩ!! ክቡር ሓወይ፣እዚ ጥበብ እዚ ሽለል ኢልካ ዘይሕለፍ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ክትዕወት ረቂቅ ጥበብ ክድልየካ`ዩ። እዚ ጥበብ`ዚ ካልእ ኣይኮነን፣ በቃ፣ ነዛ ሂበካ ዘለኹ ጥቕሲ ምዝካራን ምፍጻማን`ዩ። ቃልስኻ ምስ ሰባት ዘይኮነ ምስ መናፍስቲ ስሕተት እዩ።እቲ <u>ቃልሲ</u> ተባሂሉ ዘሎ ድማ፣ ንሳቶም ንበደል ብጻይካ ብዝርዝር ከዛኻኽሩኻ ክፍትኑ ከለው፣ ንስኻ ድማ ንበደል ብጻየይ ክዝርዝር ኣይደልንየ ምባል እዩ። እዚኣ ኢያ ቃልሲ ምስ መናፍስቲ ስሕተት ትበሃል።

ምዕራፍ ኣርባዕተ

<u>ሸሞንተ ነጥብታት ኣብ ትሕትና</u>

1ይ ነጥቢ. <u>ትሕትና ኣብ መንፈሳዊ ሂወት</u>

ንመንፈሳዊ ሂወትካ ትመዝነሎም ነጥብታት ብዙሓት`ዮም። ሓደ ካብኣቶም ትሕትና`ዩ። ትሕትና !!.....ትሕትና!!... ንምኺኑ ትሕትና እንታይ`ያ? ንቖሩብ ካልኢት ምንባብ ኣቋሪጽካዶ ምተንተንካያ? እንድዒ፣ ንዕምቆታ ብቑሩብ ካልኢት ትበጽሖ ኣይመስለንን። ነዛ ምዕራፍ ብሙሉኣ ክይበጻሕካያ፣ ንምድሪ ትሕትና ትበጽሖ ኣይመስለንን። ንግዚኡ ግን፣ ትሕትና፣ ናብ ዝዓበየ ክብሪ ተብጽሕ መንፈሳዊት መንገዲ ኢልካ ሓዛ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዓበይትን ኣገረምትን ስነ ምግባራት እኳ እንተገበርካ፣ ብዘይትሕትና ከም ንፋስ ዝብትኖ ደበና'ዩ። ንዓለም ክሒዶም፣ ንብረቶም ንድኻታት ዓዲሎም፣ ንሕጊ ኣምላኽ ብጥንቃቐ ፈጺሞም ከብቅዑ ብሰንኪ ትዕቢቶም ዝተወቕሱን ዓስቢ ዝሰኣኑን ውሑዳት ኣይኮኑን። ንኣብነት፣ ኣባ መቃርስን ኣባ እንጦንስን ንሕና ንዓለም ዝኸሓድና፣ ሃብትና ንድኻታት ዝሃብና ኢና። ካብ ሃዋርያትን ነብያትን እንታይ ይፈልየና? ኢሎም ኣብ ዝተዓበይሉ፣ እግዚኣብሔር፣ ከመይ ጌሩ ከምዝገነሖምን ናበይ ወሲዱ ብዛዕባ ትሕትና ከምዝምሃሮምን ኣብታ " ንዝተጋገየ ብጸይካ ኣርሞ" ትብል ኣርእስቲ ኣንቢብካያ ኣለኻ። እቲ " ኣነ፣ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ እጸውም፣ ዕሽር እህብ፣ ከምዚ ዓማጺ ስብኣይ ኣይኮንኩን። እናበለ፣ ኣብ ኮረሻ ትዕቢት ተቐሚጡ ዝጸለየ ፈሪሳዊ ፣ ጸሎቱ ከንቱ ኮይኑ ከምዝተረፈ፣ ኣብታ ወንጌላዊ ሉቃስ ዝጽሓፋ መጽሓፍ ሰፊራ ኣላ።(ሉቃ.18) ጎይታ'ውን፣ "**እቶም ትሕት ዝብሉ ልዕል ክብሉ እዮም ።**"ኢሉ ብምስትምሃር፣ ትሕትና ናብ ዓቢ ክብሪ ተብጽሕ መንፈሳዊት ስነ ምግባር ምዃና ኣረዲኡና እዩ።

ምስዚ ክገለጸልካ ዝጸናሕኩ ትሰማማዕ እንተኾንካ፣ ሂወትካ ብትሕትና ከም ትንደቕ ግበር። ንሊቀ ነብያት ሙሴ ከንኣን ዘየእተወቶ ትዕቢት ምዃና ክትዝክር ከለኻ ከመይ " **እውይ ትዕቢትስ !!** " ዘይትብል. ..እቲ ንባሕሪ ኤርትራ ኣብ ክልተ ክኸፍል ስልጣን ዝተዋህቦ፣ እቲ፣ ብምቾት ኣብ ግብጺ ካብ ምንባር፣ ምእንቲ እግዚኣብሔር መከራ ምቕባል ይሕሸኒ ዝበለ ዓቢ ነቢይ፣ብሰንኪ ትዕቢት ከንኣን ኣይኣተወን ክትበሃል ከመይ ዘይትፈርህ። ነቲ፣ ብሰንኪ ትሕትንኡ ሓጢኣቱ ዝተሓድገሉ ተጋዊ ሰብኣይ ክትዝክር ከለኻ፣ ከመይ "**እሰይ ትሕትናስ** !! " ዘይትብል። ተመልከት'ሞ! ጎይታ ዓለም ክርስቶስ፣ ድንን ኢሉ እግሪ ሃዋርያቱ ክሓጽብ ክትርኢ ከለኻ **ለከ መሰረት ክርስትና ትሕትና'ዩ ኢኻ ትብል**። ብርግጽ ከኣ ከምኡ'ዩ።

ካብ ሕጂ'ምበኣር ዕምቆት እናወሰካ ኢኻ ክትከይድ። ኣድህቦኻ ሃበኒ። ኣዒንትኻ ናብ'ዚ ቀለም፣ ኣእምሮኻ ናብ'ቲ ዝዓሞቐ መልእኽቲ'ዛ ኣርእስቲ ስደዶ።

<u>እታ ሓቀኛ ትሕትና</u>

ኣቐዲመ ስለምንታይ ሓቀኛ ትሕትና ከምዝበልኩ'የ ክገልጸልካ። ብዙሕ ግዜ ትሕትና ዝመስል ግን ከኣ ዘይኮነ ጠባያት ነርኢ ኢና።ክቡር ሓወይ፣ እዛ " ***መንገድታትካ መሃረኒ።***" ትብል ጸሎት ዘማራይ ዳዊት ከመይ ጽብቕቲ ይመስለካ። ሕጽር ብዝበለ እታ ሓቀኛ ትሕትና ትብሃል፣ ሰባት ክንእዱኻ ከለዉ፣ " ኣይ! ኣነ ድኣ ድኹም እንድኣለይ።" እትብላ ዘይኮነትስ፣ ሰባት ክነቕፉኻ ከለዉ፣ <u>" ሓቅኹም፣ ድኹም ስለ ዝኾንኩ እንዳኣለይ ከምኡ ጌረ።"</u> ክትብል ከለኻ'ያ።

ቀጺለ ፣ ርድኢትካ ንምስፋሕ፣ ሓቀኛ ትሕትና እንታይ ከም ዝመስል ምስ ኣብነቱ ገሊጸልካ ኣለኹ።ስዓበኒ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሓቀኛ ትሕትና እናሰራሕካ ትሑት ምኻን'ዩ

“ ኩሉ ምስ ፈጸምኩም ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ክንገብሮ ዝግበኣና ኢና ዝገበርና በሉ።” (ሉቃ.)

ብዙሓት ሰባት፣ እዚ ግበሩ ክበሃሉ ከለዉ፣ “ ኣይግበኣንን'ዩ፣ እከለ ከሎ ከመይ ጌረ ኣነ እገብር....” ክብሉ የጋጥሙ'ኻ'ዮም። እዚ ከአ ነታ “ ኣይግበኣንን” ትብል ቃል ከም መግለጺ ትሕትና ጌሮም ስለ ዝኣምኑላ'ዩ። ኣስተውዕል! ንምስራሕ እኹል ዓቕሚ እናሃለወካ፣ ኣነ ድኣ ከመይ ጌረ ምባል ስንፍና'ምበር ትሕትና ከይመስለካ። ረቂቕ ሜላ ሰይጣን'ውን ክኸውን ይኽእል'ዩ። ሕጂ'ውን ኣስተውዕል፣ “ ኩሉ ምስ ፈጸምኩም፣ ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ክንገብሮ ዝግበኣና ኢና ዝገበርና በሉ።” ድኣ'ዩ ተባሂሉ'ምበር፣ ኮፍ ኢልኩም ኣይግበኣናን በሉ ኣይተባህለን። ድሓር ድማ፣ ክርስትና፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ ክሰርሖ ዝግበኦ እናሰርሐ ዝነብረሉ መድረኽ'ምበር፣ ኮፍ ኢልካ ክትዕዘብ ዘፍቅድ መድረኽ ኣይኮነን። ስለዚ፣ ክትፍጽሞ ዝተሓተትካዮ ፈጽሞ፣ ብድሕሪ'ዚ፣ ኣነ ሓጥእ ፣ ክገብሮ ዝግበኣኒ'የ ዝገበርኩ በል። ኣብ ርእሲ'ዚ፣ ነቲ ብሕጂ ትሰርሖ እናሓሰብካ ድኣ ጌና ብዙሕ ተሪፉኒ'ሎ በል 'ምበር ብዝገበርካዮ ከይትዕበ ተጠንቀቕ። ንኣብነት ጸሊ፣ ግን መን ከማይ ጸላያይ ኣይትበል። ብተወፋይነት ኣገልግል፣ መን ከማይ ግን ኣይትበል፣ ኮታስ ኣነ ዘይሰራሕክዋ ኣይትምቅርን ኢያ ኣይትበል።እኳ ድኣ ነቲ ጌና ዘይሰራሕካዮ እናዘከርካ ተሻቐልን ጸልን። እስከ ነዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ኣብነታት ርአየን፣

ትሕትና ድንግል ማርያም

ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ነቲ “ ድንግል ክትጠንስ ወዲ ድማ ክትወልድ ኢያ፣ ስሙ ከአ ኣማኑኤል ኢላ ክትሰምዮ እያ።” ዝብል ናይ ትንቢት ኢሳይያስ ቃል ክተንብብ ከላ፣ ከምዚ እናበልት ሃረርታኣ ትገልጽ ነበረት፣ “ **እዛ ንኣምላኽ ንምውላድ ትበቅዕ ድንግልስ መን ኮን ትኸውን? ኣንታ ፈጣሪ ናታ ኣገልጋሊት ኮን ኣይትገብረንን።**” ተመልከት'ሞ ኣንባቢ ! ካባይ ትበልጽ ካልእ ድንግል ኣላ ምባላ ከመይ ኣደናቒ ትሕትና እዩ ! ድንግል ማርያም ኣነዶኾን ይኸውን እታ ድንግል ከብላ ዝኽእል ብቕዓትኮ ኔርዋ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ቤተ መቕደስ ካብ ጾምን ጸሎትን መጋረጃ ቤተ መቅደስ ምፍታልን ሞሰበ ወርቅ ምስፋይን ከይተፈለየት ዝዓበየት ድንግል'ያ። ኣብ ርእሲ'ዚ ብመልኣኽ ፋኑኤል እናተመገበት ዝዓበየት'ያ። ሓሳብ ምድሪ ከም ዘይነበራ'ውን ትፈልጥ'ያ። ምስ'ዚ ኩሉ ዕብየታ ግን ኣነዶ ይኸውን ከይበለት “ ኣገልጋሊት ናይ'ዛ ድንግል ግበረኒ።” እናበልት ትጽሊ ነበረት። ትሕትናኣ በዚ ኣየብቀዐን፣ ቅዱስ ገብርኤል መጺኡ እታ ንኣምላኽ ትወልድ ድንግል ንስ'ኺ ኢኺ ።” ክብላ ከሎ፣ እዝስ ከመይ ኢሉ ይኸውን ድኣ በለት እምበር ይግበኣኒ'ዩ ኣይበለትን። ልቢ በል ! ድንግል ማርያም፣ ክትሰርሖ ዝግበኣ ስራሕ ቅድስና ሰሪሓ ደኣ ኣነ መን ኮይነ በለት እምበር፣ ኮፍ ኢላ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣይግበኣንን ኣይበለትን። ነዚ`የ ክትሰርሖ ዝግበኣካ ስራሕ`ሞ በቲ ዝሰራሕካዮ ከይተዓበኻ “ ክገብሮ ዝግበኣኒ`የ ዝገበርኩ በል ዝበልኩኻ።

ናብ ካልእ ኣብነት ሕለፍ

ትሕትና ቅድስት ኤልሳቤጥ

ብዛዕባ ጽድቂ ቅድስቲ ኤልሳቤጥ፣ ወንጌላዊ ሉቃስ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ኣሎ፣ “ ሓደ ዘካርያስ ዝበሃል ካህን ነበረ፣ ካብ ዘርኢ ኣሮን ዝኾነት ኤልሳቤጥ ትብሃል ሰበይቲ ከኣ ነበረቶ። ክልቲኦም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፣ ብኹሉ ትእዛዛት እግዚኣብሔርን ሕጋጋቱን ብዘይጉድለት ዝመላለሱ ጻድቃን ነበሩ።” (ሉቃ.1፥5-7) እዛ ቅድስቲ ኣደ ግን ምስ`ዚ ኩሉ ቅድስንኣ፣ ኣብ`ታ ድንግል ማርያም ክትበጽሓ ዝመጸትላ ማዓልቲ፣ **“ ኣደ ጎይታ ናባይ ክትመጽኢ ካበይ ኮነለይ ?”** እናበለት ደኣ ርእሳ ኣትሓተት`ምበር ስነምግባራታ ጸብጺባ ስለዝግበኣኒ`ያ መጺኣትኒ ኣይበለትን።እናሰራሕካ ትሑት ምኻን ዝብሃል ከኣ እዚ`ዩ። ክቡር ሓወይ፣ ነቲ **“ መን ከማኻ ”** ዝብል ውዳሴ ከንቱ ደኣ ተቓወሞ`ምበር ነቲ ክትሰርሖ ዝግበኣካስ ኣይግበኣንን እናበልካ ኣይትህደመሉ።

ሕጂ`ውን ካልእ ኣብነት ክህበካየ፣

ትሕትና ኣቦና ኣብርሃም

ኣቦና ኣብርሃም፣ ዓርኪ እግዚኣብሔር፣ ኣቦ ኩላ ዓለም እናተባህለ ዝጽዋዕ ብቑዕ ሰብ`ዩ ነይሩ። ይኹን`ምበር ኣብ`ታ ስለ ሰዶምን ጎሞራን ምሕረት ዝለመነላ ግዜ ንነብሱ ክሳዕ ክንደይ ከምዘትሓታ በዛ ትስዕብ ቃሉ ንርዳእ፣ “ **..ኣነ ሓመድን ሓሙኽሽትን ክንሰይ ምስ ኣምላኽይ ክዛረብ ደፈርኩ።”** ልቢ`ሞ በል ክቡር ሓወይ፣ ንነብሱ ከም ሓመድን ሓሙኽሽትን ዘድከማ ሰብ ከመይ ጌሩ`ዩ ኣነዶ!! ኣነኮ!! እናበለ ኣብ ኮረሻ ትዕቢት ዝውጣሕ?? እዛ ተግባራትካ እናጸብጸብካ ኣነኮ! ትብል ውድቕቲ ትምክሕቲ ፈጺምካ ከይትጥቀመላ። ኣብ ካልኦት እንተርኣኻያ`ውን እናሓዘንካ ጸልየሉም።

ቀጽል፡-

ትሕትና ቅዱስ ጳውሎስ

ኣቐዲምና ገለ ካብ ዓበይትን ኣገረምትን ዕዮታት ቅዱስ ጳውሎስ ክንጠቅስ፣

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- “ ብዙሕ ግዜ ዝተኣሰርኩ፣ ብዙሕ ግዜ ዝተገረፍኩ፣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣፍ ሞት ዝበጻሕኩ እየ።” ክሳዕ ክንደይ ምእንቲ ክርስቶስ መከራ ከም ዝተቐበለ ተመልከት። (2ይ ቆሮ. 11፣23-29)
- “ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ በጽሐ።”(2ይ ቆሮ. 12፣2) ተመልከት ዕብየት ጸጋ!!
- “ ኣጋንንቲ ገኒሑ የባርሮም ነበረ።”(ግብ.ሃዋ. 16፣18)

ምስ`ዚ ኩሉ ተጋድሎኡን ቅድስንኡን ግን ኣነ ሃዋርያ ክበሃል ኣይበቅዕን ፣ **ቁላዕ`የ፣ ካብ ኩላቶም ሃዋርያት ዝነኣስኩ`የ** ክብል ድኣ ተሰምዐ`ምበር “ ኣነኮ ” ክብል ኣይደፈረን። እኳ ደኣ፣ ብዝገበርካዮ ምዕባይ ስራሕ ዓያሹ ምዃኑ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል፣ “ ...ከም ጽሉል ደኣ`የ ዝዛረብ ዘለኹ`ምበር ኣነ እበልጾም`የ።” ኣብዚ፣ ኣነ እበልጾም`የ ዝብል ዘሎ ነቶም ናይ ሓሶት ሃዋርያት እዩ። እቲ ዘገርም፣ ዋላ`ውን ነቶም ሓጢኣተኛታት ዝብሃሉ እበልጾም`የ ምባል ዘረባ ዓያሹ ምዃኑ`ዩ። ነታ <u>ከም ጽሉል ደኣ`የ ዝዛረብ ዘለኹ`ምበር</u> ዝበላ ትኹረት ግበረላ። ቅዱስ ጳውሎስ በዚ ኣየብቀዐን፣ ብዛዕባ`ቲ ዝወረዶ መከራታት ድሕሪ ምዝርዛር፣ ከምዚ እንድየ ዝገበርኩ፣ ከምዚ እንድዩ ዝወረደኒ እናበልካ ውዕሎኻ ምጽብጻብ ናይ ዓያሹ ምዃኑ ክገልጽ ከሎ፣ “ ከም ዓሻ`የ ዝተዛረብኩ።” ይብል።(2ይ. ቆሮ.11፣23) (2ይ. ቆሮ. 12፣11)

ክቡር ሓወይ፣ ከምዞም ዝርኣኻዮም ቅዱሳን ንኣምላኽ ባህ የብሎ`ዩ ዝበልካዮ ስራሕ`ሞ፣ ብዝገበርካዮ ምምካሕ ስራሕ ዓያሹ ምዃኑ ንነብስኻ ንገራ። ኣይትዓሸዊ በላ።

ሕጂ`ውን ቀጽል፣

<u>ትሕትና ኣባ መቃርስ</u>

ኣባ መቃርስ፣ ነታ ኣብ ታሕታይ ግብጺ ትርከብ ገዳም ኣስቄጥስ ዝመስረቱ፣ ብትሕትንኦም ዝፍለጡ ኣቦ ብዙሓት መነኮሳት እዮም ኔሮም።ብትሕትንኦም ሰባት ጥራይ ዘይኮኑስ ኣጋንንቲ`ውን ይድነቑ ነበሩ። ሓደ እዋን`ውን ዲያብሎስ ከምዚ ኢሉ መስኪርሎም ኔሩ እዩ፣ “ መቃርስ፣ ንስኻ ትስዕረኒ ዘለኻ ብጾምን ጸሎትን ከይመስለካ፣ ብትሕትና ኢኻ ትስዕረኒ ዘለኻ።”

ኣባ መቃርስ፣ ኮኾብ ገዳም ተባሂሎም ዝጽውዑን ካብ ዝተፈላለያ ገዳማት ትምህርትኹም ደሊና፣ በረኸትኩም ክንካፈል ደሊና እናበሉ መነኮሳትን ባሕታውያንን ዝበጽሕዎም ዝነበሩ ኣቦ እዮም ኔሮም። ምስ`ዚ ኩሉ ብቕዓቶም ግን <u>“ ኣነ ሓቀኛ መነኮስ ኣይኮንኩን።”</u> እናበሉ ንርእሶም ይንዕቅዋ ነበሩ። ኣባ መቃርስ፣ ክሰርሕዎ ዝግብኦም መንፈሳዊ ስራሓት እናሰርሑ ደኣ “ ኣነ መነኮስ ኣይኮንኩን ይብሉ ነበሩ`ምበር፣ ክሰርሕዎ ካብ ዝግበኦም ኣይሃደሙን።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

እምበኣር ክቡር ሓወይ፣ ነዞም ክትርእዮም ዝጸናሕካን ካልኦትን ኣብነታት ኣብነት ገርካ፣ እናሰራሕካ ትሑት ምኳን ተለማመድ።

ኣስተውዕል!! ካባኻ ብዝበለጸ ክሰርሕዎ ዝኽእሉ ምህላዎም እንተፈሊጥካ ግን ካባይ እከለ ሓወይ ይሓይሽ እንተበልካ ጽቡቕ'ዩ።

ሓቀኛ ትሕትና እቲ ናይ ልቢ ትሕትና እዩ።

ናይ ይምሰል ትሕትና ክበሃል ሰሚዕካ ትኸውን ኢኻ። ትሑት ዘይኮንካ ክነስኻስ መሲልካ ክትርአ ምድላይ ማለት'ዩ። ከመይ ከምዝመስል ድማ ከርእየካ'የ። ኣብ ቅድሚ ሰባት ኣነ ሓጥእ'የ፣ ኣነ ድኹም'የ እናበልካ ትጸንሕ'ሞ ብገለ ነገር ክነቕፉኻ ምስ ጀመሩ ጸላዕላዕ ይብለካ፣ ነብስ ምክልኻል ክትገብር ህርድግ ትብል። ኣብርእሲ'ዚ ነቲ ዝነቐፈካ ክትቅየመሉ ትጅምር። እዚ ጠባያት ኣባኻ እንተሃልዩ ናይ ይምሰል ትሕትና ተላግጸለካ ምህላዋ ኣስተውዕል።

ናይ ልቢ ትሕትና ደኣ ከመይ'ዩ?.... ናይ ልቢ ትሕትና ከምዚ'ዩ፣ ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ክትብድል ትኽእል ምኳንካ ምእማን፣ ስለዝኾነ ከኣ ኣብክንዲ ኣነዶ ከምዚ ይብሃል ኢልካ ምንዳር ምናልባት ከይተረድኣኒ ፈጺመዮ ክኸውን ይኽእልየ ኢልካ ንነብስኻ ምጥርጣር። ሰባት ክነቕፉኻ ከለዉ፣ ኣሜን ኢልካ ጉድለትካ ምቕባል። ብዘይውዓልካዮ የወንጅሉኻ እንተሃልዮም ድማ ኣነዶ ከምዚ ይበሃል ዝብል ስምዒት ኣወጊድካ ቀስ ኢልካ ክተረድኦም ምፍታን።

እስከ ነዞም ቀጺሎም ተዋሂቦሙ'ኻ ዘለው ታሪኻት ተመልከቶም።

ቅዱስ ዲሞጥሮስ

ቅዱስ ዲሞጥሮስ፣ ንኣርባዓን ሸሞንተን ዓመታት ምስ'ታ ዝተመርዓዋ ጓል ኣኩኡ ድንግልንኡ ዓቂቡ ንመዓርገ ጵጵስና ዝበቕዐ ኣቦ እዩ። ንሱ፣ ፍቓድ ወለዱ ንምፍጻም ደኣ ተመርዓው'ምበር ናይ መርዓ ድሌት ኣይነበሮን። ስለዝኾነ ከኣ ምስ'ታ ዝተመርዓዋ ብምስምማዕ ድንግልንኦም ዓቂቦም ነበሩ። እቲ ንንጽህንኡ ዝርኣየ ኣምላኽ ድማ መልኣኹ ናብ'ቲ ሽዑ ዝነበረ ጳጳስ ልኢኹ ንዲሞጥሮስ ጳጳስ ጌሩ ክሽሞ ኣዘዞ። ቅዱስ ዲሞጥሮስ፣ ካብ እግዚኣብሔር ብዝተዓደሎ ጸጋ፣ መን ንቅዱስ ቁርባን ይበቅዕ መንከ ኣይበቅዕን ይፈልጥ ነበረ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ግዜ ቁርባን፣ ነቶም ክቕበሉ ዝመጽኡ ሰባት፣ ንስኻ ተቐበል፣ ንስኻ ግን ካብ ሓጢኣትካ ተነሳሕ እናበለ ይመልሶም ነበረ።እቲ ህዝቢ ብስራሕ ቅዱስ ዲሞጥሮስ ክቕየም ጀመረ፣ እዝስ ተመርዕዩ ጵጵስና ክቕበል ዘይፈርህ መን ኮይኑ'ዩ ንስኻ ተቐበል ንስኻ ኣይትቀበል እናበለ ዝፈላልየና እናበሉ ምሕማይ ናይ ማዓልታዊ ስርሖም ኮነ። ይኹን'ምበር፣ ቅዱስ ዲሞጥሮስ፣ ሕሜታ ንተሓማያይ ካብ መንግስተሰማይ ከምዘይፈልዮ ስለዝፈልጥ፣ ስለምንታይ መን ምኳነይ ከይፈለጥኩም ትሓምዩኒ ኣይበሎምን። እኳ ደኣ ብዝበለጸ የገልግሎም ነበረ። ንኹሉ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሕሜታታት ከም ምንጪ በረኸት ጌሩ ይቕበሎ ነበረ። ከምዚ ኢሉ እናተጓዘ፣ ሓደ ማዓልቲ መልኣኸ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ከምዚ በሎ፣ “ ኦ ዲሞጥሮስ ! ስለምንታይ ፈታዊ ነብስኻ ትኸውን? ዋላኳ ሕሜታ`ዚ ህዝቢ ንበረኸትካ እንተኾነ፣ እዚ ህዝቢ ግን ብዘይፍላጥ ንኑጽህ ሰብ ብምሕማዩ ይሓጥእ`ዩ ዘሎ። ስለዚ ሕዘነሎም። ምስጢር ንጽህናኻ ግለጸሎም።” ቅዱስ ዲሞጥሮስ ንትእዛዝ መልኣኸ ተቐቢሉ፣ ነቲ ህዝቢ ድሕሪ ቅዳሴ ኣኪቡ፣ ሓዊ ኣንድዱ በሎም፣ ኣብ ማእከል`ቲ ሓዊ ካብዚ ናብቲ እናበለ ተመላለሰ። ከይተቓጸለ ድማ ወጸ። ንሰበይቱ( ሓፍቱ) ድማ ሓዊ ኣብ ነጸላኺ ጌርኪ ነዚ ህዝቢ እናዘወርኪ ይቕሬታ ግበሩለይ በልዮም በላ ። ከምኡ ገበረት፣ ነጸልኣ ናይ ምቅጻል ምልክት`ውን ከየርኣየ ተረፈ።ነዚ ዝርኣየ ህዝቢ “ ኦ ኣቦና ይቕረ በለልና....” እናበለ ተደፊኡ በኸየ። ን48 ዓመታት ምስታ ከም ሰበይቱ ዝፈልጥዋ፣ ግብረ ስጋ ከይፈጸሙ ከምዝተቐመጡ ገሊጹ ስርየት ሂቡ ኣፋነዎም።

ተመልከት ኣንባቢ፣ ንቅዱስ ዲሞጥሮስ ሕሜታ ህዝቢ ተቐቢሉ ብተወፋይነት ከምዘገልግሎም ዝገበረቶ እዛ ናይ ልቢ ትሕትና ኢያ።ክቡር ሓወይ ክትንቀፍ ከለኻ ትበሳጮን ትቑጣዕን እንተ`ኼንካ፣ ናይ ልቢ ትሕትና ክትዋሃበካ ኣበርቲዕካ ጸሊ። ኣብ ትሕመየሉ ኮነ ትንቀፈሉ ነቶም ነቐፍት`ኻ ደኣ ሕዘነሎም እምበር ንዓኻስ ንበረኸት`ዩ።

ኣባ ሙሴ ጸሊም

ኣብ ገዳሞም ንዘጋጠመ ናይ ሓደ መነኮስ ጉድለት፣ ማእከላይ ሽማግለ ኮይኖም ክሽምግሉ በቶም መነኮሳት መጸዋዕታ ተገብረሎም።ኣባ ሙሴ ግን ኣነ መን ኮይነ`የ ዝሽምግል፣ ኢሎም ኣበዩ። ተደጋጋሚ መጸዋዕታ ምስ ተገብረሎም ግን ሓደ ነገር ተጣበቡ። መሸማዕ ሑጻ ተሰኪሞም ከድዎም።ኣቱም ደቀየ እንታይ ኢኹም ትብሉኒ ዘለኹም? ኣነ፣ ከምዚ ሑጻ ዝምብዝሑን ዝምኽባዱን ሓጢኣት ተሰኪመ ዝነብር ዘለኹ ሓጥእ ሰብ`የ። ደቀየ ! በደል ብጻይና ሓዲግና በበደልና ደኣ ንሰከም። ሓደ`ኳ ናይ`ቲ ሓደ ፈራዲ ክኸውን ኣይመነ፣ ኢሎሞም ከዱ። መነኮሳት፣ እግዚኣብሔር ብኣባ ሙሴ ጌሩ ዓቢ ትምህርቲ ምሂሩና እናበሉ ንብጻዮም ይቕረ ኢሎሙሉ ፋሕ በሉ። ተመልከት ! ናይ ልቢ ትሕትና ዘለዎ ሰብ ኣነ ሓጥእ`የ፣ ኣነ በዳሊ`የ ንምባል ዘየቕርቦ መረዳእታ የሎን። ክቡር ሓወይ፣ ብልቢ ትሑት እንተ`ኼንካ፣ “ ኣነ ሓጥእ እየ።” ካብ ምባል ክዓግተካ ዝኽእል ሓይሊ የሎን። **ኣነ መን`የ በል`ሞ፣ እግዚኣብሔር ድማ ንዓይ ዝመሰልካ ወደይ ኢኻ ክብለካ`ዩ።** ንሱ ፈጣሪ ዓለማት ክነሱ፣ ትሕት ኢሉ ኣብዛ ምድሪ ተመላሊሱ እዩ። ርእሶም ትሕት ዘብሉ ድማ ናይ ግብሪ ደቁ እዮም።

እምባ መሪና

እምባ መሪና ጓል ኢያ።እንተኾነ ግን ወዲ መሲላ ናብ ገዳም ስለዝኣተወት በቶም ገዳማውያን ከም ወዲ ትፍለጥ ነበረት። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፣ ድሕሪ ሞት ኣዲኣ፣ ኣቡኣ ኩሉ ሃብቲ ንመሪና ገዲፉላ ክምንን ብምውሳኑ እዩ። መሪና ንውሳኔ ወላዲኣ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣይተቐበለቶን። ኣነ`ውን ኣብ`ዛ ግዝያዊት ዓለም ክመራሳሕ ኣይደልን`የ፣ ሃብትና ንድኻታት ሂብና ብሓንሳብ ንመንን በለት። ወላዲኣ፣ እቲ ክኣትዎ ሓሲቡ ዘሎ ገዳም ደቂ ኣንስትዮ ከምዘይኣትዎኦ ኣረዲኡ ከትርፋ ፈተነ። መሪና ግን ድምጻይ ናብ ናይ ወዲ ቀይረ፣ ኣከዳድናይ ናይ ወዲ ጌረ ክኣቱ እየ ኢላ ኣቐበጸት። ኣብመወዳእታ ከኣ ከም ሓሳባ ኮነላ። ኣብቲ ገዳም ከኣ ከም ወዲ ተፈልጠት። ኣባ መሪና ተባሂላ ተጸወዐት። ኣባ መሪና፣ ብተኣዛዝነታ፣ ብጸሎታ ኣብቲ ገዳም ተፈታዊት ኮነት። ኩላቶም መነኮሳት ከኣ ናይ ኣባ መሪና ጺጋስ ፍሉይ`ዩ እናበሉ ይድነቑ ነበሩ።

ካብ ዕለታት ሓንቲ ማዓልቲ፣ ናብ`ቲ ከባቢ ዓዲ ምስ ገለ መነኮሳት ተላኢኻ ከደት። ኣብ ገዛ ናይ`ቲ ተቐባሊ መነኮሳት ዝነበረ ምስ ኣተዉ ከኣ፣ ዝረኣይዋ ዘበሉ ክንደይ ይንእስ መነኮስ፣ ክንደይከ ይጽብቕ`ዩ እናበሉ ይግረሙ ነበሩ። መልእኽቶም ፈጺሞም ኣብቲ ገዛ ሓዲሮም ናብ ገዳሞም ተመልሱ። ኣብታ ለይቲ፣ ጓል`ቲ ዋና ገዛ ምስ ሓደ ወተሃደር ብዝሙት ወዲቓ ነበረት። ጥንሳ ክፍለጥ ምስ ጀመረ ከኣ እንታይ`የ ዝገብሮ እናበለት ክትጭነቕ ጀመረት። እቲ ወተሃደር፣ ብምኽሪ ሰይጣን ተታሊሉ፣ ካብቲ ሓደ ማዓልቲ ኣብ ገዛና ዝሓደረ ኣባ መሪና ዝበሃል መነኮስ`የ ጠኒሰዮ በሊ ኢሉ መኸራ። እታ ጓል`ውን ከምኡ በለት። ቆልዓ ከኣ ብሰላም ተወልደ። ኣቦኣ፣ ነቲ ህጻን ሒዙ ናብቲ ገዳም ከደ። ንኹላቶም መነኮሳት ኣኪቡ ከኣ፣ ኣባ መሪና ንጓለይ ዓሚጽዋ፣ እዚ ህጻን ከኣ ወዱ እዩ፣ ውላዱ ይቀበለና በለ። ኣምሪሩ`ውን ተራገመ። መነኮሳት ስንባዴኦም ምቁጽጻር ክሳዕ ዝስእኑ ሰንበዱ። ኣባ መሪና ቅዱስ መነኮስ`ዩ፣ ነዚ ትብልዎ ዘለኹም ፈጺሙ ኣይውዕሎን`ዩ ኢሎም ነጸግዎ። ድሕሪ ብዙሕ ክርክር ከኣ ኣባ መሪና ይተሓተት ተባህለ።

እምባ መሪና ምስ ተሓተተት፣ ሰጋእ መጋእ ከይበለት፣ ኣቦታተይ መነኮሳት፣ እዚ ዝበሃል ዘሎ ሓቂ`ዩ፣ ሰብ እየ`ሞ ተጋገኹ። ብርግጽ ዓሚጸያ እየ፣ በለት። በዚ ዝተቖጥዑ መነኮሳት፣ ኣንታ ርኹስ፣ ገዳምና ክተራኽስ`ዶ መጺእካ፣ ውጻእ ካብ ገዳምና ኢሎም ኣውጽእዋ። እምባ መሪና ነቲ ህጻን ሒዛ ወጸት። ካብ ጓሶት ጸባ ለሚና እናስተየት ከኣ ኣዕበየቶ። እቲ ቆልዓ ወዲ 10 ዓመት ምስኮነ ከኣ ብሰላም ዓረፈት። መነኮሳት ክገንዝዋ ምስቀረቡ ከኣ ጾታኣ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ኮይኑ ረኺብዎ። ኣፍልቦም እናሃረሙ ኣምሪሮም በኸዩ። ጓል ክነሳ ወዲ እየ ኢላ ምእታዋን ነቲ ኩሉ ግፍዕታት ብትዕግስቲ ምቕባላ ኣደነቖም። ኣብ ሬሳኣ ተምበርኪኾም ይቕሬታ ለመኑ።

ክቡር ሓወይ! እቲ ናይ ልቢ ትሕትና ከመይ ከምዝመስል ርኣዮ፣ ንሓንቲ ማዓልቲ፣ ንሰሙን፣ ወይ ንኣዋርሕ ጥራይ ኣይኮነን ዝጸንሐ፣ ክሳዕ ዕለተ ሞት፣ በቃ!! ክሳዕ ዕለተ ሞት። ናብ`ታ ታሪኽ`ሞ ምልስ ንበል፣ እምባመሪና፣ ነቲ ዘጋጠማ ናይ ጸለመ ፈተና ክትከላኸሎ እንተትደሊ ነዊሕ ከይከደት፣ ጾታኣ ኣርእያ ምተኸላኸለቶ።ንሳ ግን፣ ናይ`ዛ ዓለም ውርደት`ዩ ዝጠቕመኒ ብምባል ኣሜን ኢላ ተቐበለቶ። ከም እምነታ ከኣ ምስ ዓረፈት፣ ቅዱሳን መላእኽት ኣብ በዓታ ክወርዱን ክድይቡን ሓደሩ። እቲ ዘገርም!! ኣረ ርእስኻ ዘነቕንቕ፣ በቲ ዘይገበርካዩስ ይጽናሕ`ሞ፣ በቲ ዝገበርካዮ ክትንቀፍ ከለኻ ኣሜን ኢልካ ምቕባል ኣሳሕዩካ ነብሰ ምክልኻል ንምግባር ክተዕለብጥ ከለኻ`ዩ። ክቡር

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሓወይ፣ ኣጆኻ፣ ሰባት ይንቀፉኻሞ ኣሜን በሎም።ንግዚኡ ክትዕርዕረካያ ጸኒሓ ግን ከም መዓር ክትምቅረካያ። ኣስተውዕል! ድሕሪ`ዚ ታሪኽ ካልእ ታሪኽ ኣይኮነን ዘድልየካ፣ በቃ! ሰራሒ ታሪኽ ምኽን`ዩ ዘድልየካ።

4ይ. ነጥቢ. ምልክታት ትሕትና

እዞም ቀጺልካ ትርእዮም ነጥብታት፣ ትሑት ዲኻ ኣይኮንካን ንነብስኻ ትመዝነሎም ነጥብታት እዮም።እታ ናይ ሓቂ ትሕትና ድማ ኣብኣቶም`ያ ዘላ።ከይተሃወኽካን ንነብስኻ እናመርመርካን ኣንብቦም።

ንነብስኻ ምጥርጣር

"*ዘይጋገ ሓደ ኣምላኽ ።*" እዛ ዘረባ`ዚኣ ዓለም ለኻዊት ዘረባ ኢያ። ብሓቂ ከኣ ዘይጋገ ሓደ ፈጣሪ። ብፍጹም ኣይጋገን`ዩ ዝብሃል እንተሃለዩ ሓደ ፈጣሪ ጥራይ`ዩ። ተጋግየዶኾን ይኸውን ኢሉ ብነብሱ ዘይጠራጠር ሓደ ፈጣሪ ጥራይ`ዩ። ንስኻ ግን ሰብ ምኳንካ ዘክር፣ ንነብስኻ ክትጥርጥራ ዝግበኣካ ምኳንካ ዘክር። እቶም ትሑታት እንታይ ከምዝብሉ ክነግረካ`የ፣ " **ከይተረዳኣኒዶኾን ፈጺመዮ እኸውን? ጽቡቕ ዝገበርኩ መሲሉኒዶኾን ኣበላሽየ ይኸውን? እስከ ርግእ ኢለ ነዚ ዝወሃበኒ ዘሎ ነቐፌታ ክሰምዖ፣** በቃ ! መን ምኳኖም ይፈልጡ፣ ንነብሶም ከኣ ይጥርጥርዋ። ኣብዚኣስ ሓንቲ ባህ ተብል ቃል ዘማራይ ዳዊት ክህበካ ደልየ`ለኹ፣ " ሰብ ምኳና ትፈልጥ ኢኻ`ሞ ሓመድ ምኳና`ውን ትዝኽር ኢኻ።"(መዝ.103፣ 14)ክቡር ሓወይ፣ ንዓኻ`ውን እዚኣ ምባልያ ተድልየካ። በቃ፣ ነቶም ነቓፍትኻ፣ " ኣቱም ኣሕዋተይ! ሰብ ምኳነይ ትፈልጡ ኢኹም፣ ሓመድ ምኳነይ`ውን ትዝክሩ ኢኹም።"እዚኣ በሎም። ንነብስኻ ምጥርጣር፣ ብስጋኻን መንፈስካን ከምትጥቀም ዝገብር ናይ ምንባር ሜላ እዩ። " እህህ !...ኣሕ !...ንዓይስ እዚ ኹሉ፣...ዋይ ኣነ....ኣስናን ሓርቀምቀም.." ካብ ምባል ብምድሓን ካብ ናይ ስጋ ሕማማት(ከም ጸቕጢ ደም፣ ሽኮርያ፣ ሕማም ልቢ....)የድሕነካ። ኣብርእሲ ድማ ንሓንጎልካ ካብ ቂም፣ ምርባሽ ነጻ ጌሩ ናይ መንፈስ ዕረፍቲ ይህበካ። ካብ ናይ ቂም ሓደገኛነት ነጻ ይገብረካ።ስለዚ፣ ንነብስኻ ምጥርጣር፣ ክትለማመዶ ዝግበኣካ ክርስቲያናዊ ስነ ምግባር እዩ። ኣብ ምልምማድ ሓይሊ ክኾናኻ ነዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኻት ኩሉ ግዜ ዘክረን።

<u>ሓዋርያት</u>

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣብታ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ቤት ኣልኣዛር ወሲዱ፣ ብዛዕባ ምስጢረ ቁርባን ዘርኣየላ ምሽት፣ ሓደ ካብኣቶም ከትሕዞ ምኺኑ ገሊጽሎም ነይሩ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቶም ll ሃዋርያት፣ ንኸትሕዝዎ መደብ ኮነ ሓሳብ ዘይነበሮም ክነሶም፣ ኣነዶኾን እኸውን ጎይታ እናበሉ ንርእሶም ብዓይኒ ጥርጣረ ጠመትዋ። በንጻሩ፣ ይሁዳ ንኸትሕዞ መዲቡ እናሃለወ “ ኣነዶኾን እኸውን?” ዝብል ኣደንጻዊ ሕቶ ኣቕሪቡ ኔሩ።ተመልከት ! ሃዋርያት፣ ንነብሶም ብምጥርጣሮም ናይ ትሕትና ኣብነት ደኣ ኮኑ እምበር ዝጎደሎም ነገር የሎን። ንስኻውን ሓወይ፣ በዲለዶኾን እኸውን ብምባል ነቦታትካ ሃዋርያት ደኣ ምሰል'ምበር፣ ንጹህ መሲልካ ክትርእ ብምድላይ ንይሁዳ ኣይትምሰል።

ነዛ ትቕጽል ታሪኽ'ውን ተዓዘባ

<u>ታሪኽ በሕታዊ ኣቦ</u>

ን40 ዓመታት ሱባኤ ዓጽዮም ዝነበሩ ቡቑዕ ኣቦ እዮም። ሓደ ማዓልቲ፣ መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ ቅዱስ ቁርባን ክቕበሉ ነገሮም።ዝተነግሮም ንምፍጻም ናብ ሓንቲ ቤተክርስቲያን ከዱ። ንምቕባል ከኣ ተዳለዉ። ዲያቆን “ ነጽር “ ምስ በለ፣ ካህን፣ “ ቅዱስ ንቅዱስ።” በለ። እቶም ባሕታዊ ነዛ “ ቅዱስ ንቅዱስ” ትብል ምስ ሰምዑ፣ ኣነ ደኣ ቅዱስ ዘይኮንኩ፣ እዝስ እቶም ቅዱሳን ጥራይ'ዮም ዝቕበልዎ ኢሎም ከይተቐበሉ ናብ ገዳሞም ተመልሱ። ከም ቀደሞም ን40 ዓመታት ሱባኤ ቀጸሉ፣ ሕጂ'ውን መልኣኽ ተገሊጹ፣ ብዘይካ ቅዱስ ቁርባን ፍጹም ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ'ሞ ኬድካ ተቐበል በሎም። ቃል'ቲ መልኣኽ ንምፍጻም ናብ ቤተክርስቲያን ከዱ። ሕጂ'ውን ከምታ ናይ ቅድም ነታ መጠንቀቕታ ሰምዕዋ። ኣንታ ፈጣሪ፣ እዚ ካህን፣ ቅዱስ ንቅዱስ እዩ ዝብል ዘሎ፣ ኣነ ድማ ካብ ምግባረ ሓጢኣት ዘይርሓቕኩ ሓጥእ ምኺነይ ትፈልጥ ኢኻ፣ ስለዚ ከመይ ጌረ'የ ነዚ ንቅዱሳን ዝግባእ ስጋኻን ደምካን ዝወስድ? ኢሎም ከይተቐበሉ ክወጹ፣ እቲ መልኣኽ ዓጊቱ፣ “ በከመ ምህረትከ ኣምላክነ ወኣኮ በከመ ኣበሳነ።” ኢልካ ተቐበል ኢሉ ከምዝቕበሉ ገበሮም።

ተመልከት ! እቶም ናይ ብሓቂ መንፈሳውያን፣ ንነብሶም፣ ዋላ'ውን ብጸሎት ተጸሚዳ ከላ ኣይኣምንዋን'ዮም። ክጋገ ዝኽእል ሰብ'የ፣ በሃልቲ እዮም። ንጽህንኦም ኣምላኽ ስለዘፈልጦ ግን፣ ተኻፈልቲ ቅድስና ካብ ምኺን ኣይዓግቶምን'ዩ።ሓወየ፣ ብርግጽ ሓሳባትካ ኣብ ሰማይ እንተሃልዩስ ነዞም ቅዱሳን ደኣ ምሰል። ይሓግዝካ !!

➢ <u>ንብጻይካ ኣቓድም</u>

ካባይ ብጻየይ ይበልጽ ምባል ጠባይ ትሑታት ሰባት እዩ።ትሑት ሰብ፣ ዋላኳ ብኹሉ ዕዮታቱ ንብጾቱ ከምዝበልጾም እንተፈለጠ፣ ኣነ ይበልጽ ግን ኣይብልን። ቅዱስ ጳውሎስ፣ ዉሱን ሃገረ ስብከት ዘይነበሮ፣ ኣሽሓት ኪሎሜተራት ብእግሩ እናተጓዘ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዝሰበኸ ሃዋርያ ፣ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ዝበጽሐ፣ ገሳጺ ኣጋንንቲ ብቑዕ ሃዋርያ ክነሱ፣ ንርእሱ ኣትሒቱ፣ ንኻልኦት ሃዋርያት ኣዕብዩ ይዛረብ ነበረ። ንኣብነት፣ " **ኣነ፣ ካብ ኩላቶም ሃዋርያት ዝነኣስኩ እየ። ሃዋርያ ክብሃል ኣይበቅዕን እየ።**" ይብል።(1ይ. ቆሮ. 15፣8-9)

ክቡር ሓወይ፣ ሽሕ እኳ እንተበለጽካዮም ክርስቶስ ደኣ ይመስክረልካ`ምበር ርእሰ ምልዓል ኣይሰማዓካ።ደጋጊመ ከዘኻኽረካ ዝደልዮ እንተሃልዩ፣ ንታሪኽ ፈሪሳዊ ሰብኣይ ከይትርስዓ`ዮ።ንሱ **..ካብዚ ተጋዊ ሰብኣይ፣ ኣነ ይበልጽ** ስለዝበለ`ዩ ጻማ ከንቱ ኮይኑ ዝተረፈ። ተጋዲልካ ዘምጻእካዮ ጸጋ ብሰንኪ ነብሰ ምልዓል ከይተጥፍኦ ተጠንቀቕ። " ንዓወትካ ማንም ከይዝርፈልካ ተጠንቀቕ።"ትብል ቃል ጎይታ ኣይትረስዓያ።ነታ " ርእሶም ልዕል ዘብሉ ይዋረዱ፣ ርእሶም ትሕት ዘብሉ ግን ልዕል ክብሉ`ዮም።" ትብል ቃል ኣይትረስዓያ።(ራኢ. 3፣11 ሉቃ. 14፣11) ቀጺለ፣ ቅዱሳን ከመይ ጌሮም ነሕዋቶም ካብኣቶም ንላዕሊ ጌሮም ይገልጽዎም ከምዝነበሩ ዘረድኣኻ ታሪኻት ክህበካ`የ።

ኣባ መቃርስ

ኣባ መቃርስ ብምንኩስናዊ ኣነባብርኦም ዓቢ ኣብነታዊ ኣቦ እኳ እንተነበሩ፣ ንክልተ ባሕታውያን ኣብ ከቢድ ተጋድሎ ኣብ ዝረኣዩሉ ግን " **ኣነ፣ መነኮስ ኣይኮንኩን፣ ሓቀኛታት ባሕታውያን ግን ርእየ።**"ብምባል ንነብሶም ትሕቲ ብጾቶም ምኳና ኣረድእዋ።.

ኣባ መቃርስ

ኣባ መቃርስ፣ ኣቐዲመ ከምዝገለጽኩልካ ሓላፊ ገዳም፣ ብትምህርቶምን ጸሎቶምን ብዙሓት መነኮሳት ዘፍረዩ እዮም ኔሮም።ካብ ካልእ ገዳማት፣ ካብ ኣቦና ትምህርቲ ቀሲምና በረኸት ተቐቢልና ክንመጽእ እናበሉ ይመጽእዎም ነበሩ።ምስ`ዚ ኩሉ ዕብየቶም ግን፣ ነቲ ይስሃቅ ዝበሃል ንእሽቶ ረድኦም ምኸረኒ፣ ማሃረኒ እናበሉ ኣብ እግሩ ኮፍ በሉ። ይስሃቅ፣ ብትሕትናኦም እናተገረመ፣ " ኣንቱም ኣባ፣ ኣነ ደኣ ንእሽቶ እሞ ድማ ረድእኹም፣ ከመይ ጌረ ክመኽረኩም! ካብ ክንደይ ገዳማት መጺኦም ኣብ እግርኹም ኮፍ ኢሎም እናተማህሩስ ኣነ ዘይጠቅም ቆልዓ እንታይ ኢለ ክመኽረኩም?" ኣዝዩ ደንጸዎ። ኣባ መቃርስ ድማ ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ " ዝወደይ፣ ንስኻ ዘይኮንካ ትምህረኒ፣ መንፈስ ቅዱስ`ዩ ኣባኻ ሓዲሩ ዝምህር።"

ኣስተውዕል! እቶም ትሑታት ሰባት፣ ኩሉ ስራሕ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ከምዝስራሕ ስለ ዝፈልጡ፣ " መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ ሓወይ/ሓፍተይ ሓዲሩ ክመኽረኒ ይኽእል`ዩ ኢሎም ምኽሩኒ ደኣ ይብሉ`ምበር እዚ መን ኮይኑ`ዩ ንዓይ ዝመኽረኒ ዝብል ሓሳብ ሰይጣን የብሎምን። ነሕዋትካ ኣቓድም።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣባ ብስልዮስን ኣባ ኤፍሬምን

ሓንቲ ኣመንዝራ ክትንሳሕ ወሰነት። ናብ ኣባ ባስልዮስ ብምኻድ ከኣ “ ኣባ፣ ኣነ ሓጥእ ሰብ`የ፣ ይኹን`ምበር ነቲ ኣጸያፊ ሓጢኣተይ ኣብ ቅድሜኹም ደው ኢለ ምግላጹ ስለ ዘሕፈረኒ ኣብ ወረቐት ጽሒፈዮ መጺአ ኣለኹ፣ በለቶም።ኣባ ባስልዮስ ንብኸያታን ውሳኔኣን ርእዮም፣ ጓለየ፣ እግዚኣብሔር ናይ ልብኺ ውሳነ ርእዩ ይቕረ ኢሉልኪ ኣሎ፣ እንተኾነ ግን ሓንቲ ኣዝያ ከባድ ሓጢኣት ዝተረፈት ስለዘላ ናብቲ ካባይ ዝበልጽ፣ ኣባ ኤፍረም ዝበሃል ኪዲ፣ ንሱ እንተጸልዩልኪ ክትድምሰስ ኢያ በልዋ። ከምቲ ዝተባህለቶ ናብ ኣባ ኤፍረም ከደት። ኣባ ኤፍረም ብወገኖም፣ ጓለየ ኣነስ ኣብ ቅድሚኡ ዋጋ ዘይብለይ መነኮስ እየ። ስለዚ ናብኡ ክትምለሲ ኢኺ፣ ናቱ ጸሎት`ዩ ፍጹም ዘንጽሃኪ፣ እንተኾነ ግን ሞይቱስ ሬስኡ ተሰኪሞም ክኸዱ ክጸንሑኺ እዮም፣ ከይፈራህኪ ነታ ወረቐት ናብቲ ሬስኡ ደርብይያ፣በልዋ። እታ ሰበይቲ ከምኡ ገበረት፣ ካብ ሓጢኣታ ከአ ነጸህት።

ተመልከት! እዛ ብጻየይ ካባይ ይበልጽ ትብል ትሕትና፣ ቋንቋ ኩላቶም ቅዱሳን ኢያ። ከምኡ ስለዝኾነት እዮም ከኣ ኣባ ባስልዮስ ኣባ ኤፍረም ካባይ ይበልጽ ክብሉ ከለው፣ ኣባ ኤፍረም ድማ ኣባ ባስልዮስ ካባይ ይበልጽ ዝበሉ። ንስኻኸ ከመይ ኢኻ? ብጻየይ በል፣ ብጻይካ ድማ ብጻየይ ክብል`ዩ።ነዛ ምኽሪ ጎይታና ከዘክረካ ደስ ኢሉኒ`ሎ። እቶም ናብ ውራይ ዝተዓደሙ ሰባት ንዓይ-ንዓይ እናበሉ ነቲ ዝበለጸ ኮፍ መበሊ ክቀዳደምሉ ምስ ርኣየ፣ ከምዚ ኢሉ ገንሖም፣ “ **ሓደ ናብ መርዓ እንተዓደመካ፣ ኣብቲ ዝበለጸ መንበር ኣይትቀመጥ፣ ምናልባት ካልእ ካባኻ ዝበልጽ ዓዲሙ ከይህሉ።**” ተመልከት ! ነታ <u>ካባኻ ዝበልጽ ዓዲሙ ከይከውን</u> ትብል ቃል ኣቕልበላ።(ሉቃ. 14፣8)

ካብ ብጻይካ ንስኻ ትበልጽ ዝብል ሓሳባት ክመጽኣካ ከሎ፣ ነዘን ቀጺለ ዝህበካ ክልተ ታሪኻት ዘክረን፣

ሳኦል

ዳዊት ንጉልያድ ድሕሪ ምቕታሉ፣ ኣንስቲ፣ “ ዳዊት ቀታሊ እልፊ፣ ሳኦል ቀታሊ ሽሕ፣ ” እናበላ ንዳዊት ደረፋሉ። ሳኦል፣ ነዚ ደርፊ ምስ ሰምዐ ብቕንኢ ጣዕ ክብል ደለየ። ንዳዊትስ ካባይ ኣብሊጸን ክደርፋሉ! እሞ ዳዊት ደኣ መንግስተይ እንድኣላ ተሪፋቶ ዘላ፣እንታይ ክሳብ ዝኸውን እጽበዮ ኣለኹ? እናበለ ርእሱ ተናወጸ፣ ክቐትሎ ከኣ ወሰነ። ይኹን`ምበር ኣምላኽ ምስ ዳዊት ስለዝነበረ ኣይተዓወተሉን።

ተመልከት! ንሳኦል ኣብዚ ኩሉ ሓጢኣት ዘብጽሖ እንታይ`ዩ? ንነብሱ ካብ ዳዊት ኣብሊጹ ስለዝጠመታ`ዶ ኣይኮነን ! እግዚኣብሔር ድማ ነቶም ንሕና ንበልጽ ዝብሉ ምውራድ፣ ነቶም ርእሶም ትሕት ዘብሉ ልዕል ምባል ልማዱ ስለዝኾነ፣ ንሳኦል ኣውዲቑ፣ ንዳዊት ኣንገሶ። እምበኣር ክቡር ሓወይ፣ካብ ንሳኦል ዘምስለካ ባህሪ ነጻ ክትከውን ተጋደል። እንተዘይኮነስ ንዓኻ ኣውዲቑ፣ ነቲ ዝነዓ   ቕካዮ ሓውኻ ልዕል ከብሎ እዩ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ባሕታዊ ኣቦ

መልኣኽ እግዚኣብሔር ናብ`ዞም ኣቦ ተገሊጹ፣ “ ነቲ ኣብ ከተማ ዘሎ ንጉስ፣ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ ኣሎ ኢልኩም ንገርዎ።” ኢልዎም ተሰወረ። እቶም ኣቦ፣ምስነብሶም ክዘራረቡ ጀመሩ፣ኣነ ንዓለም ዝመነንኩ፣ እምኒ ተተርኢሰ ቆጽሊ ሸምጢጠ እናበላዕኩ ዝነብር ዘለኹ እየ። እንታኾነ ግን ሓንቲ መዓልቲ`ውን ትኹን መልኣኹ ልኢኹ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ`ሎ ኢሉኒ ኣይፈልጥን።ነዚ ኣብ ከተማ እናጋየጸ ዝነብር ንጉስ ግን ጸሎትካ ተሰሚዑ በሎ ኢሉኒ። እዚ እናሓሰቡ ናብቲ ንጉስ ከዱ። ከምዝተኣዘዝዎ ከአ ገበሩ። ቀጺሎም እንታይ ዓይነት ጸሎት ዲኻ ትጽሊ? ኢሎም ተወከስዎ። እቲ ንጉስ ጸሎተይ ሓንቲ እያ፣ ንሳ ከአ ኣቡነ ዘበሰማያት እያ በሎም። እቶም ኣቦ እናተገረሙ፣ ኣነ ግን ዘይደግሞ መጽሓፍ የሎን፣ ምስ`ዚ ኩሉ ግን ሓንቲ ማዓልቲ`ውን ትኹን ጸሎትካ ተሰሚዑልካ ኢሉኒ ኣይፈልጥን በልዎ። እቲ ተቐርብዎ ጸሎትከ ንጹህ ድዩ? ማለት ዝኾነ ዓለማዊ ሓሳብ ትሓስቡ ከይትኾኑ ኢሉ መለሰሎም። ኣይፋል ! ከመይ ጌረ ኣብ መንጎ ጸሎት ካልእ እሓስብ?በልዎ ብርእሰተኣማንነት፣ በሉ ነዛ ኣቡነ ዘበሰማያት ዝኾነ ከይሓሰብኩም ጸልይዋ፣ ንተተዓዊትኩም በቕሊ ክህበኩም`የ በሎም። ኣቦ ጸሎቶም ጀመሩ፣ “ ኣቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ ትምጻእ መንግስትከ......” እናበሉ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ መንጎ፣ ጸሎቶም ከይወድኡ፣ እታ በቕልስ ምስ ኮረሸአ ድያ ኢሎም ሓተትዎ። እቲ ንጉስ ብምግራም፣ እግዚኣብሔር ንጹህ ጸሎት`ዩ ዝደሊ፣ ካብ ሕሊናኻ እናተሰረቃ ነዊሕ ምጽላይ፣ እናተመስጥካ ሓጺር ጸሎት ይበልጽ፣ ኢሉ ኣስተምሂሩ ሰደዶም። ኣስተውዕል! እቶም ኣቦ ንነብሶም ልዕሊ እቲ ንጉስ ጌሮም ይሓስብዋ ነበሩ፣ እግዚኣብሔር ግን ምሂሩ መለሶም። ክቡር ሓወይ፣ ብጸሎትካ፣ ጾምካ፣ ኣገልግሎትካ.... ካብ ብጾትካ ዝበለጽካ ኮይኑ እንተተሰመዓካ ነዛ ታሪኽ ዘክራ።ኣነ ከምዝን ከምትን`የ ዝገብር፣ እከለ ግን..... ኣይትበል። ሕጂ`ውን ካብ ብጾትካ ክትበልጽ ትኽእል ኢኻ እንተኾነ ግን ክርስቶስ ክሳዕ ዝምስክረልካ ተዓገስ። ብምኽንያት ርእስ ምልዓል ጸጋኻ ከይተጥፍእ ጥንቁቕ ኩን።

ምእዙዝ ምኟን

ተኣዛዝነት ፍረ ትሕትና ኢያ። ትሑታት ሰባት ብተዛዝነቶም ክተለልዮም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ቤተክርስቲያን፣ ኣብ ገዛኻ፣ ኣብ ስራሕ ቦታ፣ ኮታስ ኣብ ኩሉ እዙዝ ኩን።ተኣዛዝነት ንገዛእ ርእስኻ ትሕት ምባል ኣብ ርእሲ ምኟና ኣብ ልዕሊ ሰባት ዘለካ ኣኽብሮት`ውን ትገልጽ ኢያ። ስለዚ ንኹሉ ሰብ ንምእዛዝን ምኽባርን ዝተዳሎኻ ኩን።እግዚኣብሔር`ውን ንተኣዛዝነት ልዕሊ`ቲ ተቐርቦ መስዋእቲ ከምዝጥምታ ኣብታ ንሳኦል ዝገንሓላ ዓንቀጽ ኣረዲኡና እዩ።ከምዚ ከአ ይብል፣ “ **ካብ መስዋእቲ ምእዛዝዶ ኣይበልጽን?**”(1ይ. ሳሙ. 15፣22)

ክቡር ሓወይ፣ ከምቶም ንተኣዛዝነት ምስ ተመላኽነት ዘተኣሳስርዋ፣ ከይተተኣሳስራ ጥንቅቕ በል። ኣብ መንጎ ክልቲአን ዓቢ ፍልልይ ከምዘሎ ተገንዘብ። ተመላኽነት ከይትቕጻዕ ፈሪህካ ትገብሮ እዩ። ተኣዛዝነት ግን ፈቲኻ፣ ምእንቲ በረኸት ኢልካ ትፍጽሞ ኣገልግሎት ኣብ ርእሲ ምኟኑ ምልክት መንፈሳዊ ብስለትካ እዩ። ነዛ ናይ`ቲ ዓቢ ሃዋርያ ቃል`ሞ ስምዓያ፣ “

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ንሰብ ዘይኮነስ ከም ንጎይታ ጌርኩም ብፍታው ተገዝኡ።"(ኤፌ. 6፣7) ካብዚ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ቃል ንመሃሮ እንተሃልዩ፣ ተኣዛዝነት፣ ንጎይታ ደስ እተብል ስነምግባር ምዃና እዩ። ስለዚ ንዝወሃቡኻ ትእዛዛት ካብ ሕጊ ኣምላኽ ዝረሓቑ ክሳዕ ዘይኮኑ ብፍታው ምእዛዝ ተለማመድ። እስከ ነዘን ቀጺለን ተዋሂበናኻ ዘለዋ ኣብነታት ተመልከተን።

ተኣዛዝነት ጎይታና

ኣምላኽ ንፍጡራቱ ክእዘዝ ክትርኢ ከለኻ ምግላጹ ዘሸግር ኣደናቒ ነገር እዩ። ናብ ቤት ሃናን ቀያፋን ከመላልስዎ ከለዉ ተኣዘዘ፣ ኣልባሳቱ ክገፍዎ ንምንታይ ከይበለ ተኣዘዘ፣ መስቀል ተሰከም ክብልዎ ፈትዩ ተኣዘዘ፣ ኣብ ልዕሊ መስቀል ብሓሙሽተ መሳምር ክሸንክርዎ ክንደይ ትጭክኑ ከይበለ ተኣዘዘ፣ ክሳዕ ሞት ብፍታዉ ተኣዘዘ። በቃ ! ከምታ ናብ ማሕረዲ ዝወስድዋ ላም ተኣዘዘ። ዋላኳ ንኸድሕነና ብዕላማ ዝመጽአ እንተኾነ ዘርኣዮ ተኣዛዝነት ግን ልዕሊ ምድናቕ እዩ። እቶም ብሞቱ ካብ ጎይታ ዝውለዱ`ምበኣር፣ ኣብነት ጎይትኦም ተኸቲሎም እዙዛት ካብ ምዃን ዝዓቶም የሎን። ምኽንያቱ ነቲ፣ " ክርስቶስ ድማ ኣሰሩ ክስዕቡ ኣርኣያ ሓደገሎም።" ዝብል ቃል ይፈልጥዎ እዮም። ይስዕብዎ ከኣ እዮም።(1ይ. ጴጥ. 2፣21)

ኣባ ዮሃንስ ሓጺር

ኣባ ዮሃንስ፣ ብተኣዛዝነቶም ድንቂ`ዩ ዘብል ተኣምር ዝፈጸሙ እዮም። ተኣዛዝነቶም ንምፍታን፣ ብሓለፊ ገዳም ንዝነቐጸት ዕንጨይቲ ክሳዕ ትጥጥዕ ማይ ከስትይዋ ተሓተቱ። ኣባ ዮሃንስ፣ነቒጻስ ናብ በትሪ ዝተለወጠት ዕንጨይቲ ከመይ ጌራ ክትጥጥዕ ኢሎም ከይተኸራኸሩ፣ እሺ ኢሎም ተኣዘዙ። መገዲ ክልተ ስዓት እናተጓዓዙ ንኽልተ ዓመት ዝኣክል ኣስተይዋ።ድሕሪ ክልተ ዓመት ከኣ ጠጢዓስ ብዙሕ ፍረ ኣፍረየት።በዚ ዝተደነቑ ሓላፊ ገዳም፣ ንመነኮሳት ኣኪቦም፣ እዚ ፍረ`ዚ ናይ ተኣዛዝነት ፍረ`ዩ ኢሎም ሃብዎም።ክሳዕ ሎሚ ከኣ **ፍረ-ተኣዛዝነት** እናተባህለት ትጽዋዕ ኣላ።

ክቡር ሓወይ፣ ክትገብሮ ዝተሓተትካዮ እንታይ ምዃኑ መርምሮ፣ ምስ ሕጊ ፈጣሪኻ ዘይጻረር፣ መሰልካ ዘይገፍፍ እንተኾነ እሺ ኢልካ ምእዛዝ ተለማመድ። እዚ ድዩ ክእዝዘኒ፣ ኣነስ እዚ ክገብር ዝብሉ ውዱቓት ሓሳባት ኣይሃልውኻ። እቲ ስርሓዮ ትበሃሎ ኣድካሚ ክኸውን ይኽእል`ዩ፣ ንስኻ ግን ነቲ ድሕሪ ድኻም ትቕበሎ በረኸት ደኣ ጠምት`ምበር ነታ ድኻም ምጥማት ኣወግድ። ሓንቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝነገርኩኻ፣ ደጊመ ከዘኻኽረካ ዝደልያ ኣላ፣ **ጎይታ ክሳዕ ሞት ተኣዚዙ እዩ`ሞ እቶም ብሞት ካብኡ ዝውለዱ`ውን እዙዛት እዮም።**

ኣገልጋሊ ናይ ባሕታዊ

ኣብ ሓንቲ ባሕታውያንን መነኮሳትን ዝነብሩላ ገዳም፣ ዕንጨይቲ ብምስባር፣ ማይ ብምውራድ፣ መግቢ ብምድላው ነቲ ገዳም ዘገልግል ረድእ(ኣገልጋሊ) ናይ ባሕታዊ ነበረ። ብተኣዛዝነቱ በቶም ገዳማውያን ተፈታዊ ነበረ። ኣብ ርእሲ`ዚ ካብ እግዚኣብሔር ትእምርቲ ናይ ምፍጽም ጸጋ ተዓደለ።ከምዚ ኢሎም እናነበሩ፣ ሓደ ማዓልቲ ኣብመንጎቶም ገዳማውያን ክርክር ተላዕለ፣ ገሊኦም ካብዚ ኣብ ገዳምና ዘሎ ባሕታዊ እዚ ኣገልጋሊኡ ይበቅዕ ክብሉ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ከለዉ፣ ገሊኦም ድማ እዚ ባሕታዊ ይበቅዕ በሉ። ክትያም ሒዞም ናብቲ ሓላፊ ገዳም ከዱ። ንብቕዓቶም ዝፍትን ገለ ነገር ካዳልው ሓሳባት ኣቕረብሎም። ሓላፊ ገዳም`ውን መንኮን ይበቅዕ ይኸውን ዝብል ሕቶ ስለዝነበሮም፣ምስ ሓሳባቶም ተሰማምዑ፣ ንብቕዓቶ ዝፍትን ፈተና ከኣ ሓሰቡ። ነቲ ባሕታውን ረድኦምን ብምጽዋዕ ከምዚ በልዎም፣ " ኣውደኣመትና ጽባሕ ምዃኑ ትፈልጡ ኢኹም፣ ስለዚ ንኽብሪ እዚ በዓልና ሰቲ ኣምጽኡ።" ክልቲኦም ሕራይ ኢሎም ናብቲ ሰቲ ዝርከቦ ዓቢ ቃላይ ከዱ።

እቲ ረድእ ብዘይፍርሂ ናብቲ ቃላይ ብምእታው ኣብ ዝባን ሓርጋጽ ደው ኢሉ ሰቲ ክብጥስ ጀመረ። እቶም ባሕታዊ ግን ብብቕዓት ረድኦም እናተገረሙ ኣብቲ ገምገም ቃላይ ደው በሉ። ረድእ፣ ግልጽ ኢሉ ብምጥማት፣ " ኣቦ ንዑባ እተው።" በሎም። ርእሶም እናነቕነቑ፣ " ዝወደይ ንስኻ ዝበጻሕካዮ ደረጃ ብቕዓት ኣይበጻሕክዎን ።" ብምባል ንደረጃ ብቕዓቱ መስከርሉ።

ተመልከት`ሞ! ካብቶም ኣብ ባዓቶም ኮይኖም፣ ካብ ሰብ ተፈልዮም ብጾምን ጸሎትን ስግደትን ንነብሶም ዘሕሰሙ ባሕታዊ፣ እቲ ዕንጨይቲ ብምስባር፣ ማይ ብምውራድ ዝተኣዘዘ ረድእ( ኣገልጋሊኦም) በቕዐ ! ተመልከቶ ፍረ ተኣዛዝነት፣ ተመልከቶ ፍረ ድኻም ! ክቡር ሓወይ ካብ ኣዛዚ ተኣዛዚ፣ ካብ ነቓፊ ተነቓፊ ኩን`ሞ ፍረ ተኣዛዝነትካ ክትርእዮ ኢኻ። ኣብ ምድሪ ብሰባት ፍቱው፣ ኣብ ሰማይ ድማ ናይ ዘለኣለም ዕረፍቲ ክትቅበል ኢኻ። ክቡር ሓወይ፣ ዝጸለኻ እንተጸለኻ ዝጾምካ እንተጾምካ ክንድ`ቲ ምእዙዝ ሰብ ኣይትኸውንን ኢኻ`ሞ እዙዝ ክትከውን ኣበርቲዕካ ጸሊ።

➢ <u>ማሕንቖታት ትሕትና</u>

ሕጂ፣ በዘን ዝስዕባ ሕቶታት ጌርካ ንነብስኻ ክትሓጽባ ደልየ`ለኹ፣

- " ዲያብሎስ ብትዕቢት ከምዝወደቐ እናፈለጥኩ፣
- ሄዋን ልዕልና ብምምናያ ከምዝወደቐት እናፈለጥኩ፣
- እቲ ፈሪሳዊ ብነብሰ-ምልዓል ከምዝወደቐ እናፈለጥኩ፣
- እቶም ልዕል ዝብሉ ክዋረዱ`ዮም እቶም ትሕት ዝብሉ ግን ልዕል ክብሉ`ዮም ከምዝብል ወንጌል እናፈለጥኩ፣....ስለምንታይ ንትሕትን ዘይለበስክዋ? ? ? ስለምንታይ ? ስለምንታይ ? ደጋጊምካ ንነብስኻ ሕተታ። ንፉዕ መንፈሳዊ ከይትኸውን ዝሓንቀካ ዘሎ እንታይ`ዩ? ነዛ ጥቕሲ`ዶ ከዘክረካ፣ " **...ገሊኡ ኣብ እሾኽ ወደቐ፣ ንኸይዓቢ ከኣ ሓኒቑ ሓዞ።"** (**ማቴ.**13፥7) ለከ ብመንፈስ ንኸይትዓቢ ሓኒቑ ዝሕዝ እሾኽ ኣሎ`ዩ። እዞም ከም እሾኽ ኮይኖም ሓኒቖም ሒዞምኻ ዘለዉ እንታይ`ዮም? ምፍላጦም ከድልየካ`ዩ። ምስፈለጥካዮም እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ድማ እዛ ጥቕሲ ክትምህረካ`ያ፣ " **ድንጉርጉር ዘበለ ሰጥ ዝበለ ጽርግያ ይኹን።**

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

”(ኢሳ.40፣9)በቃ ! ነቶም ድንጉርጉር ኮይኖም ዓንቂፎም ዘውድቑኻ ዘለው ጽረጎም፣ መንፈሳውነትካ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ክኸይድ እንተኾይኑ ነቶም ድንጉርጉር ጽረጎም፣ ነቶም ኣእሻኹ ምሓዎም።

ንምዃኑ እዚ ሓኒቑ ዝሕዘካ ዘሎ እሾኽ እንታይ`ዩ? እቲ ድንጉርጉር እንታይ`ዩ? ቀጺልካ ክትረኽቦም ኢኻ። ልብኻ ኣርጊእካ ስዓበኒ።

1ይ.እሾኽ.. <u>ንድኽመታት ሰባት ምጥማት</u>

ንሰባት በቲ ማዓልታዊ ዘርእይዎ ግብርታቶም እንተጠሚትካዮም፣ ክትእዘዞም ኮነ ቀዳምነት ክትህቦም ከጸግመካ`ዩ።ሓወየ፣ ብዛዕባ ግብርታቶም ናብ ኣምላኽ ግደፎ፣ ናትካ እጃም እዙዝ ምዃን`ዩ። ጻድቕ ድዩ ሓጥእ ኣይትገደሰሉ፣ ንስኻስ ነቲ ትእዘዞ ዘለኻ ጥራይ መርምሮ፣ ምስ ሕጊ ኣምላኽ ዝጻረር ክሳዕ ዘይኮነ እሺ ኢልካ ተኣዘዝ። ምናልባት ብማዓርግ፣ ብደረጃ ፍልጠት፣ ብትሕዝቶ፣ ብሓይሊ.....ክትበልጾም ትኽእል ትኸውን፣ እንተኾነ ግን እዞም ብልጫታትካ እሾኽ ኮይኖም ከይሓንቁኻ ተጠንቀቐሎም። ክደግመልካ እከለ ንፉዕ እከለ ሕማቕ እናበልካ ምፍልላይ ኣወግድ። ነዛ ኣደናቒት ፍጻሜ`ሞ ርኣያ። ጎይታ ነቲ ናብ ኢድ ፈሪሳውያን ከትሕዞ ዝተሰማመዐ ይሁዳ፣ ድንን ኢሉ እግሩ ሓጸቦ። ከመይ ኣደናቒ ትሕትና !! ንስኻ ክትክሕደኒ ኢኻ ከይበለ እግሩ ሓጸቦ። ነዚ`የ ክቡር ሓወይ ንድኽመታት ሰባት ኣይትጠምት ዝበልኩኻ። ንድኽመታቶም ምጽብጻብ ኣወግድ።

2ይ.እሾኽ. <u>ዝሰራሕካዮ ምጽብጻብ</u>

ምናልባት በቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ጸጋ፣ ብዙሕን ሃናጽን ኣበርክቶ ዘበርከትካ ሰብ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ ግን ካብ ኣምላኽ`ምበር ካባኻ ከምዘይኮነ ዘክር። ኣይኮነን ዓው ኢልካ **ኣነኮ** ክትብልስ ብውሽጥኻ`ውን እንተኾነ ኣነኮ ከምዝን ከምትን ዝገብርየ ከይትብል ተጠንቀቕ። ዝሰራሕካዮ ክትጽብጽብ እንተጀሚርካ፣ ኣብ ሰባት ዝነበረካ ኣኽብሮት እናጎደለ ከምዝኸይድ ኣይትጠራጠር። ንሰባት፣ ከማይ`ዩ ትሕተይ`ዩ እናበልካ ፈላሊኻ ናይ ምጥማት ባህሪ ከምተማዕብል`ውን ኣይትጠራጠር። ኮታስ ትሕትና ካባኻ ከምትጠፍእ ኣይትጠራጠር። ክቡር ሓወይ፣ ነቲ ዘይሰራሕካዮ ደኣ ጸብጽብ`ምበር ነቲ ድሮ ብሓይሊ ኣምላኽ ዝፈጸምካዮ ኣይትጸብጽብ።

ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞ፣ዝሰራሕካዮም እትጽብጽበሉ ግዜ የሎን። ክሳዕ ዕለተ ሞትካ ተቖጺሮም ዘይውድኡ ዕዮታት ኣብ ቅድሜኻ ምስተገተሩ እዮም። ክትመውት ከለኻ`ውን ከይወዳእካዮም ዝተርፉኻ ከምዝህልዉ ፍለጥ። ስለዚ ዝበዝሑን ዝሓየሉን ዕዮታት ኣብ ቅድሜኻ ኣቐሚጥካ፣ ነቶም ዝወሓዱን ዝደቐቑን ግብርታትካ ክትጽብጽብ ግዜኻ ኣይተባኽን። ንስኻስ ኣሰር ናይዘን ቀጺለ ዝህበካ ክልተ ኣብነታት ደኣ ስዓብ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

<u>ቅዱስ ጳውሎስ</u>

ቅዱስ ጳውሎስ፣ብሰባት ዘይኮነስ ብኀይታ ሕሩይ ኣቕሓ ተባሂሉ ዝተመስከረሉ ሃዋርያ እዩ።ገሳጺ ኣጋንንቲ፣ ብኽዳኑ ተንኪፉ ሕሙማት ዘሕዊ፣ ንምህናጽ ቤተክርስቲያን ኣሽሓት ኪሎመተራት ብእግሩ ዝተጓዕዘ፣ ክሳዕ ሳልሳይ ሰማይ ዝበጽሐ ብቑዕ ሃዋርያ ምንባሩ ትፈልጥ ኢኻ።ምስዚ ኩሉ ብቕዓቱ ግን ሓንቲ ኣገራሚት ቃል ተዛሪቡ ኣሎ።እዛ ቃል፣ ነቶም ድሮ ዝተፈጸሙ ስራሓት ረሲዕካ ብዛዕባቲ ኣብ ቅድሜኻ ዝጽበየካ ዘሎ ክትሓስብ ከምዝግባእ`ያ ተረድእ። ከምዚ ከኣ ትብል፣ “ **ነቲ ብድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ፣ ናብቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፣ ናብቲ ሕንጻጽ ዕላማ ኣቢለ ናብቲ ዓስቢ ዓወት እጎይ ኣለኹ።**(ፊሊ. 3፣13-14)

ኣብዛ ጥቕሲ ነተን <u>ብድሕረይን</u> <u>ብቕድመይን</u> ዝብላ ቃላት ትኹረት ግበረለን። ብድሕረይ ማለት ድሮ ዝፈጸምክዎ ማለት ክኸውን ከሎ፣ ብቕድመይ ማለት ድማ ብሕጂ ዝጽበየኒ ዘሎ ማለት እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ፣ ነቲ ብድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ ብምባል ነቲ ዝፈጸምናዮ ምጽብጻብ ክንርስዖ ከም ዝግባእ ከረድእ ከሎ ናብቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ ብምባል ድማ ነቲ ብሕጂ ክንሰርሖ ዝጽበየና ዘሎ ድልዋት ክንከውን ይምህረና። ሓደ ሓቕ ክነግረካ`የ፣ ንስኻ ነቲ ዝሰራሕካዮ ጸብጽቦሞ ኣምላኽ ድማ ነቶም ብስንፍናኻ ዘይሰራሕካዮም ከጸብጽበካዩ። ንስኻ ዝሰራሕክዎ የሎን በልሞ ኣምላኽ ድማ ብንእሽቶ ተኣሚንካ ኢኻ፣ሞ ንዓ መንግስተይ ውረስ ክብለካ እዩ።

<u>ኣቦና እዮብ</u>

ብዛዕባ ኣቦና እዮብ፣ እግዚኣብሔር ባዕሉ ከምዚ ዝብል ምስክርነት ሂቡሉ ኣሎ፣ “ **ከም ኢዮብ ባርያይ ዝበለ ጻድቕ ንኣምላኽ ዝፈርህን`ዶ ርኢኻ?**” ( ኢዮ. 1፣8) እዮብ፣ ኣብታ ልዕሊ 11 ሽሕ ጥሪቱ ብሓንቲ መዓልቲ ዝተወድኣላ፣ ዓሰርተ ደቁ ብሓንቲ መዓልቲ ዝተቐዝፉላ፣ እግዚኣብሔር ሃበ እግዚኣብሔር ወሰደ፣ ሽም እግዚኣብሔር ዝተመስገነ ይኹን ።” ደኣ በለ`ምበር ከማርር ኣይተሰምዐን። ኣብታ ምሉእ ሰብነቱ ብቑስሊ ዝተወርሰላ`ውን ሰበይቱ፣ “ ንኣምላኽካ ክሒድካ ግዳ ዘይትመውት።” ክትብሎ ከላ፣ “ ኣቲ ሰበይቲ ንምንታይከ ዘረባ ዓያሹ ትዛረቢ፣ ካብ እግዚኣብሔር ብዙሕ ሰናይ ተቐቢልና ከመይ ነዚ እከይ ዘይንቕበሎ?” ደኣ በለ`ምበር ከማርርን ምስ እግዚኣብሔር ክማጎትን ኣይደፈረን። ምስዚ ኩሉ ግብርታቱን ትዕግስቱን ግን ሓንቲ ኣደናቒት ቃል ተዛሪቡ ኣሎ፣ ኣዝያ ኣደናቒት ! ከምዚ ከኣ ትብል፣ “ **...ኣምላኽ ምስ መጻን ምስ ሓተተንን እንታይ ኢለ ክምልስ እየ።**” እዛ ቃል ኣዝያ ኢያ ተደንቕኒ፣ ተመልከት`ሞ ! እዚ ክንደይ መከራ ተቐቢሉ ሽም እግዚኣብሔር ዝተመስገነ ይኹን ዝበለ ጻድቕ፣ <u>ኣምላኽ መጺኡ ምስ ሓተተኒ እንታይ ኢለ እየ ዝምልሰሉ</u> ኢሉ ካብ ተጨነቐ፣ ኣነደኣ እንታይ ሒዘ እየ ሓፍሓፍ ዝብል ዘለኹ? ክቡር ሓወይ፣ ዝኸፈልካ እንተኸፈልካ ዝተዓገስካ እንተተዓገስካ ክንዲ ናይ ጻድቕ እዮብ ክኸውን ኣይክእልን እዩ`ሞ፣ ዝጽብጻብ ተግባር የብለይን ደኣ በል እምበር፣ ኣይትተዓበ። ሕጂ`ውን ከዘኻኽረካ፣ **ዘይፈጸምክዎ ይበዝሕ በል።**

3ይ.እሾኽ.. <u>ካብ ሰባት ክብሪ ምጽባይ</u>

መንፈሳዊ ሰብ ካብ ሰባት ክብሪ ዝጽበ እንተኾይኑ፣ ንነብሱ ኣብ ከቢድ ሓደጋ እናእተዋ ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።ነታ “**ካብ ሰባት ክብሪ ኣይጽበን እየ።**” ዝበላ ኀይታ ክትዝክራ ይግባእ። ኀይታ ዝኣክል ካብ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ሰባት ክብሪ ኣይጽበን`የ ካብ በለ፣ ንስኻ ደኣ መን ኴንካ ኢኻ ክብሪ ዘይሃቡኒ ኢልካ ትሓምም? ተግባርካ ከተሓሳስበካ ይግባእ። ነታ “ ካበየናይ መንፈስ ምዃንኩም ፍለጡ።” ትብል መግናሕቲ ጎይታ ኣይትረስዓያ። ሰባት ክፈርሁኻ፣ ኣብ ልዕል ዝበለ ኮፍ ከብሉኻ፣ ዓቢ ምዃንካ ክምስክሩልካ ኣይትመነ። እዚ ኩሉስ ንስኻ ደኣ ግበረሎም`ምበር ዘይገበሩለይ ኣይትበል።ልዕሊ ኩሉ ድማ ፣ ካብ ሰባት ክብሪ ከምትጽበ ዲያብሎስ እንተፈሊጡካ ፣ ከም ኩዕሶ ክጻወተልካ ምዃኑ ኣይትጠራጠር። ፈጺምካ ኣይትጠራጠር። ነዛ ታሪኽ`ሞ ተመልከታ፣

ሓደ ማዓልቲ፣ ዲያብሎስ ንሓደ ብቑዕ መነኮስ፣ መልኣኽ ተመሲሉ መጽኦም`ሞ ከምዚ በሎም፣ “ ኣታ ክቡር ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር፣ ጸሎትካን ተጋድሎኻን ተቐቢሉልካ ኣሎ።” እቶም ኣቦ ርእሶም እናነቕነቑ፣ “ ናብ ካልእ ተላኢኽካ ከይትኸውን ሕሰብ እሞ ናብ ዝተላኣኽካዮ ኪድ፣ ኣነስ ነዚ ክብሪ ዝበቃዕኩ ኣይኮንኩን፣” ዲያብሎስ ስዕረቱ ተሰኪሙ ተሰወረ።ምናልባት ካብ ሰባት ናእዳ ናይምጽባይ ልምዲ እንተዝነብሮም “ **ከመይድኣ !!** ” ኢሎም ደረቶም ምነፍሑ`ሞ ብትዕቢት ምወደቑ።

ሰባት እዝኮ እናበሉ ከድንቑኻ ትጽበ እንተኾይንካ ኣቐዲመ ከምዝበልኩኻ መላገጺ ዲያብሎስ ክትከውን ኢኻ። ብኸመይ እየ መላገጺኡ ዝኸውን? ትብል ትኸውን፣ ብኸመይ ከምትኸውን ክነግረካ እየ፣ ንኣብነት፣ ስለምንታይ ዝደፍሩኒ፣ ስለምንታይ ዘየኽብሩኒ እናበልካ ትቕየመሎም፣ በብቑሩብ ከኣ ክትርሕቆም ትጅምር።በቃ መጻወቲ ዲያብሎስ ኮይንካ ማለት`ዩ። ባዕሎም ከመይ ውዒልካ ኢሎም ክጅምሩልካ፣ ንስኻ ከምይ ውዒልኩም ኢልካ ክትጅምረሎም ከምዘለካ ትዝንግዕ እንተኾይንካ፣ ባዕሎም ሞባይል ደዊሎም ኩነታትካ ክሓቱ፣ ንስኻ ቀዲምካ ደዊልካ ኩነታቶም ክትሓትት ከምዘለካ ትዝንግዕ እንተኾይንካ መጻወቲ ዲያብሎስ ኮይንካ ማለት እዩ። ክቡር ሓወይ ካብ ሰባት ክብሪ ትጽበ እንተኾይንካ ኣምላኽ ከኽብረካ ኣይትጸበ ። እዛ ካብቲ ሎሚ ኣኽቢሩ ጽባሕ ዘዋርደካ ሰብ ክብሪ ምጽባይስ ኔው ደኣ በላ።

ቀጺለ ክብሪ ካብ ሰባት ዝተጸበዩ`ሞ ሕማቕ ኣወዳድቓ ዝወደቑ ሂበካ ኣለኹ`ሞ ልቢ ጌርካ ስዓበኒ።

ፈሪሳውያን

እዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ ሰባት ክብሪ ናይ ምጽባይ ሕማም ዝነበሮም ምንባሮም ኣብታ ጎይታ ዝነቐፈሎም ዓንቀጽ ተመዝጊቡ ኣሎ፣ ከምዚ ከኣ ይብል፣ “ … ኣብ ዕዳጋታት ሰብ ኢድ ክነስኣሎም፣ መምህር ኢሉ ክጽዎዖም ይፈትዉ።”(ማቴ.23፣7) ከምዚ ዓይነት ጸገም ስለዝነበሮም እዮም ከኣ፣ ህዝቢ ናብ ጎይታ ክውሕዝ ምስ ርኣዩ፣ ደጊም ክብሪ ዝህበና የሎን ኢሎም ክሳዕ ንሞት ዝፈረድዎ።ዝኸበርካ ወዲ እግዚኣብሔር፣ ሰባት ጽቡቕ ጌሮም ሰላምታ ስለዘይሃቡኻ፣ ንዝሓተትካዮም ስለዘይፈጸሙልካ፣ ንሓሳባትካ ስለዘይተቐበልዎ፣ ጉድለት ጌርካ ኢሎም ስለዝነቐፉኻ ዝጸላእካዮም፣ ዝረሓቕካዮም ክንደይ ይኾኑ? ኣስተውዕል ፣ ዋላ`ውን ንሓደ ሰብ ብኸምዚ ዝዘርዘርኩልካ ምኽንያት ክትቕየሞ ኣይግበኣካን እዩ። ሕጂ`ውን ሰባት ስለዘኽበሩኻ ንምእታው መንግስተሰማያት ከምዘይሕግዘካ ኣስተውዕል።እኳ ደኣ ንእግዚኣብሔር ዝግባእ ክብሪ ከይትቕበል ተጠንቀቕ። ከዘኻኽረካ ዝደልዮ እንተሃልዩ፣ ሰባት፣ ዕለተ ሆሳእና “ ሆሳእና..ሆሳእና ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ እዩ ኢሎም ኣመስጊኖም፣ ብዕለተ ዓርቢ ይሰቐል..ይሰቐል ኢሎም ዝጭድሩ ከሓድቲ እዮም። ስለዚ ክብርኻ ካብቲ ምስ ሃበ ዘይጥዓስ እግዚኣብሔር

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ደኣ ይኹን እምበር ካብቶም ሎሚ ኣኽቢሮም ጽባሕ ዘዋርዱኻ፣ ምስ ረብሐኦም ዝጎዓዙ ሰባት ኣይኹን። እቲ ካብ ሰባት ክብሪ ዘይጽበ እቲ ሕጉስ ሂወት ዝመርሕ ምኟኑ ዘክር።

ተቐመጥቲ ሰናኦር

ሕዝቢ ዓለም ከምዚ ሕጂ ከይበዝሓን ናብ ዓለም ሙሉእ ፋሕ ከይበለን ከሎ ኣብዛ ሰናኦር ትብሃል ጎልጎል፣ ሓንቲ ቋንቋን ሓደ ብሄርን ኮይኖም ይቕመጡ ነበሩ።ድሓር ግን ከምዚ ኢሎም ሓሰቡ፦ “ ኣብ ልዕሊ ኩላ ምድሪ ፋሕ ከይንብል፣ ሓደ ሰማይ ጠቀስ ዝኾነ ህንጻ ንስራሕ፣ ስምና ከኣ ነጸውዕ።” (ዘፍ.11፥ 43) ስምና ነጸውዕ !! ስምና ነጸውዕ!! ከመይ ኣደንጻዊ ሓሳብ`ዩ!! ነታ **ስምና ከኣ ነጸውዕ** ትብል`ሞ ኣስተማቕራ፣ ህዝቢ፣ **“እዚኣቶምኮ !”** እናበለ ክዛረበሎም ደልዮም።ብቃ፣ ንኣምላኽ ምጽዋዕ ገዲፎም ንዕኦም ክጽውዕዎም ተመንዮም። ትምኒቶም ከይፈጸሙ ከኣ ወዲቖም ተረፉ።ምእንቲ ክብሪ ነብሱ ኢሉ ዝሰርሕ፣ መወዳእትኡ ውድቀት ምኳኑ ከኣ ንዓለም ኣብነት ኮኑ። እስከ ልቢ ንልቢ ተወሃሂብና ነዕልል፣ ሰባት፣ **ዓሽ ሳላ`ዚ ኢናኮ ኣብዚ በጺሕና** እናበሉ ከመስግኑኻ፣ **እዚ እንተዘይህሉኮ፣ እዚ እዩኮ እቲ**.......እናበሉ ብዛዕባ ኣገልግሎትካ ከሕሸኽሹኹ ኣይተመነኻን ዲኻ? ብኾፎም ዝነቕፉኒ እንታዎት`ዮም ኢልካ ኣይተቐየምካን? ካብዚ ኩሉ ነጻ እንተ`ኼንካ እግዚኣብሔር ዝዓደለካ ሰብ ኢኻ። ጽቡቕ ባህሪ ኣለካ`ሞ ዓቕቦ።

ክቡር ሓወይ፣ ነቲ ሎሚ ኣመስጊኑ ጽባሕ ዝረግመካ ሰብ ኣይትእመኖ። እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ከዘኻኽረካ`የ፣ ሎሚ ብዝሰራሕካዮ ኣምላኽ ጥራይ ከምዝምስገን ግበር`ሞ፣ ጽባሕ ድማ ኣምላኽ፣ ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ኣጋንንትን ኣብ ቅድሚቲ ፍርዱ ንምቕባል ደው ዝብል ህዝቢ ዓለም፣ ኣታ ቡሩኽ ናየቦይ ኢሉ ከመስግነካ`ዩ። ክቡር ሓወይ፣ ነዛ ዕለት እናሓሰብካ ኣገልግል። በቃ ክብሪ ሰባት ይትረፍካ። ሓደ ሓቂ ከረጋግጸልካ ግን፣ ንስኻ ክብሪ ኣትጸበ`ሞ ሰባት ትሕትናኻ ርእዮም ብዕጽፍን ድርብን ከመስግኑኻ እዮም። ሰብስ ከምዚ እንተዝኸውን እምበር ክብሉ እዮም። ብዛዕባኻ ጥራይ ክዛረቡ ባህ ክብሎም እዩ። እዚ ከኣ እቲ ተገልግሎ ኣምላኽካ ዝሃበካ ጸጋ እዩ። ስለዝግባኣኒ`ዩ ከይትብል ግን ተጠንቀቕ።እቶም ሰባት ነዚ ክብሪ`ዚ ኣይበቃዕኩን በሎም።

ንስኻስ ዓበይቲ ስራሓት ክትሰርሕ ከለኻ እንታይ ክትብል ከምዘለካ ካብዛ ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኽ ክትምሃር ኢኻ።

ንጉስ ዳዊት

ንጉስ ዳዊት፣ ብዝተሰርሐ ስራሕ ክምስገን ዘለዎ ኣምላኽ ምኟኑ ዘረድአ ኣብነት ትሑታት ሰባት እዩ። ንሱ፣ ኣብታ ምስ ጎልያድ ዝገጠመላ ግዜ፣ በቲ ዝረኸቦ ዓወት ክምስገን ወይ ክጽዋዕ ዝግበአ ኣምላኽ ምኟኑ ከረድእ ከሎ ከምዚ ይብል፣ “ **ሎሚ እግዚኣብሔር ንዓኻ፣ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ክህበኒ እዩ፣ ኣነ ከኣ ክቐትለካ እየ። ... ሽዑ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከምዘሎ ኩላ ምድሪ ክትፈልጥ ኢያ።”** (1ይ.ሳሙ. 17፥46) ተመልከት`ሞ! ዋላኳ እቲ ዝስዕር ዘሎ ዳዊት እንተነበረ፣ እቲ ዝሰዓረሉ ሓይሊ ካብ እግዚኣብሔር ከም ዝተቐበሎ ስለዝፈልጥ “ ኣነ ዳዊት ሓያል ምኟነይ ክፍለጥ እየ ኣይበለን። ንስኻኸ ክቡር ሓወይ፣ እቲ ትስርሓሉ ጸጋ ካብ እግዚኣብሔር ምኟኑ ትዝንግዕ ዲኻ? ስራሕ`ሞ ክብሪ ንእግዚኣብሔር ሃቡ በል።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣባ ሙሴ ጸሊም

ኣባ ሙሴ ጸሊም ዝነበሮም ትሕትናን ቅድስናን ክሳብ ንጉስ በጽሓ`ሞ፣ንጉስ ሰራዊቱ ኣኸቲሉ ክርእዮም ናብ ገዳሞም ኣምረሐ። ምስ ኣባ ሙሴ ከኣ ኣብ መገዲ ተራኸቡ፣ እንተኾነ ግን እቲ ንጉስ ብወረ`ምበር ገጾም ይፈልጦም ስለዘይነበረ፣ ኣባ ሙሴ ዝበሃል ትሑት መነኮስ ኣብ ገዳሞም ይህልዉዶ ኢሉ ሓተቶም፣ ኣባ ሙሴ፣ ክብሪ ካብ ሰባት ዘይጽበዩ ብቑዕ ባሕታዊ ስለዝነበሩ፣ኣነ እየ ኣይበልዎን፣ኣባ ሙሴ ኣብ ገዳሙ የሎን ኣይትረኽብዎን ኢኹም ፣ ክነረጋግጽ እንተኢልኩም ግን ኣብ ገዳም ኣቲኹም ሕተቱ ኢሎሞም ከዱ፣ ተሓቢኦም ከኣ ውዓሉ።

ክቡር ሓወይ፣ ነዚ ታሪኽ ክተንብብ ከለኻ እንታይ ይስማዓካ? ናይ ሰባት ክብሪ ዘይተቐበልኩ ኢልካ ምሕማምካ ክሳዕ ክንደይ ካብ ቦታ ቅድስና ርሒቕካ ምህላውካ`ሞ ተመልከት።ንኽብሪ ሰባት ንዓቀ፣ ንጉስ`ውን እንተኾነ ንዓቀ። ንቅዱሳን ኣቦታትካ ምሰል።

መነኮስ

ሓደ ዝነቕፎም ክረኽቡ ከለዉ ዝሕጎሱ መነኮስ ነበሩ። ኩሉ ግዜ ናብቲ ሰብ እናኸዱ ከኣ ሎሚ`ኸ እንታይ ኣሎ ዝእረመሉ እናበሉ ክነቕፎም ይጽበዩ ነበሩ። ንሰባት ክመኽሩ ከለዉ `ውን ፣ ደቀየ፣ ነቐፍቲ ሰባት ምንጪ በረኸትን ክብርን እዮም`ሞ ኣመስግንዎም። እቶም ዘመስግኑ ግን ነብሲ ዘታልሉ እዮም`ሞ ኣይትእመንዎም። ካብ ንዘመስግኑኻ ነቶም ዝነቕፉኻ እመን እናበሉ ይመኽሩ ነበሩ።

ንስኻውን ሓወይ፣ ካብ ነቶም ዘመስግኑኻ ነቶም ዝነቕፉኻ እመን፣ ኣመስግኖም ከኣ።

ነዛ ምዕራፍ በዛ ትስዕብ ለበዋ ጌረ ክዓጽዋ እየ። ኣቦና ኣብርሃም ኣነ ሓመድን ሓሙኽሽትን እየ ካብ በለ፣ ንጉስ ዳዊት ኣነ ሓሰኻ እየ ካብ በለ፣ ቅዱስ ጳውሎስ ኣነ ቁላዕ እየ ካብ በለ፣ ኣባ መቃርስ ኣነ ሓቀኛ መነኮስ ኣይኮንኩን ካብ በሉ፣.....ንስኻ`ኸ እንታይ ኢኻ ክትብል???ምስ ነብስኻ ተሓሳሰብ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ትሽዓተ ነጥብታት ድሕሪ ንስሓ

➢ትርጉም ንስሓ ኣብ መንፈሳዊ ሂወት

ናይ ስብከት መጀመርያ ንስሓ እተዉ እዩ።ስብከት ዩሃንስ መጥምቅ ብንስሓ ይጅምር።(ማቴ.3፥3) ስብከት ጎይታ`ውን ከምኡ።(ማቴ.4፥17) ስብከት ሃዋርያት`ውን ከምኡ።(ግሃ.2፥38)። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከአ፣ ንስሓ፣ ናብ እግዚኣብሔር ተመለሱ ዝብል ናይ ፍቕሪ መጸዋዕታ ስለዝኾነ እዩ። ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ሃይማኖት ኮነ ክርስቲያነዊ ስነ-ምግባር ድሕሪ ንስሓ እዩ ዝውሃብ። በዚ ምኽንያት፣ ንስሓ ኣብ መንፈሳዊ ሂወት ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ይርከብ።

ንስሓ እንታይ`ዩ?** ክቡር ኣንባቢ፣ ካብ ናይ መብዛሕትኡ ሰብ፣ ጌጋ ርድኢት ነጻ መታን ክትከውን`የ ነዛ ሕቶ ኣቕሪበያ ዘለኹ። ናይ መብዛሕትኡ ሰብ፣ ጌጋ ርድኢት እንታይ`ዩ ትብል ትኸውን፣ እቲ ጌጋ ከምዚ`ዩ፣ **ንስሓ ንዓኣቶም፣ መተባብዒ ሓጢኣት እዩ። ማለት፣ ንንስሓሉ እናበሉ ሓጢኣት ይገብሩ፣በቃ! እናፈለጡ ሓጢኣት ይገብሩ። ድሓር ንንሳሕ እናበሉ ይሕስዉ፣ ይሰርቁ፣ ይዝምዉ፣ ናብ ቤት ጠንቆልቲ ይኣትዉ፣ በቃ ባህ ዝበሎም ይገብሩ።ንስኻ ግን ሓወይ፣ ካብዚ ዉዱቕ ፍልስፍና ርሓቕ። ንስኻስ ንመልሲ ናይታ ሕቶ ደኣ ስዓቦ። ንስሓ እንታይ`ዩ? ንስሓ በዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ`ዩ ትርጉማ ዝግለጽ።

- ብዝሓለፈ ሓጢኣትካ ምጥዓስ፣ ምብካይ፣ ደጊምካ ናብ`ቲ ካብ እግዚኣብሔር ፈልዩካ ዝጸንሐ ሓጢኣት ከምዘይትምለስ ምውሳን። በቃ!! ምባል።

ንሓቅነት ናይ`ዚ ትርጉም ኣብዞም ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ቅዱሳን ክተረጋግጾ ኢኻ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣቦና ኣብርሃም

ንብዙሕ ዓመታት ንጣዖታት እናምለኸ ድሕሪ ምጽናሕ ብንስሓ ናብ እግዚኣብሔር ተመልሰ።ደጊሙ ናብ ሓጢኣት ብዘይምምላሱ ከኣ ነዘን ዝስዕባ ጸጋታት ተቐበለ፦

- **ኣቦ ብዙሓት ኮነ።**ከመይ ኣደናቒ!! እቲ መምለኺ ጣዖትስ ብንስሓ ብምምላሱ ኣቦይን ኣቦኹምን ኣቦ ኩላቶም ቅዱሳንን ኮይኑ። ለከ ናብዝነበርካዮ ሓጢኣት እንተዘይተመሊስካ ተቐባሊ ዓቢ ጸጋ ኢኻ።(ዘፍ. 17፥4)
- **ምድሪ፣ ብኣብርሃም ክትባረኽ ኪዳን ተዋህቦ።** ምድሪ ምእንቲ ኣብርሃም ወደይ ብርኽቲ ኩኒ ተባህለት። ኣቤት ብንስሓ ዝርከብ ጸጋ!! እቲ መምለኺ ጣዖት ዝነበረስ ምድሪ ክባርኽ!!!(ዘፍ.12፥13)
- **ንስላሴ ኣብ ገዝኡ ክቐበል በቕዐ።** (ዘፍ. 18፥1-6)ድሕሪ ንስሓ ዝረከብ ጸጋ ተመልከቶ !
- **ዓርኪ እግዚኣብሔር ተባህለ።** ለከ እንተተነሲሕካስ ዓርኪ እግዚኣብሔር ኢኻ ትኸውን።ኣየናይ ሓጢኣት ድኣሉሞ ካብ ዕርክነት እግዚኣብሔር ዝፈልየካ?? ዓርኪ እግዚኣብሔር ተባሂልካስ ደጊምካ ናብ ሓጢኣት ክትምለስ!!! ፍጹም በል።(ዘፍ. 18፥17-19)
- **ኣብ መንግስተ ሰማያት ንቅዱሳን ኣብ ሕቑፉ ዝቕበል ኮነ።** ኣታ ንስሓ ከምዚ ድዩ!! ተነሲሕካ ነዚ ኩሉ ጸጋ ኢኻ ትቕበል!! ሓቁ እንድዩ ደኣ ዲያብሎስ ናብ ናይ ቅድም ሓጢኣትካ ክመልሰካ ድቃስ ክስእን። ድሕነትካ ኣበይ ከቕስኖ። ተቐባሊ ናይ`ዚ ኩሉ ጸጋ ክትከውን ከመይ ኢሉ ስቕ ክብል። (ሉቃ. 16፥22)

ማርያም መግደላዊት

እዚኣ እታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ነይሮማ ተባሂሉ ብወንጌላዊ ማርቆስ ዝተነግረላ ሰበይቲ ኢያ።(ማር.16፥19) እዞም ሾብዓተ ኣጋንንቲ ነናቶም ሓጢኣት የስርሕዋ ነበሩ። እቲ ሓደ ኣብ ኣሕዋታ ቀናእ ከምትኸውን ይገብራ።ናይ ቅንኢ መንፈስ ከአ ይብሃል። እቲ ካልኣይ ናይ ጽርፈት መንፈስ ይብሃል፣ ተጻራፊት ከኣ ይገብራ። እቲ ሳልሳይ ናይ ትዕቢት፣ ራብዓይ ናይ ንዝሙት ዝደፋፍእ ጌጻ ጌጽ ከምትጥቀም ይጋብራ፣ ሓሙሻይ ናይ ዝሙት፣ ሻድሻይ ናይ ሓሶት፣ ሻብዓይ ናይ ሕሜት። እዞም ኣጋንንቲ እናተበራረዩ ባርያ ሓጢኣት ኮይና ከምትነብር ገበርዋ ።ግዚኡ ክኣክል እምባ ይፈርስ ከምዝበሃል፣ ዕድለኛ ትኾነሉ ግዜ ምስ ኣኸለ ነዞም ኣጋንንቲ ብንስሓ ስዒራ ናብ እግዚኣብሔር ተመልሰት። ደጊማ ናብቲ ዝነበረቶ ሓጢኣት ብዘይምምላስ ከኣ ተቐባሊት ናይ`ዞም ዝስዕቡ ጸጋታት ኮነት።

- ✓ ካብተን 36 ቅዱሳት ኣንስት ንምኳን በቕዐት።
- ✓ ንትንሳኤ ጎይታ ቀዳመይቲ ክትርእን ተንሲኡ ኢላ ክትሰብኽን በቕዐት።(ማር. 16፥9-11)
- ✓ ብስማ ቤተ ክርስቲያን ክህነጽን ስማ ጸዊዑ ንዝለመነ ምሕረት ክረክብ ኪዳን ተዋህባ። ስለዝኾነ ከኣ ምእንቲ ቅድስቲ ማርያም መግደላዊት ማሓረና ኢልና ንምህለል።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

✓ ናይ ቤተ ክርስቲያና ደራሲት(ጽሓፊት) ክትከውን በቕዐት።

ተመልከት! ንስሓ እንታይ ምኺኑ ተማሃር። ብንስሓ ዝርከብ ጸጋ ርአዮ፣ ናብ ዝነበርካዮ ሓጢኣት ብዘይምምላስ ዝርከብ ጸጋ።

ኣባ ሙሴ ጸሊም

ንብዙሕ ዓመታት፣ ሰባት እናቕተለ፣ እናዓመጸ፣ እናዘመወ፣ ጣዖታት እናምለኸ ይነብር ነበረ። እቲ ሕጂ`ውን ንዓኻ ብንስሓ ዝጽወዓካ ዘሎ ኣምላኽ ብንስሓ ምስ ጸወዖ፣ ንኹሉ ሓጢኣቱ ንዒቑ ናብ ፈጣሪኡ ተመልሰ።ደጊሙ ናብ ዝነበሮ ሓጢኣት ብዘይምምላስ ከኣ ነዘን ዝስዕባ ጸጋታት ተቐበለ።

- ❖ ኣበምኔት ናይ ገዳም ኮነ። ኣቦ ብዙሓት ማነኮሳት ኮነ።
- ❖ ኣብ ገዛ መስርሒ ጸብሒ ማይ ምስ ሰኣነ፣ ጸልዩ ኣብ ዘይግዚኡ ዝናብ ከምዝዘንብ ገበረ።
- ❖ ኣኽሊል ሰማእትነት ንምቕባል በቕዐ።

ቅዱስ ጳውሎስ

ንጎይታ ዝሰቐለ፣ ቀታሊ ሊቀ-ዲያቆናት እስጢፋኖስ፣ ኣሳዳዲ ቤተክርስቲያ ዝነበረ እዩ። ብንስሓ ናብ እግዚኣብሔር ምስተመልሰ ግን ናብ ዝነበሮ ሓጢኣት ብዘይምምላስ ነዘን ዝስዕባ ጸጋታት ተቐበለ።

- ሑሩይ ኣቕሓ ተባህለ።
- ገሳጺ ኣጋንንቲ ኮነ፣
- መምህር ኣህዛብ ኮነ።
- ክሳብ ሳልሳይ ሰማይ በጽሐ።
- ኣኽሊል ሰማእትነት ተቐበለ።

እምበኣር፣ ካብዚ ክትርእዮ ዝጸናሕካ ኣብነታት ትወስዶ ትምህርቲ፣ ድሕሪ ንስሓ፣ ካብ ጽድቂ ናብ ጽድቂ፣ ካብ ጸጋ ናብ ጸጋ ክትሰጋገር`ምበር ናብቲ ንዒቕካ ጡፍ ዝበልካዮ ሓጢኣት ክትምለስ ከምዘይግባእ እዩ።

ናብ ዝነበርካዮ ሓጢኣት ከይትምለስ ትደሊ ድኻ? ነዛ ቀጺላ ተጻሒፋ ዘላ ቃል፣ መራሒት ሂወትካ ግበራ። ፈጺምካ ኣይትረስዓያ። “ ሰባት ንጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብምፍላጥ ካብ ርኽሰት ዓለም ሞሊቖም፣ ከም ብሓድሽ ብኣኣ ተጢሊፎም እንተወደቑ፣ ካብ ቀዳማዮም ዳሕራዮም`ዩ ዝገድድ።( 2ይ. ጴጥ. 2፥20) ስለዚ፣ ንንስሓ መደምደምታ ሓጢኣትካ ደኣ ግበሮ`ምበር ከም መተባብዒ ሓጢኣት ኣይትግበሮ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

➢ ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ ሓጢኣተኛታት

ብዙሓት ሰባት ናብ ቤተ-ክርስቲያን ንምኻድ ይፈርሁ እዮም። እቲ ምኽንያት ከኣ ምስ'ዚ ኩሉ ሓጢኣተይ ከመይ ጌረ ክኣቱ ዝብል እዩ። ወይ ጉድ ! ሓጢኣት ክትሰርሕ ዘይፈራህካዶ ሓጢኣተይ ሕደገለይ ክትብል ምኻድ ይፍራህ'ዩ!! ከመይ ረቂቕ'ዩ እዚ ብልሓት ዲያብሎስ ! ሰብዶ ናብ ቤት ኣቡኡ ንምእታው ይፈርህ'ዩ !! እዚ ፍርሂ'ዚ ግን ካብ መን'ዩ? ኣየናይ መንፈስ'ዩ ምስዚ ኩሉ ሓጢኣትካ ናብ ቤተክርስቲያን ንምኻድ ዘፍርሃካ ዘሎ? ኣይትጠራጠር፣ ካብቲ ንስሓኻ ዘቃጽሎ ዲያብሎስ እዩ። ኣይትጠራጠር ካብኡ'ዩ። እግዚኣብሔርስ ከምዚ እናበለዩ ንሓጢኣተኛታት ዝጽውዕ:-

- “ እምበኣር ሕጂ ንዑ፣ ሽሕ እኳ ሓጢኣትኩም ከም ደም እንተቑሐ ከም በረድ ከጻዕድወኩም እየ.....” (ኢሳ. 1፥18)

- “ ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ እዩ።”(ሉቃ. 7፥48)ኣብዚኣስ ሓንቲ ጽብቕቲ ነጥቢ ከዘክረካ ደልየ ለኹ፣ እዛ ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ ኣሎ ዝተባህለት ዘማዊት ሰበይቲ፣ ዘማዊት እንድየ ነይረ ኢላ ከይፈርሀት ኣብ እግሪ ክርስቶስ ወዲቓ ብምንስሓ ኢያ ነዚ ዓቢ ጸጋ ዝተቐበለት። ፈሪሃ እንተትርሕቕከ? ከመይ ጌረ ኣብ እግሩ ወዲቐ ክልምን እንተትብልከ ?....ክቡር ሓወይ፣ ኣብ ቅድሜኻ ደው ክብል ዝግበኣኒ ኣይኮነን በል ግን ከአ ደው በል።እግዚኣብሔር ማሓሪ ኢዩ።

- “ ክርስቶስ ኢየሱስ ሓጥኣን ከድሕን መጸ።”(1ይ. ጢሞ. 1፥15)

እዘን ሂበካ ዘለኹ ጥቕስታት ንኽትንሳሕ ዘተባብዓ እየን። እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ሓጢኣተኛታት ምሕረቱ ከምዝገብር እየን ዝነግራ። ስለዚ ኣይተመኽኒ፣ እናመኽነኻ ኣብ ብዙሕ ሓጢኣት ኣይትውደቕ። እግዚኣብሔር ምሓሪ እዩ። ክምሕረካ እዩ።

➢ ኣብ ውሳኔኻ ጽናዕ

ተነሳሕ'ሞ ጽናዕ ከኣ።ክቡር ሓወይ፣ ናብ እግዚኣብሔር ክትምለስ ካብ ምውሳን ዝበልጽ ውሳኔ ኣሎ ድዩ? “ እሰይ ! ” ዘብል ውሳኔ እዩ። ነዚ ውሳኔ'ዝስ ክሳዕ ሞት ጽንዓሉ። እዘን ጥቕስታት ዝብላኻሞ ስምዓየን:-

- “ ክሳዕ ሞት እሙን ኩን፣ ኣነውን ኣኽሊል ሂወት ክህበካ እየ።”(ራኢ.2፥10)

- “ ካብታ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘላትና ፍቕሪ ዝፈልየና መን'ዩ?”(ሮሜ.8፥35)

ኣስተውዕል! እቶም ኣብዛ ተንብበላ ዘለኻ ግዜ ኣብ ገነት ኮይኖም ዝሕጎሱ ዘለው፣ ንእግዚኣብሔር ኣስሚርና መንግስቱ ክንወርስ ኣሎና ኢሎም ዝወሰኑሞ ኣብ ውሳኔኦም ዝጸንዑ እዮም። በቃ ! ኣብ ውሳኔኦም ስለ ዝጸንዑ እዮም።ንሳቶም ብምሕረት እግዚኣብሔር ከም ዝጸድቁ ይኣምኑ፣ንዓለም ይንዕቁ፣ ይንስሑ፣ ኣብ ውሳኔኦም ከኣ ይጸንዑ። ነዞም ቀጺለ ዘርዚረዮም ዘለኹ'ሞ ተመልከቶም:-

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

✓ ስምኦን ሰፋይ ሳእኒ

ብዝሙት ንዘይምውዳቕ ዓይኑ ብመስፈ ክሳዕ ምጉጥጓጥ ወሰነ። ንሱ፣ እታ ጫማ ከተስፊ ዝመጽአት ሰበይቲ፣ ደስ ኢልካኒ ኢላ ንዝሙት ምስ ደፋፈአቶ'ዩ ነዚ ከቢድ ውሳነ ዝወሰነ።በቃ ኣይዝሙን ኢሉ ወሲኑ፣ ኣብ ውሳኔኡ ከኣ ጸኒዑ።

✓ ኣባ መርትያኖስ

ብዝሙት ንዘይምውዳቕ እግሮም ናብ ሓዊ ክሳዕ ምእታው ወሰኑ።ታሪኾም ናብታ **ንእግዚኣብሔር ንዘይምብዳል ወስን** ትብል ኣርእስቲ ተመሊስካ ኣንብቦ።

✓ ቅዱስ ኣግናጥዮስ

ንጣዖታት ኣይሰግድን ኢሉ ብኣናብስ ክሳዕ ዝብላዕ ኣብ ውሳኔኡ ጸንዐ። ቅዱስ ኣግናጥዮስ ናይ ሃዋርያ ዮሃንስ ወደመዝሙር እዩ ነይሩ።እቲ ዓላዊ ንጉስ ንጣዖታተይ ስገደሎም፣ ኣይፋል እንተበልካ ከኣ ብኣናብስ ከብልዓካ እየ፣ ምስ በሎ እዩ ነዚ ከቢድ ውሳነ ዝወሰነ።.

✓ ቅድስት ኣርሴማ

ናብቲ ዓላዊ ንጉስ ንዘይምምርዓው ብስሕለት ሴፍ መስዋእቲ ክሳዕ ምቕባል ወሰነት።

ክቡር ሓወይ፣ ንስኻኸ ከመይ ኢኻ? ሓጢኣት ብቐሊሉ ዘምበርክኾ ሰብ ዲኻ ወይስ ጽኑዕ ውሳነ ዘለዎ ሰብ ኢኻ? ተነሳሕ'ሞ ናብቲ " ፎ " ዝበልካዮ ሓጢኣት ከይትምለስ ወስን። ሰብኣይ ኩን።

➢ ነቲ ዝሓለፈ ሓጢትካ ብምስክሕካሕ ዘክሮ

ሓጢኣት ሞት'ዩ። ስለዚ ሞይትካ ኢኻ ጸኒሕካ፣ (ኤፌ. 2፥1) ሓጢኣት ካብ እግዚኣብሔር ምጥፋእ እዩ። ስለዚ ጠፊእካ ኢኻ ጸኒሕካ፣ (ሉቃ. 15፥10)ሕጂ ግን ካበይ ተመሊስካ ምህላውካ ኣስተንትን። ብሓቂ'ሞ ኣስተንትን፣ ኣበይ ኢኻ ጸኒሕካ? ነቲ ስጋኡ ተወዲኡ ዓጽሙ ክሳዕ ዝርአ 6666 ግዜ ምእንታኻ ብጮግራፍ ዝተገርፈ፣ ነቲ ገጹ ብደም ክሳዕ ዝሕጸብ ኣኺሊል እሾኽ ዝተደፍኣሉ፣ ብሓሙሽተ መሳምር ተሸንኪሩ መሪር ስቓይ ዝተቀበለ ጎይታኻ ኢኻ ክሒድካዮ ጸኒሕካ። ስለዝኾነ ብሕሉፍ ሓጢኣትካ ኣስካሕክሕ። ስኽሕክሕ በል። ከመይ ዘይተስካሕክሕ፣ ካብቲ ምእንታኻ ዝተቐርሰ ስጋኡን ደሙን እንዲኻ ተፈሊኻ ጸኒሕካ፣ ከመይ ዘይተስካሕክሐ ሓጢኣትካ ካበየናይ ጸጋን በረኸትን ድዩ ፈልዩካ ጸኒሑ፣ **እህህ** በል።ሕስብ እሞ ኣብል ! ኣብዛ ተንበበላ ዘለኻ ግዜ ብሞት ተጸዊዕካ ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ እንተትቐርብ እንታይ ምበልካ? እቶም ተሰኪምካዮም ዘለኻ ሓጢኣትከ እንታይ ምፈረዱኻ? ደጋጊምካ'ሞ ኣስተንትን! ኣበይ ምሃለኻ? ምስ ቅዱሳን እናተሓጎስካ ወይስ ምስ ኣጋንንቲ እናተሳቐኻ?...ሕጂ ግን ንፈጣሪኻ ከምዚ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኢልካ ኣመስግኖ፣ “ካብቲ ዘስካሕክሕ ስቓይ ክድሕን ነዛ ናይ ንስሓ ግዜ ሂብካኒ ኢኻ`ሞ ተመስገን።” ኣመስግን`ሞ ተነሳሕ።

ዘሕለፍካዮ ናይ ሓጢኣት ግዜ ክትዝክር ከለኻ ከመይ ጌርካ ክተስካሕክሕ ከምዝግበኣካ ካብዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ኣብነታት ክትመሃር ኢኻ።

❖ ንጉስ ዳዊት

ንጉስ ዳዊት ምስ ባትሴባ ብዝሙት ወዲቑ ከይኣክልስ ንኦርዮ ሰብኣያ ከምዝቖተሎ ትፈልጥ ኢኻ። ነዚ ከቢድ ሓጢኣት ድሕሪ ምፍጻም ከኣ ብመንገዲ ነቢይ ናታን ተነስሐ። ነቲ ዝፈጸሞ ሓጢኣት ክዝክሮ ከሎ ከመይ ጌሩ የስካሕክሕ ከምዝነበረ ካብዛ ቃሉ ክንርዳእ ንኽእል። “ **ኣነ ብእህህታ ሰልከየ፣ ለይቲ ለይቲ ንመደቀስየይ ብንብዓተይ አርሕሶ፣ ንመንጸፈይ ከኣ ብንብዓተይ አጠልቅዮ ኣለኹ።”** (መዝ. 6፥6) **ነታ ብእህህታ ሰልከየ** ትብል ቃል ትኹረት ግበረላ። ክቡር ሓወይ፣ ብዝፈጸምካዮ ሓጢኣት እህህ ትብል እንተ`ኼንካ፣መንጸፍካ ክሳዕ ዝጠልቂ ትበኪ እንተ`ኼንካ ከመይ ጌርካ ናብቲ ዝበኸኻሉ ሓጢኣት ክትምለስ ትኽእል ! ከምይ ጌርካ ናብቲ እህህ ዝበልካሉ ሓጢኣት ክትምለስ ትኽእል ! ለከ ነቢይ ዳዊት ነቲ ሓጢኣት ደጊሙ ዘይፈጸሞ እናስካሕክሐ ስለዝተነሳሓሉ እዩ። ለከ ነቲ ክትፍጽሞ ዝጸናሕካ ሓጢኣት እናስካሕካሕካ ምዝካር ደጊምካ ከምዘይትምለሶ እዩ ዝገብር!! እምበኣር ከምኡ ካብኮነ ከምኡ ግበር።

❖ ጥበበኛ ሰሎሞን

እዚ ንቤት-መቕደስ ኣምላኽ ዝሃነጸ፣ ክልተ ግዜ እግዚኣብሔር ዝተገልጸሉ ሰብ፣ ብሓጢኣት ወደቐ። ከቢድ ሓጢኣት ፈጸመ። ነተን ብዝሙት ዘውደቕአ ኣንስቲ ጣዖታተን ዘምልኻሉ ህንጻ ሰርሓለን፣ እቲ ንቤተመቕደስ ኣምላኽ ዝሃነጸስ ንጣዖታት ዝኸውን ቤት ሃነጸ!! በዚ ኣየብቅዐን ደድሕሬአን ናብ ጣዖተን ከደ። እግዚኣብሔር ንዒቐኻ ክሳብ ዝብሎ ሓጢኣት ፈጸመ። ይኹን`ምበር እቲ ማሓሪ ኣምላኽ ብዝገበረሉ መግናሕቲ ናብ ኣምላኹ ተመልሰ። ብድሕሪ`ዚ ነዛ ዓለም ከመይ ጌሩ ከምዝነዓቓን ኣብዛ መታለሊት ዓለም ምንባር ከምዘጽልኦን ብጽሑፉ ጌሩ ይገልጽ። ከምዚ ከኣ ይብል፣ “ ከንቱነት ናይ ከንቱነት ኩሉ ከንቱ እዩ፣ ኣብ ትሕቲ ጽሓይ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የሎን።(መክ. 1፥2) ቀጺሉ ከምዚ ይብል፡- “ ኣብ ዓለም ዝግበር ዘበለ ኩሉ ስለ ዝመረረኒ ህይወት ንዓይ ትርጉም የብሉን።(መክ.2፥17) እዚ ንጉስ እስራኤል ዝብሎ ዘሎ`ሞ ስማዓዮ ! ለከ ንሓጢኣትካ እናስካሕካሕካ ምዝካር፣ ነዛ ዓለም`ውን ከምትጽየፉ`ዩ ዝገብር !!

❖ ኣባ ዕብሎይ

እዞም ብንስሓ ኣቦ ክበሃሉ በቒዖም ዘለዉ፣ ስኽሕክሕ ዘብል ሓጢኣት ዝፈጸሙ እዮም። እዞም ኣቦ፣ ዝሙት፣ ስርቂ፣ ቅትለት ተመንይዎምስ፣ ኣቀማምጣ ዕሽል ኣብ ማህጸን ኣዲኡ ከመይ ይመስል ንምርኣይ ተመነዩ።

ሓደ ማዓልቲ ኣብ በረኻ ኮፍ ኢሎም ጸጉሪ ኣባጊዖም እናቆረጹ፣ ሰይጣን፣ ነታ ኣቀማምጣ ዕሽል ከመይ ከምዝመስል ምርኣይ ትብል ሓሳብ ኣዘኻኸሮም፣ ብዛዕብኡ እናሓሰቡ ከኣ ሓንቲ ምሕራሳ ዝቐረበ ሰበይቲ መጽኣት። ከምትምኒቶም ከብዳ ቀዲዶም ነቲ ዕሽል ርኣዎ። ኣደ ምስ ወዳ ብዘሳክሕክሕ ኣማውታ ሞቱ። ብድሕሪ`ዚ ካብቲ ሞትና ዘይደሊ ኣምላኽ ናይ ጣዕሳ መንፈስ መጸም። ብተግባሮም ኣምሪሮም

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

በኸዩ። ከዳኖም ቀዲዶም፣ ኣብ ርእሶም ሓመድ ነስነሱ፣ “ **ወይለይ ኣነ ዘይረብሕ ሰብ ንዝልኣለም ዘይሕደገለይ ሓጢኣት ክፍጽም ጸኒሐ።**” እናበሉ ኣልቀሱ።

ኩለን ኣባጊዖም ጠንጢኖም ናብ ገዳም ኣስቄጥስ ኣተው። ናብቶም ኣቦታት ከይቀረቡ ኣርሒቖም ኣብ ባዓቲ ኣትዮም ለይትን ማዓልትን እናበኸዩ ን40 ዓመታት ተቐመጡ። “**… ብዘይ ሓጢኣት ዝነብር ሰብ የሎን፣ ብዘይ ምሕረት ዝነብር ኅይታ`ውን የሎን`ሞ ምሓረኒ።**” እናበሉ ለመኑ። በቃ ! ክሳዕ ዕለተ ሞቶም ብሓጢኣቶም እናበኸዩ ተቐመጡ።

ንኽዓርፉ ሰለስተ መዓልቲ ምስ ተረፎም ሓደ ባሕታዊ ብመልኣኽ ተላኢኹ መጽኦም። ሓጢኣቶም ከምዝተሓደገሎም ኣበሲሩ ከአ ኣጸናንዖም። እቶም ን40 ዓመታት ሰብ ከይርኣዩ ዝጸንሑ ኣቦ፣ ብምጽንናዕ ናይቶም ባሕታዊ ባህ በሎም። ከምዚ ኢሎም ብፍቕሪ ክዘራረቡ ከለዉ፣ ኣጋ ምሸት፣ ሓደ ብርሃናዊ መልኣኽ ተገልጾሎም ፣ ከምዚ ኢሉ ድማ ዘመረሎም፣ “ **ንየዒንተይ ካብ ንብዓት፣ ንልበይ ካብ ሓዘን፣ ንነብሰይ ካብ ሞት ኣድሒንካየን ኢኻ። ነብሰይ እግዚኣብሔር ሰናይ ጌሩልኪ እዩ`ሞ ናብ ዕረፍትኺ ተመለሲ።**” እቶም ኣቦታት ኣብ ቅድሚ`ቲ መልኣኽ ብፍርሃት ቆሙ። እቲ መልኣከ ንኽልቲኦም ቅዱስ ቁርባን ኣቐሪቡም። ኣባ ዕብሎይ ድሕሪ`ዚ ፍጻሜ ነብሶም ብሰላም ዓረፈት። እቶም ባሕታዊ ከመይ ጌረየ ዝቕብሮ ኢሎም እናተጨነቐ ክልተ ኣናብስ መጹ። ጉድጓድ ኩዒቶም ንእግሪ ኣባ ዕብሎይ ልሒሶም ከዱ። እቶም ባሕታዊ በዚ እናተደነቐ ቀበርዎም።

ምሳይ`ሞ ኩን ክቡር ሓወይ፣ ከበድቲ ዝበሃሉ ሓጢኣት ዝፈጸምካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ ክንደየናይ ግን ክንዲ`ዚ ናይ ኣባ ዕብሎይ ክኸውን ኢሉ። እንተኾነ`ውን ከም ኣባ ዕብሎይ ምንሳሕ ጥራይ`ዩ ዘድልየካ። ከም ኣባ ዕብሎይ ብሓጢኣትካ ምስክሕካሕ ጥራይ`ዩ ዘድልየካ። ከም ኣባ ዕብሎይ ናብ`ቲ ዝነበርካዮ ሓጢኣት ንኸይትምለስ ምውሳን ጥራይ`ዩ ዘድልየካ። ኣባ ዕብሎይ ነጺሆም እዮም`ሞ ክትነጽህ ኢኻ። እቲ ጨካን እናተባህለ ዝፍራህ ዝነበረ ዕብሎይ፣ ጻድቕ ተባሂሉ እዩ`ሞ ጻድቕ ክትከውን ኢኻ። በቃ! ብሓጢኣትካ ጥራይ ኣስካሕክሕ።ክንዲ ዝበደልካ በድል ክሕደገልካ እዩ።

❖ <u>ታሪኽ`ቲ ሰራቒ ዝነበረ</u>

“ነዚ ኩሉ ሓጢኣት ክፍጽም ጸኒሐ እየ`ሞ፣ ኣእዳወይ ኣብ ኦም ኣሲረ ክሳዕ ዕለተ ሞተይ ክጋደል እየ።”

ሓደ ኣረጋዊ ኣቦ ነበሩ። ኣብ ጥቕኦም ከኣ ናይ ስርቂ ልማድ ዝነበሮ ሰብኣይ ነበረ። ነዞም ኣረጋዊ ኣቦ ዝረኸቦ ንብረት ይሰርቆም ነበረ። እቶም ኣቦ ግን፣ ስኢኑ፣ ጠምዩ እዩ ዝኸውን እናበሉ ስቕ ኢሎም ይርእይዎ ነበሩ። ከምዚ ኢሎም እናነበሩ፣ እቶም ኣቦ ከቢድ ሕማም ሓመሙ።መነኮሳት ክርእይዎም ተኣከቡ። እቲ ዘሰርቆም ዝነበረ`ውን ምስኦም ተኣከበ። እቶም ኣቦ ኣገራሚ ነገር ክሰርሑ ጀመሩ፣ ንኢድ ናይ`ቲ ዘሰርቆም ዝነበረ ስሒቦም ክስዕምዋ ጀመሩ። እቶም መነኮሳት ንምንታይ ከምኡ ከምዝገበሩ ምስ ሓተትዎም ከኣ ከምዚ ኢሎም መለሰሎም፣ “ **ሰለስተ ኣኽሊል ክወርዳለይ ይርእያኒ ኣለዋ። ሓንቲ ካብኣተን እዚ ሓወይ ክሰርቀኒ ከሎ ናይ ዝተዓገስክዎን ዝጸለኹሉን እያ።**” በልዎም። እቲ ዝሰርቆም ዝነበረ ነዚ ምስ ሰምዐ፣ ኣብ ልዕሊ ነብሱ ከቢድ ውሳነ ወሰነ። ደጊም ናብ በረኻ ከይደ ነዘን ሰረቕቲ ኣእዳወይ ኣብ ኦም ኣሲረ ክሳዕ ዕለተ ሞተይ ክጋደል እየ።” ኢሉ ወሰነ፣ ከምኡ ከኣ ገበረ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ክቡር ሓወይ፣ ከምዝን ከምትን`ድየ ክገብር ጸኒሐ እናበልካ ብናይ ጣዕሳ መንፈስ ኣስናንካ ሓርቅም፣ ሓርቀምቀም ኣብሎ። ሽዑ ሓደ ጽኑዕ ውሳነ ወስን፣ በቃ “ ቻው ሓጢኣት።” ኢልካ ወስን።የግዳስ ካብ ሓጢኣት ፍጹም ነጻ ክትከውን ኣይትኽልን ኢኻ`ሞ ካብ ንስሓ ፍጹም ከይተዕርፍ ወስን።

➢ ዝሓለፈ ሓጢኣትካ ክርእየካ ከሎ ጸሊ

ሕጂ ንኹሉ ሕቶታትካ፣ “ እወ ” ኢላ ትምልሰልካ ኣርእስቲ በጺሕካ ኣለኻ።ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ዘልዓልካዮም ሕቶታት ኣብዚ ክምለሱልካ እዮም። ንእግዚኣብሔር ከፍቅር እየ ስለዝበልኩ ጥራይ ከፍቅሮ ይኽእል ድየ ኢልካ ሓቲትካ ትኸውን ኢኻ፣ ንጸላእየይ ከፍቅር ስለ ዝደለኹ ጥራይ`ከ ከፍቅሮ ይኽእል ድየ ኢልካ`ውን ሓቲትካ ትኸውን ኢኻ፣ ክንሳሕ`የሞ ናብ ዝነበርክዎ ሓጢኣት ከኣ ኣይምለስን`የ ስለዝበልኩ`ኸ ይኾነለይዶ? ክትብል ትኽእል ኢኻ፣ ኮታስ ካልእ ሕቶታ`ውን ይህልዉኻ`ዮም። ነዞም ኩላቶም ሕቶታትካ እዛ ኣርእስቲ ከምዚ ኢላ ክትምልሰልካ ኢያ፡- “ መድሃኔኣለም ኢየሱስ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉካ ኣሎ፣ “ **ብዘይብኣይ ሓንቲ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም።**”( ዮሃ. 1፥5) በቃ ! ብዘይ ብእኡ ሓንቲ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ክሳዕ ሎሚ ሓንቲ ክትገብር ዘይከኣልካ`ውን ብዘይ ብእኡ ክትገብር ስለዝፈተንካ እዩ ዝኸውን። ስለዚ፣ ኩሉ ግዜ፣ እወ ኩሉ ግዜ፣ “ **ብዘይ ብኣኻ ሓንቲ ኣይገብርን`የ** በሎ። ሓንቲ ክገብር ዘይክእል ምኺነይ`ውን ባዕልኻ ነጊርካኒ ኢኻ በሎ። “ጎይታየ!!” ብዘይ ብኣይ ሓንቲ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ ኢልካኒ ኢኻ በሎ። ጸሊ...ጸሊ ..እንተጸሊኻ፣ ንሱ፣ እቲ ብዘይብኣይ ሓንቲ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ ዝበለካ ፈጣሪኻ ምሳኻ ክኸውን እዩ።ሽዑ እቲ ዘይካኣል ዝመስለካ ዝነበረ ከም ክንቲት ክፎኽሰካ እዩ።

ኣስተውዕል! ሰይጣን ካብ መግዛእቱ እናምለጥካ ስቕ ኢሉ ከምዘይርእየካ ፍለጥ። እቲ ሲኦል ክትዝመት ከላ፣ መንዩ ሰብ መሲሉ ግዝኣተይ ዝምንዝዓኒ ዘሎ ኢሉ ዘልቀሰ ዲያብሎስ ስቕ ኢሉ ኣይርእየካን እዩ።ካብ ግዝኣተይ ናበይ ክተምልጥ እናበለ ክስዕበካ እዩ። ነቲ ንዒቕካ ዝገደፍካዮ ሓጢኣት ክትገድፎ ከምዘይነበረካ ጌሩ ከሕስበካ እዩ። ሐቂ ድዩ ነዚ ኩሉ ኣቋሪጸዮ ኢልካ ከምትድነቕ እናገበረ ክመልሰካ ክጽዕር እዩ። በቶም ገበርቲ ሓጢኣት ከምትቐንእ እናገበረ ክመልሰካ ክጋደል`ዩ። ንስኻ ግን ሓወይ፣ ኣዒንትኻ ቋሕ ኣቢልካ ደኣ ጸሊ፣ ነቲ ብዘይ ብኣይ ሓንቲ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ ዝበለካ ንገሮ። ናብቲ ንዒቕ ጡፍ ዝበልክዎ ሓጢኣት ከይምለስ ሓልወኒ በሎ።

ነዛ ናይ ሙሴ ጸሊም ስጉምቲ`ሞ ርአያ፡-

- **ሙሴ ጸሊም**

ሙሴ ጸሊም፣ ንእኒ ዝሙት፣ ስርቂ፣ ቅትለት፣ ምምላኽ ጣዖታት ጠንጢኑ ናብ ኣምላኽ ምስተመልሰ፣ እቲ ብንስሓ ኣባ ሙሴ ዝተኾምተረ ዲያብሎስ ናብ ዝነበሮ ሓጢኣት ንምምላስ እንታይ`ሞ ዘይፈተነ፣ ነቲ ዝፍጽሞ ዝነበረ ሓጢኣት እናዘኻኸረ ኣሸገሮ፣ ካብኡ ሓሊፉ ብዝሙት ከውድቖ ኣንስቲ ልኣኸሉ፣ ኣባ ሙሴ ዓቕሉ ጸበቦ፣ ናብቶም ኣበምኔት ብምኻድ ከኣ ነገርዎም። እቶም ኣበምኔት፣ ክጸሊ`ምበር ተስፋ ክቖርጽ ከምዘይብሉ መኸርዎ። ኣባ ሙሴ ከኣ ኣበርቲዑ ብምጽላይን ብሙጻምን ነቲ እኩይ ስዓሮ፣ ኣብ ዓቢ መንፈሳዊ ብቕዓት በጺሑ ብሰማእትነት ካብዛ ዓለም ተሰናበተ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ክቡር ሓወይ፣ ኣመና እንተኣሸጊሩካ ንብጾትካ ኮፍ ኣቢልካ ኣማኽሮም፣ ብፍላይ ከኣ ምስ ኣባት ነብስኻ ጥቡቕ ርክብ ይሃሉኻ፣ ኩላቶም ክጽልዩልካ ተማሕጸኖም። ጸሎት ደቂ መዛሙርቲ'ዩ ንቅዱስ ጴጥሮስ ማዕጾ ቤት ማእሰርቲ ከፊቱ ከምዝወጽእ ዝገበሮ። (ግሃ. 12፥6-19)

ሕጂ'ውን ካልእ ኣብነት ክህበካ እየ፡-

- ## <u>ኣባ እንጦንስ</u>

ኣባ እንጦንስ፣ ኣብ'ታ ክነብሩላ ዝመረጽዋ ገዳም ምስ በጽሑ፣ "ሀ" ኢሎም ናብራ ምንኩስና ጀመሩ። እንተኾነ ግን፣ ዲብሎስ ከቐስኖም ኣይከኣለን። ንዓለም መሳጢት ጌሩ እናርኣየ፣ ናብራ ምንኩስና ከቢድ'ዩ ናብ ዓለም ምምላስ ይሕሽካ፣ ኣብ ዓለም ኴንካ ንኣምላኽካ ከተገልግሎ ትኽእል ኢኻ ዝብል ሓሳብ ኣብ ሓንጎሎም ኣምጽኣሎም። ኣባ እንጦንስ ኣመና ተሸገሩ፣ ክልተ-ክልተ'ውን ጠመቱ። ከምዚ ኢሎም ሓሳባት ከውርዱን ከደይቡን ከለዉ ቅዱስ-ሚካኤል ሰብ ተመሲሉ ተገልጸሎም። ስርዓት ኣጸላልያ ብተግባር ምሃሮም። ኣብ እዋን ዕረፍቶም'ውን ኮፍ ከብዝሑ ዘይኮኑስ ዝተፈላለየ ስርሓት ክሰርሑ ከምዝግባእ ብግብሪ ማሃሮም። ቐጺሉ ከምዚ በሎም፣ " **ከምዚ ዘርኣኹኻ ጌርካ እንተጸሊኻን ሰሪሕካን ነቲ ዝጻብኣካ ዘሎ ዲያብሎስ ክትስዕሮ ኢኻ።"** እዚ ኢልዎም ተሰወረ። ኣባ እንጦንስ ከምታ ዘርኣዮም ጌሮም እናጸለዩን እናጾሙን ንሓሳብ ዲያብሎስ ስዒሮምስ ኣቦ ብዙሓት መነኮሳት ክኾኑ በቕዑ።

ንዓኻ'ውን ክቡር ሓወይ፣ ቤተክርስቲያን ክኸብደካ'ዩ፣ ቅዱስ ቁርባን ከመይ ጌርካ ክትቅበል፣ ጽባሕ ዘጋጥመካ እንታይ ትፈልጥ፣ መዋስብትኻ ንዓኻ እንተዘይመሰለት'ከ? እናበለ ኣብ ሓንጎልካ ፍርህን ጥርጥርን ክዘርኣልካ ግድን'ዩ፣ ኣይትጠራጠር ክዘርኣልካ እዩ። ንስኻ ግን ሓወይ፣ ንቅዱሳን ኣቦታትካ ኣብነት ጌርካ " **በቲ ዝህበኒ ሓይሉ ንኹሉ እኽእሎ እየ"** በል። ጸሊ ፣ ጹም፣ ስገድ።ኣስተውዕል፣ ጸሎት ከም ሓዊ ትባላዕ መንፈሳዊት እሳት እያ፣ ዲያብሎስ'ውን ይፈልጣ እዩ። ብሓይሊ ጸሎት ዘይትሰርሖ ተኣምር ከምዘየለ እመን። ስለዚ፣ ዝሓለፈ ሓጢኣትካ ክርኣየካ ከሎ ጸሊ። " **ብዘይብኣኻ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እየ።"** ኢልካ ጸሊ።

- ## <u>ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጽኣትካ ጌርካ ሕሰባ(</u><u>ክትከውን'ውን ትኽእል ኢያ።)</u>

እስከ ናብ ካልእ ቅድሚ ምሕላፈይ ነዛ ኣገራሚት ፍጻሜ ከዘኻኽረካ፣ " **በዛ ለይቲ ንነብስኻ ካብ ስጋኻ ክፈልይዋ እዮም'ሞ እዚ ኩሉ ዝኣከብካዮ ደኣ ንመን ክኾነካ'ዩ?"**(ሉቃ. 12፥16) ነዛ ታሪኽ ጽቡቕ ጌርካ ኣንብባ ኢኻ። ንሱ፣ ሓጢኣቱ ረሲዑ፣ ናይ መጻኢ ውጥን እናወጠነ ከሎ'ዩ፣ ኣምላኽ፣ በዛ ለይቲ ክትመውት ኢኻ ዝበሎ።ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጽኣተይ ክትከውን ትኽእል ኢያ ኢሉ ሓሲቡ እንተዝኸውንስ ምተነስሐ ግዲ ይኸውን። ኣለኹ እናበለ ሞተ።

ኣብ ከባቢኻ፣ ሃንደበት'ዩ ሞይቱ ወይ ብሓደጋ ሞይቱ ክብሃል ሰሚዕካ'ለኻ፣ እዚ ሰብ'ዚ እቲ ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጽኣቱ ዝነበረት ሰብ'ዩ። ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጽኣተይ'ያ ኢሉ ተዳልዩ እንተጸኒሑስ ከመይ ዕድለኛ'ዩ ! ክቡር ሓወይ፣ ኣነ ሓንቲ ነገር እፈርሕ፣ ከምዚ ናይቲ ሃብታም ሰብኣይ፣ ሓሳበይ ኣብ ባሕሪ ዓለም ጥሒሉ፣ ብዛዕባ'ዛ ምዉትቲ ዓለም ጥራይ እናሓሰብኩ በዛ ለይቲ ክትመውት ኢኻ'ሞ እዚ ኩሉ ዝመደብካዮ ደኣ ማኣስ ክትፍጽሞ ኢኻ ከይብለኒ። እቶም ብሓደጋ መኪና ሽዓ ንሽዓ ዝሞቱ፣ ድሕሪ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ቁሩብ ካሊኢት ምጵኣተይ ክትከውን ትኽእል ኢያ ኢሎም ሓሲቦዶ ነይሮም ይኾኑ!! ክቡር ሓወይ፣ ዝኾንካ እንተኾንካ ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጵኣትካ ክትከውን ትኽእል ሰብ ምዃንካ እመን፣ ስለዚ ድሉው ኩን። ተነሳሕ።ክቡር ሓወይ፣ሕጂ'ውን ሓንቲ ነገር ከዘክረካ ደልየ'ለኹ፣ ዛንታ ናይተን ቁሩብስከ ቀም ክነብል ኢለን ዝደቀሳ'ሞ ሽዓ ጎይታ መጺኡ ናብ ኣዳራሹ ኣትዩ ማዕጾኡ ዓጽዩ ኪዳ ኣይፈልጠክንን የ ዝበለን ደናግል ኣስተማቕራ። ንሳተን ቀም ከብላን ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጵኣተን ክትኣክልን ሓደ ኮይና። በቃ ከምኡ'ዩ፣ ድሕሪ ቁሩብ ካሊኢት ምጵኣትካ ኢያ፣ ምናልባት ኣየነይቲ ካሊኢት ትኸውን ጥራይ እዩ እቲ ሕቶ፣ እዛ ሕቶ ንዛንታ ኣቦና ሙሴ ተዘክረካ፣ ኣቦና ሙሴ ማዓስ ከምዝመውት ንምፍላጥ ደጋጊሙ ንእግዚኣብሔር ሓተቶ፣ እግዚኣብሔር ድማ ዓርቢ ማዓልቲ ክትመውት ኢኻ በሎ። ኣቦና ሙሴ፣ ዓርቢ መጵኣት ሎሚ'ዶ እመውት ይኸውን ይብል፣ ዓርቢ ትሓልፍ፣ ትቕጵል ዓርቢ ሎሚ'ዶ ይመውት ይኸውን ኢሉ ይጵበ ሕጂውን ትሓልፍ፣ ከምዚ እናበለ ነዊሕ ጸነሐ፣ ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ዓርቢ ምሕሳብ ገደፎ፣ ኣብታ ምሕሳብ ዘቋረጸላ ማዓልቲ ከኣ ሞተ። ምሕሳብ ኣይተቋርጵ፣ ኩሉግዜ ሕሰባ። ኩሉ ግዜ ምሕሳብ ከመይ ምዃኑ ካብ ታሪኽ ናይ'ዞም መነኮስ ክትማሃር ኢኻ፦

- **<u>መነኮስ</u>**

ኣብ ገዳሞም ብብቕዓቶም ፍሉጥ ነበሩ። ተማሃሮኦም ማዓልታዊ እናመጵኡ ምኽሩና ይብልዎም ነበሩ፣ ከምዚ እናበሉ ድማ ይመኽርዎም ነበሩ፦ ዞምደቀይ ንዓይ ኣዝየን ዘፍርሃኒ እንታይ ምዃነን ክነግረኩም'የ፣ ንዓይ ይጠቕማኒ ኣለዉ'ሞ ንዓኻትኩም'ውን ክጠቕማኹም እየን። እተን ክዝክረን ከለኹ ዘፍርሃኒ ሰለስተ ነገራት እየን፣ንሳተን ከኣ፦ ቀዳመይቲ፣ ብዛዕባ ማዓልቲ ሞተይ ክሓስብ ከለኹ ከምዛ ዘለኽዋ፣ ከይተዳለኹ ከይመውት እፈርህ። እታ ካለኣይቲ፣ምስዚ ኩሉ ሓጢኣተይ ኣብ ቅድሚ ስላሴ ደው ኢለ ፍርደይ ክጵበ ክርኣየኒ ከሎ እጭነቕ። ሳልሰይቲ፣ ስነምግባር ተሳኢኑኒ ኣታ ርጉም ኪድ ናብቲ ንሰይጣንን መላእኽቱን ዝተዳለወ ግሃንም እቶ ክብለኒ ይርኣየኒ'ሞ ኣዝየ እፈርህ። ዞምደቀይ ነታ ዘይትተርፍ ማዓልቲ ሞትኩም እናዘከርኩማ እንተነበርኩም ካብ ምግባር ሓጢኣት ርሒቕኩም ኣብ ምግባር ጵድቂ ከምትጵመዱ ክትኮኑ ኢኹም፣ ኢሎም መኸርዎም።

ክቡር ሓወይ፣ ንማዓልቲ ሞትካ ምዝካር ነዛ ዓለም ክሳብ ክንደይ ከምትንዕቃ እዩ ዝገብር። ጥበበኛ ሰሎሞን ብንስሓ ድሕሪ ምምላሱ ንማዓልቲ ሞቱ ብምዝካሩ ንሃብቱን ጥበቡን ክሳብ ምንዓቕ በጺሑ እዩ። እዛ ቃሉ ትብሎ ዘላ'ሞ ስምዓያ፦ " **ድኻ ኮነ ሃብታም ብማዕረ ዝሞቱ ካብ ኮኑ፣ እዚ ኩሉ ሃብቲ ንምንታይ ኣጥረኽዎ?**" (መክ. 2፥14-16)

እቶም ብሕትውና ዝጀመሩ ኣባ ጳውሊ'ውን ሃብቶም ንብረቶም ጠንጢኖም ክምንኑ ዝገበሮም ንማዓልቲ ሞቶም ብምዝካሮም እዮም።እቲ ፍጻሜ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦

ዓቢ ሓዎም፣ ካብቲ ናይ ወላዲኦም ውርሻ ኣውሒዱ መቕሎም፣ ኣባ ጳውሊ ድማ ውሒዱኒ ወስኸኒ በልዎ፣ ንሱ ግን ምንም ኢሉ ኣቕበጾም። ኣባ ጳውሊ ክኸስዎ ናብ እንዳ ሕጊ ተበገሱ፣ ኣብ መንገዶም ቀባሮ ሬሳ ሒዞም ተጓነፍዎም። ኣባ ጳውሊ መን ምዃኑን ከመይ ዝበለ ምንባሩን ንሓደ ካብቶም ቀባሮ ሓተትዎ፣ ንሱ ድማ ሃብታም ከምዝነበረ ነገሮም። ኣባ ጳውሊ ኣብ ሓሳብ ጠሓሉ፣ እዚ ሰብኣይ ሃብታም ኔሩ ሕጂ ድማ ሞይቱ፣ ካብ ሃብቱ ምስኡ ዝተማለአ ነገር የብሉን፣ ለከ ዓለም ከምዚ'ያ! ነዚ ጵባሕ ሓንቲ ከየልዓልኩሉ ዝኸይድ ንብረት ዓለም'የ ክንድዚ ዝስስዓሉ ዘለኹ፣ ደጊም ካብዚ ንላዕሊ ትምህርቲ ኣየድልየንን'ዩ። እዚ ኢሎም ናብ ሓዎም ተመሊሶም ኣጉህየካ እየ'ሞ ይቕረ በለለይ፣ ደጊም እዛ ዓለም ኮነት

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ንብረታ ኣይተድልየንን እያ`ሞ ናብቲ ንኣምላኸይ ነጻ ኮይነ ዘገልግለሉ ቦታ እኸይድ ኣለኹ። ንስኻ ድማ እዛ ዓለም ከይተዐሸወካ ጥንቅቕ በል፣ ኢሎሞ ናብ በረኻ ከዱ። ንብሕትውና ከኣ ጀማሪኣ ኮኑ።

ክቡር ሓወይ፣ ጎይታ`ውን ደጋጊሙ፣ " **በየነይቲ ስዓት ከምዝመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ተጠንቂቕኩም ጽንሑ።"** እናበለ ከምዝመኸረካ ኣይትረስዕ ( ማቴ. 15፥13) ነቲ ብጻጋም ጎይታ ተሰቒሉ ዝነበረ ኩሉ ግዜ ዘክሮ፣ ንሱ፣ ንጎይታ እናጸረፈ ከሎ`ያ ሞት ዘርከበቶ።

ስለዚ እታ ካሊኢት ከይመጽአትካ ከላ ድሉው ኮይንካ ጽናሕ።

➢ ኣብ ተንብቦን ትሰምዖን ትርእዮን ጥንቁቕ ኩን

- **ኣብ ተንብቦም ጽሑፋት ጥንቁቕ ኩን**

ምንባብ ጽቡቕ`ዩ፣ ተንብቦ ምፍላጥ ግን ዝበለጸ እዩ።

ተንብቦም ጽሑፋት፣ ምስ ሓጢኣት ዘለማምዱኻ ወይ ነቲ ዝገደፍካዮ ሓጢኣት ዘዘኻኽሩኻ እንተኾይኖም ፈጺምካ ኣይተንብቦም፣ ኣብ ጥቓኻ`ውን ኣይተቐምጦም።ብዙሓት መንእሰያት ክንድዚ መጻሕፍቲ ኣንቢበ፣ ናይ እከለ ናይ እከሊት መጽሓፍ ኣንቢበ ክብሉ ደስዩ ዝብሎም፣ ብኸመይ ይጸልዎም ግን ትኹረት ኣይገብርሉን። ንኣብነት ናይ ኦሾ(osho)፣ ዳቪንቺ ኮድ፣ ጽሑፋት ኣንቢብና ክብሉ ደስ ይብሎም ብኸመይ ይጸልዎም ምህላዉ ግን ይዝንግዑ፣ ቀስ ብቐስ ከኣ ኣብ ህልም ዝበለ ጸልማት የእትዎም ኣሎ። ኦሾ፣ ነቶም ልቦም ብፍቕሪ ኣምላኽ ዘይተነድቀ ሰባት፣ ከደናግር ይኽእልዩ ዝበሎ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ብምቕራብ የደናግር ኣሎ። ንስኻ ግን ሓወይ፣ ነቲ ብመንፈስ ሰይጣን ተመሪሑ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ካባኻ ደኣ ኣርሕቆ`ምበር ዘየንበብክዎ ኣይትበል።እቲ ጠንቋሊ፣ ብጎይታ ምስ ኣመነ ዝወሰዶ ስጉምቲ ትፈልጥ ኢኻ፣ ንሱ፣ ነቲ ናይ ጥንቁልና መጻሕፍቲ ብሓዊ ኣቃጺልዎ`ዩ።በቃ ካብ ኣምላኽ ዝፈልየካ ዘበለ ብሓዊ ኣቃጽሎ፣ ካብ ንስኻ ኣብ ገሃንም ኣቲኻ ትቃጸል፣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝፈልየካ መጻሕፍቲ ኣቃጺልካ ህይወትካ ምድሓን ይበልጸካ።

- **ኣብ ትሰምዖ ምጥንቃቕ፦**

ኣእዛን ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝተፈላለዩ ድምጽታት ክሰምዓ ዝውዕላ ህዋሳት እየን። ኩሉ ትሰምዖ ዘበለ ጠቓሚ`ዩ ማለት ግን ኣይኮነን። ብፍላይ ከኣ ንስኻ፣ ካብ መጻወድያ ዲያብሎስ ዘምለጥካ ስለዝኾንካ ኣብ ትሰምዖም ቃላት ጥንቁቕ ምኧን ከድለየካ እዩ። ንሕሉፍ ሓጢኣትካ ዘዘኻኽሩኻ፣ ንኣብነት ናይ ዝሙት ዕላላት፣ መናፍቕነታዊ ትምህርቲ፣ ፍልስፍናዊ ዕላላት ምስ ትሰምዕ፣ ብቕጽበት ክትፍጽሞም ዝግበኣካ ክልተ ኣማራጺታት ኣለዉኻ፣ ወይ ተቢዕካ ነቲ ዕላላት ምቕያር ኣይኮነን ግን ካብቲ ናይ ዕላል ቦታ ምህዳም`ዩ። እዛ ምህዳም ከመይ ጽብቕቲ ይመስለካ፣ ንጻድቕ ዮሴፍ ካብ ብዝሙት ምውዳቕ ዘድሓነቶ ምህዳም`ዶ ኣይኮነትን። ክቡር ሓወይ፣ ኣብ ትሰምዖም ሙዚቃታት ጥንቁቕ ኩን። ኮታስ ንሕሉፍ ሓጢኣትካ ካብ ዘዘኻኽሩኻ ዘበሉ ድምጽታት ህደም። ነዛ ንቃኤል ዝተዋህበቶ መጠንቀቕታ`ሞ ስምዓያ፦ " **ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ።"** በቃ ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ፣ ኣይትዳህለለላ፣ ወይ ገጢምካ ስዓራ ወይ ከም ዮሴፍ ሃዲምካ ስዓራ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- **ኣብ ትርእዮ ጥንቁቕ ኩን**

እቲ ንብርሃን መዓልቲ ከንርኢ ኣዒይንቲ ዝፈጠረልና ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን። እቲ ኣዒንትና ናብ ግብርታት ሓጢኣት ከም ዝጥምታ ጌሩ ዘውድቐና ዘሎ ሰይጣን ግን ዝተረገመ እዩ። እቲ ንዳዊት፣ ንባትሴባ ብዓይኒ ዝሙት ከምዝጥምታ ጌሩ ብዝሙት ዘውደቐ ዲያብሎስ ብሓቂ ዝተረገመ እዩ። እቲ ንዓኻ ንኽቡር ኣንባቢ፣ ብኣዒንትኻ ሓጢኣት ዝእክበልካ ዘሎ ዲያብሎስ ርጉም እዩ። ክቡር ሓወይ፣ ሓደ ነገር ግዳ ከዘኻኽረካ፣ ኣእዛና፣ ኣዒንትና፣ ኣፍና ርሕዋት ኣፍ ዴገታት እዮም፣ ግብርታት ጽድቂ ብእኣቶም ይኣትዉ፣ ግብርታት ሓጢኣት`ውን ብኣኣቶም። ስለዚ፣ ካብ ሓጢኣት ክትርሕቕ ወሲንካ እንተሃሊኻ፣ ኣብዞም ኣፍ ዴገታት ጥንቃቄ ግበር።

ትዕዘቦም ፊልምታት፣ ስእልታት፣ ከባቢታት ተጠንቀቐሎም።

➢ ኣዕሩኽቲ ምቕያር

ውሳኔኻ ቀጻልነት ክህልዎ እንተኾይኑ፣ ነቶም ዘሰናኽሉኻ ዘበሉ ሓደ ብሓደ ክትፈልጦም ኣሎካ። ርግጸኛ ኴንካ፣ እዝን እዝን እዩኮ ኣብ ውሳነይ ከምዘይጸንዕ ዝገብረኒ ዘሎ ክትብል ኣሎካ። ክቡር ሓወይ፣ ብንስሓ ክትምለስ ምውሳንካ ኣኻሊ ከምዘይኮነ ዘክር። ነቶም ዘሰናኽሉኻ ዘበሉ ክትርሕቆም ትብዓታዊ ስጉምቲ ምውሳድ ከድልየካ እዩ። ኣስተውዕል! ኣብ ሂወት ቀልዓለም ወይ ስክፍታ ዝበሃል የሎን። ነዚ እዩ ከኣ፣ “ **ዓወት ብኸመይ ከምትርከብ ኣይፈልጥን እየ፣ ውድቀት ግን ንኹሉ ሰብ ክተሐጉስ ብምድላይ ከምትመጽእ እፈልጥ እየ ።**” ዝበለ ሓደ ካብቶም ኣብ ሂወት ስክፍታ ጽቡቕ ከምዘይኮነ ዘረድኡ ሊቃውንቲ።

ሓደ ካብቶም ድሕሪ ንስሓ ይኹን ናብ ንስሓ ንምእታው ዘሰናኽሉ፣ ምስ ዕላማኻ ዘይሰማምዑ ኣዕሩኽ እዮም። ደጊምካ ኣስተውዕል! ዓርክኻ ዝበሃል ካብ እግዚኣብሔር ዘይፈልየካ እዩ።ካብ እግዚኣብሔር ዝፈልየካ እንተኾይኑ እንታይ ክትገብር ከምዝግበኣካ ነዛ ቃል ልቢ ጌርካ ኣስተውዕለላ፣ “ **ካብ ማእከሎም ውጽኡን ተፈለዩን።**”(ኢሳ. 52፥11) ነዛ ምኽሪ ዝተጠቀሙላ ዘበሉ ድሒኖም እዮም`ሞ ንስኻ`ውን ድሓነላ።

ገለ ካብቶም በዛ ምኽሪ ዝደሓኑ ሂበካ ኣለኹ`ሞ ስዓቦም።

- **ኣቦና ኣብርሃም**

ኣቦና ኣብርሃም፣ ካብ ኣምልኮተ ጣዖት ናብ ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ምስ ተመልሰ፣ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ ትእዛዝ ከምዚ ዝብል ነበረ፣ “ **ካብ ኣዝማድካን ካብታ ትነብረላ ምድርን ውጻእ።**”(ዘፍ.12፥1) እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ስድራቤት ኣብርሃም መምለኽቲ ጣዖት ስለዝነበሩ መታን ከይጸልዉዎ እዩ። በቃ! ከይትጽሎ ምርሓቕ`ዩ። እቲ ዘገርም፣ ኣቦና ኣብርሃም ቤተሰበይ ገዲፈ ከመይ ጌረ`የ ክወጽእ ኢሉ ዘይምክርኻሩ እዩ። ሎሚ፣ ካብ ዝጸልዉኻ ዘበሉ ርሓቕ ኢልካ ምኽር`ሞ ዝቐርቡልካ ሕቶታት ክትርእዮም ኢኻ። ክቡር ሓወይ፣ ዝቐረብካዮም ሰባት ኣብ ሓጢኣት ንኽትወድቕ ምኽንያት ይኾኑኻ እንተሃሊዮም ቆሪጽካ ደርብዮም። በቃ ! እዚ፣ ምኽሪ ናተይ ዘይኮነ ምኽሪ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። “**እግርኻ**

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

እንተስሓተትካ ካባኻ ቆሪጽካ ደርብያ፣ ክልተ እግሪ ሒዝካ ገሃንም ካብ ትኣቱ ሓንቲ እግሪ ሒዝካ መንግስተ- ሰማያት ምእታው ይሕሸካ።" (ማቴ.)ይብል።ነዚ ትምህርቲ ጎይታ ንምፍጻሙ ውዓል ሕደር ኣይትበለሉ።በቃ ! ነቶም እግሪ ኮይኖም ኣብ ሓጢኣት ከምትመላለስ ዝገብሩኻ ዘለዉ፣ ሓደ ግዜን ካልኣይ ግዜን ምኽሮም'ሞ ምስማዕ እንተኣበዩኻ ካባኻ ቁረጾም። በቃ ቁረጾም፣ እንተኾነ ግን ጸልየሎም ድኣ'ምበር ቆሪጽካዮም ስቕ ኣይትበል።

ሕጂ'ውን ካልእ ኣብነት ክህበካ እየ።

- **<u>ኣቦና ያዕቆብ</u>**

ኣቦና ያዕቆብ ናብ ሰኬም ምስ ኣተወ፣ እቶም ህዝቢ ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይነበሮም፣ ካብ ኣምልኮተ እግዚኣብሔር ዝረሓቑ ነበሩ። ድሮ'ውን ብዝሙት ተፈታቲኖሞም ነበሩ። እግዚኣብሔር ድማ ከምዚ ኢሉ ነቦና ያዕቆብ ኣዘዞ፣ " ካብ ሰኬም ውጻእ ናብ ቤተልሄም እቶ።"(ዘፍ. 35፥1) ያዕቆብ ሕራይ ኢሉ ተኣዘዘ። እንተሓሰብካዮኸ፣ ምስ እግዚኣብሔር ምንባርዶ ወይስ ምስቶም ካብ እግዚኣብሔር ዝፈልዩኻ። መንዩ'ሞ ካብ እግዚኣብሔር ተፈልዩ ክነብር ዝደሊ።ንስኻ'ውን ከምዘይትደሊ ርግጸኛ እየ። ወሳኒ ጥራይ ኩን።

- **<u>ምኽርታት ቅዱስ ጳውሎስ</u>**

✓ " ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የበላሽዎ እዩ።"(1ይ. ቆሮ. 15፥33)

✓ " ነቶም ፍረ ዘይብሉ ግብሪ ጸልማት ዝገብሩ ሰባት ግና ኣቃልዕዎም'ምበር ምስኣቶም ሕብረት ኣይሃልኹም።"(ኤፌ. 5፥11)

- **<u>ምኽሪ ንጉስ ዳዊት</u>**

✓ " ...ብመንገዲ ሓጥኣን ዘይከይድ ሰብ ብጹእ እዩ።(መዝ.1፥1)

✓ " ምስቲ ቅኑዕ ቅኑዕ ትኸውን ምስቲ ጠዋይ ከኣ ጠዋይ ትኸውን።"(መዝ. 18፥25)

ስለዚ ክቡር ሓወይ፣ ብንስሓ ክተጸንዕ እንተኼንካ ነቶም መሰናኽል ዝኾኑኻ ዘበሉ ሰባት፣ ቦታታት ርሓቐሎም። ምስቶም ንኽትጸንዕ ዝሕግዙኻ ተዓራረኽ።

➢ <u>ብመንፈሳውነትካ ዕጉብን ትስፍውን ኩን</u>

ካብ ሞት(ሓጢኣት) ናብ መንፈሳውነት ምምላስካ እቲ መዘና ዘይብሉ ምርጫን ዓወትን እዩ። ስለዚ፣ ሕጉስን ትስፉውን ኩን። ሕጉስን ትስፉውን ሰብ፣ ቀስ ብቐስ ብስነምግባር እናዓበየ ከምዝኸይድን ናብ ደረጃ ሓቀኛ ክርስቲያን ከምዝበጽሕን ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ መንፈሳዊ ሂወትካ ለውጢ ስለዘየምጸእካ ተስፋ ትቑርጽን ቤተክርስቲያን ምምልላሰይ ዋጋ የብሉን ትብል እንተኼንካ ግን ሰይጣን ከላግጸልካ ምኺኑ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ፍለጥ።ክትልወጥ ጽዓር፣ ጸሊ፣ ክሳዕ ትልወጥ ካብ ቤት ኣምላኽ ፈጺምካ ኣይትርሓቕ፣ እቲ ለውጢ ኣብኡ'ዩ ዘሎ፣ ክትልወጥ ኢኻ።ሰይጣን ከመይ ጌሩ ተስፋ ኣቑሪጹ ካብ ኣምላኽ ክፈልየካ ከምዝቃለስ እዛ ትስዕብ ታሪኽ ክትምህረካ እያ።

- <u>*ታሪኽ ባሕታዊ*</u>

ሰይጣን፣ ናብዞም ኣቦ መጽኣ'ሞ ከምዚ በሎም፣ " **ንስኻ ብቑዕ ባሕታዊ ኢኻ።**" እቶም ኣቦ ድማ ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ " <u>እግዚኣብሔር ይቕረ ስለዝበለለይ'ምበር ኣነስ ሓጥእ እየ</u>።" ዲያብሎስ ሓፊሩ ንግዚኡ ተሰወረ። ደጊሙ ከምዚ በሎም፣ " **ንስኻ ሓጥእ ኢኻ።**" እቶም ኣቦ ድማ ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ " <u>ኣምላኽ ማሓሪ እዩ'ሞ ይቕረ ክብለለይ እዩ።</u>" ዲያብሎስ፣ ስዒርካኒ ኢሉ ስዕረቱ ኣመነ፣ ከመይ ጌረ ስዒረካ ኢሎም ምስ ሓተትዎ፣ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፣ ሓጥእ ኢኻ ኢለ ተስፋ ከቑርጸካ ሓሲበ፣ ኣምላኽ ማሓሪ እዩ'ሞ ይቕረ ክብለለይ እዩ፣ ኢልካ ስዒርካኒ። ብቑዕ ኢኻ ኢለ ብትዕቢት ከውድቐካ እንተፈተንኩ ሓጥእ'የ ኢልካ ስዒርካኒ። እቶም ኣቦ ኣብልዕሊ ዲያብሎስ ክዕወቱ ሓይሊ ንዝሃቦም ኣምላኾም ኣመስገኑ።

ክቡር ሓወይ፣ ዝኾንካ እንተኾንካ ኣምላኽይ ለውጠኒ እናበልካ ደኣ ኣብ መቕደሱ ጽናሕ'ምበር ተስፋ ቆሪጽካ ካብ ቤቱ ፈጺምካ ኣይትርሓቕ። ኣታ ሓወየ ! ነታ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ኣብ ልዕል'ቲ ብየማን ጎይታ ተሰቒሉ ዝነበረ ዝተገብረት ምሕረት ዘክራ፣ እቲ ንዓመታት ሽፍታ ኮይኑስ ብሓጢኣቱ ተሰቒሉ ዝነበረ ሽፍታ " ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ክትህሉ ኢኻ።" ክበሃል ከመይ ኣደናቒ ምሕረት እዩ። እዚ ሽፍታ'ዚ ኣብ ጥቓ ጎይታ እንተዘይስቀልካ? ኣብ ጥቓ ጎይታ እንተዘይጸንሕከ? ከመይ ዕድለኛ'ዩ! ኣብ ጥቓ ጎይታ ሳላዝጸንሐ ድሕነት ረኸበ። ንስኻ'ውን ሓወይ፣ ነቲ ተስፋ ከቑርጸካ ዝፍትን ዲያብሎስ፣ ኣብ ጥቓ ኣምላከይ ምጽናሕ ይሕሸኒ ኢልካ ገጽ ክልኣዮ'ምበር " **ከላእ** " ኢልካ ተስፋ ኣይትቑረጽ። ነዛ ናይ ነቢይ ሚክያስ ቃል ኣብ ሂወትካ ተጠቐመላ፣ ክትዕወተላ ኢኻ፣ እታ ቃል ከምዚ ኢያ ትብል፣ " **…እንተወደቕኩ ክትንስእ'የ፣ ኣብ ጸልማት እንተተቐመጥኩ'ውን እግዚኣብሔር ብርሃነይ እዩ'ሞ ጸላኢተይ ደስ ኣይበልኪ።**" (ሚክ. 7፥8) በቃ ! ጸላኢየይ ደስ ኣይበልካ በሎ፣ ምኽንያቱ እንተወደቕካ'ውን ክትንስእ ኢኻ። ኣብ ቤተክርስቲያን ምህላውካ ሕጉስ ኩን፣ ክትልወጥ ኢኻ'ሞ ትስፉው ኩን።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ምዕራፍ ሸዱሸተ

<u>ዓሰርተ ነጥብታት ኣብ ጸሎት</u>

➢ <u>ጸሎት እንታይ እዩ?</u>

ቅድሚ ጸሎት ምጅማርካ ትርጉም ጸሎት ከምትርድኦ ግበር። ጸሎት እንታይ`ዩ ዝብል ሕቶ ኣልዕል። ንዝረኸብካዮ መልሲ ብልቢ ክትርድኦን ክተስተማቕሮን እንተኺእልካ፣ ሕይወትካ ብዘይ ጸሎት ትርጉም ከምዘይብላ ክተረጋግጽ ኢኻ። ብርግጽ፣ ሂወትካ ብዘይጸሎት ትርጉም የብላን። ስለምንታይ ትብል ትኸውን፣ ስለምንታይ ከምኡ ይብለካ ከምዘለኹ እዘን ቀጺለ ዝህበካ ዘለኹ ሓሙሽተ ነጥብታትክ ክምልሳልካ እየን።ስምዓየን፡-

- ✓ **ጸሎት፣ ሰባት ምስ እግዚኣብሔር ዝዘራረቡላ እንኮ መንገዲ ኢያ።** ብዘይካ ብጸሎት ብካልእ ምስ እግዚኣብሔር ክትዘራረብ ኣይከኣልን`ዩ። ምስ እግዚኣብሔር ዘይትዘራረብ ነብስስ ኣይሃበኒ በል። ንኣምላኹ ክረክብ ዝሃርፍ ሰብ ንጸሎት ዝቑመላ ግዜ እዩ ዝሃርፉ። በቃ ከምዚ እናበለ ህርፋኑ ይገልጽ፡-

❖ “ እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም ትናፍቕ፣ ኣነ ከኣ ኦ ኣምላኺይ! ንዓኻ እናፍቕ ኣለኹ... ኦ ኣምላኺይ ! ማኣስ ኮን ኣብ ቅድሜኻ ክሰግድ እየ።”(መዝ. 42፥1)

❖ “ ኦ ኣምላኺይ ! ንስኻ ኣምላኺይ ኢኻ ፣ ኣንጊሀ እደልየካ ኣለኹ። ኣነ ናትካ ጽምኢ ኣሎኒ። ከምቲ ንቕጹን ድሩቕን መሬት ማይ ዝጸምእ ኣነ ከኣ ንዓኻ ሃረር እብለካ ኣለኹ።”(መዝ. 63፥1)

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- “ ብሕይወት ክሳብ ዘለኹ ከመስግነካ፣ ኣእዳወይ ናብ ሰማይ ኣልዒለ ክጽሊ እየ።”(መዝ. 63፥ 4) ክቡር ሓወይ፣ ንፈጣሪኻስ ጽምኣዮ ደኣ፣ ጽምኣዮ`ሞ ብጸሎት ርወ።

- ✓ **ጸሎት፣ ብህልውና ኣምላኽ ከምትኣምን ምግላጽ እዩ።** ብህልውና ኣምላኽ ትኣምን እንተኾንካ ምስኡ ክትዘራረቦ ኣለካ። እቶም ብህልውና ኣምላኽ ዘይኣምኑ እዮም ዘይጽልዩ፣ ምኽንያቱ ምስመን ክንዘራረብ ዝብል ዕዉር ርድኢት እዩ ዘለዎም። ንስኻ ግን ብህልውንኡ ትኣምን ስለዝኾንካ ክትጽሊ ግዴታኻ እዩ። ክቡር ሓወይ፣ ሓደ ነገር ከረጋግጸልካ፣ ጸሎት ብፍታውካ ትገብሮ ኣገልግሎት ዘይኮነስ ክርስቲያናዊ ግዴታኻ እዩ። ነዛ ነብስ-ሄር ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ሽኖዳ ኢሎማ ዘለዉ ቃል ስምዓያ፣ “ **እቲ ዘይጽሊ ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ።”** ልቢ በል! ናይ ጸሎት ልምዲ ዘይብልካ እንተኼንካ ኣብ ዝሽፍአ መንገዲ ኢኻ ዘሎኻ። ከምቃል ኣቡነ ሽኖዳ፣ እቲ ዘይጽሊ ንኣምላኽ ዘይፍልጦ ካብ ኮነ ኣምላኽ`ውን ጽባሕ ኪድ ኣይፈልጠካን`የ እዩ ክብሎ። ነዛ ቃል ጎይታ`ሞ ርኣያ፣ “ **ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ ኪዱ ኣይፈልጠኩምን እየ።**።(ማቴ. 7፥23)

- ✓ **ጸሎት፣ ሓጢኣተኛ ናብ ኣምላኹ ንምእታው ዝጥቀመላ ማዕጾ እያ።** ሓጢኣተኛ፣ ብዘይካ ብጸሎት ብኻልእ ምስ ኣምላኽ ክዘራረብ ኣይክእልን እዩ።ነዚ ሓቂ ኣመልኪቱ ማር ይስሓቅ ከምዚ ይብል፣ “ **ብዘይካ ብጸሎት ካልእ መገዲ ንስሓ ኣሎ ዝብል ብሰይጣን ዝተታለለ እዩ።”** ኣቡነ ሽኖዳ ድማ ከምዚ ይብሉ፣ “ ጸሎት፣ ናይ መተዓረቒ መንገዲ ኢያ።” ብርግጽ ከምኡ ኢያ። እቲ ተጋዊ ሰብኣይ ዝደሓነ ርእሱ ኣድኒኑ ንንስሓ ደው ምስ በለ`ዶ ኣይኮነን? ሓጥእ ዲኻ? ንጸሎት ደው በል። ሓጥእ`የ ማሓረኒ በል። እዚ`ዩ ጸሎት።

- ✓ **ጸሎት፣ ኣጋንንቲ ዝፈርህዋን ዝንቅጥቀጡላን ኵናት ኢያ።** ክቡር ሓወይ፣ ኣብዛ ዓለም ክሳብ ዘሎኻ ዘየቋርጽ ውግእ`ዩ ዘሎካ።እዚ ውግእ`ዚ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ሰይጣንን ኣብ መንጎ ስጋን ነብስን እዩ ዝካየድ። ጠንቂ ናይ`ዚ ውግእ ድማ፣ ንስኻ ንእግዚኣብሔር`የ ዝስዕብ ክትብል ከለኻ ሰይጣን ድማ ንዓይ`ምበር ስዓበኒ ይብለካ፣ ነብሲ ክጸውም ክጽሊ ክምጽውት ክትብል ከላ ስጋ ድማ ኣንጻር እዚ ኩሉ ትለዓል፣ በዚ ድማ ሕለፉ እናተበሃሃልካ ትነብር። ንስኻ ወዲ መንግስተ-ሰማይ ክትከውን ትጋደል ዲያብሎስ ወዲ ገሃንም ክገብረካ ይጋደል። እዚ ውግእ`ዚ ብዓወት መንኮን ይዛዘም ይኸውን? ብዓወትካ ክዛዘም`ዶ ትደሊ ኢኻ? እታ ኣጋንንቲ ዝፈርህዋ ግበራ፣ በቃ ! ጸሊ። “ሽም እግዚኣብሔር ዝጽውዕ ዘበለ ክድሕን`ዩ” ትብል ቃል ተጠቐመላ። ሽም እግዚኣብሔር ጸውዕ።ክትዕወት ኢኻ።

- ✓ **ጸሎት፣ ካብ እግዚኣብሔር ዝደለናዮ ንሓተላ መንገዲ ኢያ።**ድሌት ሰባት መወዳእታ የብሉን። ሎሚ ንደሊ፣ ጽባሕ ንደሊ፣ ድሕሪ ጽባሕ ንደሊ፣ ኩሉ ግዜ ንደሊ። ኣብዛ ምድሪ መወዳእታ ዘይብሉ ጠለባት ኣለዉና፣ ጸጊሙና ክርህወና ንደሊ፣ ሓሚምና ምሕረት ንደሊ፣ ሰላም ንደሊ፣ ኮታስ ብዙሕ ንደሊ፣ ካብዚ ሓሊፍና`ውን ወረስቲ መንግስተሰማያት ክንከውን ንደሊ። ኣምላኽ`ውን ደለይቲ ብዙሕ ምዃና ፈሊጡ፣ “ ዝደለየ ይረክብ።” ይብል። እዚ ካብኮነ ባህርና፣ እታ ዝደለናዮ ንረኽበላ መንገዲ እንታይ`ያ ? ጸሎት። በቃ ጸሎትያ፣ ብጸሎት ዘይትስዕሮ ቃልስን ዘይትረኽቦ ድሌትን የሎን። እዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ኣብነታትውን ነዚ ሓቂ`የን ከረጋግጻልካ። ስዓበን።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- ኢያሱ ጸለየ፣ ንጽሓይ ከኣ ደው ኣበላ።(ኢያ. 10፥12-13)
- ኤልያስ ጸለየ፣ ንሰለስተ ዓመተን ሽዱሽተ ወርሕን ማይ ከምዘይዘንብ ገበረ፣ ተመሊሱ ጸለየ ዝናብ ከኣ ኣዝነበ።(ያዕ. 5፥17-18)
- ኤልያስ ጸለየ ንዝሞተ ከኣ ኣተንሰአ።(2ይ.ነገ.4፥32-35)
- ሃና ጸለየት፣ ውላድ ከኣ ረኸበት።(1ይ. ሳሙ. 1፥9-20)
- ሃዋርያት ጸለዩ፣ ብዙሕ ተኣምር ከኣ ገበሩ።(ግ.ሃዋ. 16፥25-26)
- እቶም 120 ቤተሰብ ኣምላኽ ጸለዩ ንቅዱስ ጴጥሮስ ከኣ ካብ ማእሰርቱ ኣፍትሕዎ።(ግ.ሃዋ. 12፥1-19)
- ሙሴ ጸሊም ማይ ኣብ ዝሰኣነሉ ግዜ ጸለየ፣ ኣብዘይግዚኡ ከኣ ኣዝነበ።
- እኒ ኢያሱ ጸለዩ፣ ዕርዲ ኢያሪኮ ከኣ ኣፍረሱ።(መጽ, ኢያሱ. 6፥1-20)
- ዮሴፍ ኣብ ጥሜቱ ጸለየ፣ እቲ እምኒ ከኣ ናብ እንጌራ ተለወጠሉ።(ትርጓሜ ወንጌል. 4፥3) ብጸሎት ኣየናይ ተኣምር ኢኻ`ሞ ዘይትገብር! ክቡር ሓወይ ብእምነት ዝጸለኻያ ጸሎት ብዘይዋጋ ከምዘይትተርፍ ኣረጋጊጽካ ፍለጥ።እመን።

ንምንታይከ ምስ ማእለያ ዘይብሎም ድሌታትካ ድቃስ ትፈቱ? ኣብምድሪ ኮነ ኣብሰማይ ክትሕጎስ ትደሊ ዲኻ? ጸሊ፣ በቃ ጸሊ። ከመይ ጌርካ ክትጽሊ ከምዝግበኣካ ግን ቀጺልካ ክትምሃር ኢኻ።

➢ ብፍርሃት ደው በል

ጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ምዝርራብ እዩ። ስለዚ ምስ ሓደ ተራ ሰብ ትዘራረብ ከም ዘለኻ ኴንካ ከይትቐርብ ተጠንቀቕ። ብፍርሃት ደው በል። ብፍርሃት ደው በል ክብለካ ከለኹ፣ ኣብ ቅድሚ ሓደ ጨካን ንጉስ ደው ከምዝበልካ ኴንካ ብራዕድን ርበሻን ደው በል ማለተይ ኣይኮንኩን። ኣብ ቅድሚ`ቲ ክቡርን ልዕሊ ኩሉን ኣብ ቅድሚ`ቲ ዘፍቅረካን ብምሕረቱ ዝሕልወካን ንጉስ ደው ኢልካ ምህላውካ ፈሊጥካ ብተገዳስነትን ብስነ ስርዓትን ደው በል ማለተይ እየ። ብዘይካ ኣብ እዋን መኣዲን ኣዚኻ ዝደኸመካሉን ኮፍ ኢልካ ኣይትጸሊ፣ ቀጥ ኢልካ ደው በል። ኣብ መንደቕ ኣይትጸጋዕ፣ ኣእዳውካ ወይ ዘርጋሓዮ ወይ መስቀላዊ ግበሮ። እታ ሓጢኣትኛ ነብስኻ ኣብ ቅድሚቲ ሓጢኣት ዘይስማምዖ ኣምላኽ ደው ብምባላ ሕፍረት ይሰማዓያ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ቅድሚ`ቲ ዘይጽየፉ ፈጣሪኣ ደው ብምባላ ሓበን ይሰማዓያ። ከምቲ ተጋዊ ሰብኣይ ዝገበሮ ደርትካ እናሃረምካ " ንዓይ ንሓጢኣተኛ ባርያኻ ማሓረኒ" እናበልካ ጸሊ። ንየማነ ጸጋም ቁሊሕሊሕ ኣይትበል፣ ቀጥ ኢልካ ጸሊ። ክቡር ሓወይ፣ ካብቲ ንጸሎትካ ከይነዓቕ ዝሰምዓካ ኣምላኽ ዝዓቢ የብልካን`ሞ ናብቶም ብየማነ ጸጋምካ ሕሹኽ ሹኽ ዝብሉ ምትኳር ገዲፍካ ነብስኻ ምስኡ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ከምትጠብቕ ግበር፣ ሕሊናኻ ንኻልእ ኣይትሃብ። ብፍርሃት ደው ምባል ከመይ ምዃኑ ካብዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ጥቕስታት ክትርዳእ ኢኻ። ኣስተውዕለለን።

- “ንጸሎት ኣብ ትቖመሉ፣ ኣብ ቅድሚ ሓዊ ከም ዝቖምካ ኴንካ ብጥንቃቑ ቁም።” (ማር ይስሃቅ)
- “ ኣነ ሓመድን ሓሙኽሽትን ክነሰይ ምሳኻ ክዛረብ ደፈርኩ።” (ዘፍ.19፥)
- “ እቲ ተቐባሊ ቀረጽ ግና ኣብ ርሑቕ ደው ኢሉ፣ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ከብል እኳ ከይደፈረ፣ ‘ ኦ ኣምላኸይ ! ንኣይ ንሓጥእ ምሓረኒ እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቅዕ ነበረ።” (ሉቃ. 18፥13) ስለዚ፣ ንስኻ`ውን ኣብቅድሚ መን ትቐውም ምህላውካ ፈሊጥካ ደስ ኢሉካ ግን ከኣ ብፍርሃት ጸሊ።

➢ ብተመስጦ ጸሊ

ተመስጦ ማለት ሓሳባትካ ጠርኒፍካ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቲ ትጽልዮ ዘለኻ ጥሒልካ ብምስትንታን ምጽላይ ማለት እዩ።ካብዛ ዓለም ወጺእካ ኣብ ቅድሚ ስላሴ ከምዝቖምካ ኮይኑ ዝስማዓካ እንተኾይኑ ኣብ ተመስጦ ኣቲኻ ኣለኻ ማለት እዩ።እና ጸለኻ ውሽጥኻ ምርግጋእ ዝስመዓካ እንተኾይኑ ኣብ ተመስጦ ኣቲኻ ኣለኻ ማለት እዩ።ብዛዕባ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ከይገደሰካ ትጽሊ እንተሃሊኻ ኣብ ተመስጦ ኣቲኻ ኣለኻ ማለት እዩ። ኢድካ ዘርጊሕካ ምጽላይ እንተለሚድካ ኣብ ተመስጦ ምእታው ተለማሚድካ ማለት እዩ።ጸሎትካ ምስ ወዳእካ ዕረፍቲ እንተተሰሚዑካ ብተመስጦ ጸሊኻ ማለት እዩ።ሕጂ ሓደ ነገር ከዘኻኽረካ ደልየ ኣለኹ፣ ጸሎትካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክበጽሕ ዝኽእል ብተመስጦ ምስ እትጽሊ ጥራይ እዩ። ንጸሎት ኣብ ትጽመደሉ ንስጋኻ ጥራይ ደው ኣይተብላ ንሕልናኻ ጽመዳ።ሕጽር ብዝበለ ብተመስጦ ዝጽሊ ሰብ እዘን ሰለስተ ጠባያት ኣለውኦ:-

- ✓ ብዘይካ ዕብየትን ክብርን እግዚኣብሔር፣ መቐረት መንግስተሰማያት ካልእ ኣይርእዮን።
- ✓ ዝፈጸሞም ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ይርኣዮ`ሞ እናነብዐ ይጽሊ።
- ✓ ብየማነ ጸጋሙ ዝግበሩ ንጥፈታት ኮነ ሕሹኽ-ሹኻት ኣየድህበሎምን።

ነዚ ሓቂ`ዚ ካብዞም ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ኣብነታት ክተረጋግጾ ኢኻ።

- **ቅዱስ ያሬድ**

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ቅዱስ ያሬድ፣ ንናይ ኦርተዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ዜማ(ግእዝ፣ እዝሊ፣ ኣራራይ) ጀማሪ ምዃኑን ብተመስጦኣዊ ኣጸላልያኡ ዝተፈልጠ ምንባሩ ታሪኹ ይነግረና። ሓደ ማዓልቲ ሃጼ ገብረመስቀል ከዝምረሎም ናብ ኣዳራሾም ዓደምዎ። ቅዱስ ያሬድ ኣብ ቅድሚ ሃጼ ገብረመስቀል ቆይሙ ምህላዉ ረሲዑ ሕሊናኡ ናብ ልዑል ኣምላኽ ሰቒሉ ክዝምር ጀመረ። ሰባት ምስኡ ምህላዎም ረስዐ።ሃጼ ገብረመስቀል ካብ ጣዕሚ ዜማኡን ተመስጦኡን ዝተበገሰ ፈዘዙ፣ ከይተረድኦም ከኣ ኰናቶም ወዲቓ ንቅዱስ ያሬድ እግሩ ወግኣቶ፣ ደም ቅዱስ ያሬድ ከም ማይ ክፈስስ ጀመረ፣ ቅዱስ ያሬድ ግን ሓንቲ ከምዘይኮነ መዝሙሩ ይቕጽል ነበረ። ኩላቶም እቶም ዝርኣይዎ ተደነቑ።ተመልከት ! ተመስጦ ስቓይካ እተርስዕ ናይ ጸሎት ሕይወት እያ። ከምቲ እምነት ብዘይግብሪ ከንቱ ዝኾነት ጸሎት`ውን ብዘይተመስጦ ከንቱ እያ።

- <u>ባሕታዊ ኣቦ</u>

ቅድሚ ጽሎት ምጅማሮም ኣብ ቅድሚ ስላሴ ደው ኢሎም ምህላዎም ንነብሶም የዘክርዋ ነበሩ። ብድሕሪ`ዚ፣ ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና ኢሎም ይጅምሩ፣ ናብ`ታ ስምካ ይቀደስ ከይሓለፉ ከኣ ንዓመታት ይቕጽሉ። በቃ “ ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና...ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና... ኣብሰማይ ትነብር ኣቦና... ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና....እናበሉ ንዓመታት ይቕጽሉ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ተገሊጹ፣ ስለምንታይ ኢኻ ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና ጥራይ ትብል፣ ስምካ ይቀደስ ኢልካ ኣይትቕጽልን ዲኻ? ኢሉ ምስ ሓተቶም፣ ነዛ ኣገራሚት መልሲ መለስሉ፣ “ **እዛ ‘ <u>ኣቦና</u> ’ ትብል ቃል ከም ጨው ኣብ ኣፈይ እናመቐረትኒ ከመይ ጌረየ ክሓልፍ።”** ተመልከት ኣንባቢ፣ እቶም ኣብ ተመስጦ ኣትዮም ዝጽልዩ፣ ኣይኮነንዶ ነታ ካብ ኩሉ ዝዓበየት **ኣቡነዘበሰማያት** ኣብ ውሽጢ ደቒቕ ዘይመልእ ክውድእዋ ‘ ኣቡነ ዘበሰማያት ምስ በሉ ይትቀደስ ስምከ ከይበሉ እዩም ንዓመታት ዝጸንሑ። ሕጂ`ውን ከዘክረካ፣ ከይተሃወካ ቀስ ኢልካ ምጽላይ ምልክት ተመስጦ እዩ። ኣይትተሃወኽ፣ ምስ ሰማያዊ ኣቦኻ ዝኣክል ተራኺብካስ ንኽትፍለዮ ክትህወኽ !! ኣይትተሃወኽ ደኣ ።

- <u>ኣባ ዮሃንስ ሓጺር</u>

ናይ ስፌት ውጽኢት ዝኾኑ፣ ከም በዓል ዘምቢል፣ ምንጻፍ እናሰርሐ ይሸይጥ ነበረ። ነዚ ንብረቱ ሒዙ ኣብ ዕዳጋ ኮፍ ይብል`ሞ ጸሎቱ ይጅምር፣ ኣብ ተመስጦ ከኣ ይጥሕል። ዝገዝኡ ሰባት መጺኦም ዋጋ`ቲ ንብረት ክሓትዎ ከለዉ፣ “ ሚካኤል`ዶ ይዓቢ ገብርኤል እናበለ ይሓቶም፣ እቶም ክዕድጉ ዝመጽኡ ብሕትኡ እናተገረሙ እዝስ ዝተጸለለ እዩ ዝመስል እናበሉ ይኸዱ ነበሩ። ተመልከት ሕጂ`ውን ! ተመስጦ፣ ዝቐምካሉ ቦታ እተረስዕ፣ ንስላሴ ኮነ ንቅዱሳን መላእክት ብኣዒንቲ ኣእምሮ ከምትርእዮም እትገብር ምንጪ በረኸት ኢያ።

✓ <u>ተመስጦ ንምምዕባል ዝሕግዙኻ ነጥብታት</u>

- ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ደው ትብል ከምዘለኻ ንነብስኻ ኣዘኻኽራ። ነብሰይ ኣብ ቅድሚ መን ደው ትብሊ ከምዘለኺ ፍለጢ በላ።በቃ ተዛረባ። ከም ትሰምዓካ ጌርካ ተዛረባ። እዚ ምስ ነብስኻ ምዝራብ ናይ ተመስጦ ልምዲ ክሳዕ ተሕድር ቀጽሎ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- ኣብ ሕሊናኻ ስእሊ ኣቐምጥ፡፡ንኣብነት ስላሴ ኣብ ዙፋኖም ኮፍ ኢሎም፣ ቅዱሳን መላእክት ቅዱስ…ቅዱስ ቅዱስ እናበሉ ከመስግንዎ፣ ጎይታና ምእንቲ ሓጢኣትና መሰቀል ተሰኪሙ ዝተንከላበቶ፣ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ የማን ወዳ ኮይና ምእንታና ክተማልድ…ወዘተ ኣብ ሓንጎልካ ቅረጽ፡፡ እዚ ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ኣረሲዑ ናብ መንበረ ጸባኦት ክወስደካ`ዩ፡፡

- ኢድካ ዘርጊሕካ ምጽላይ ተለማመድ፡፡ “ **ኣእዳወይ ናብ ሰማይ ኣልዒለ ክጽሊ እየ፡፡”** ከምዝበለ ንጉስ ዳዊት(*መዝ.* 63፥4) ኢድካ ምዝርጋሕ ምልክት ተመስጦ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣብ ቅድሚ`ቶም ምሳኻ ዘለዉ ሰባት`ውን ርእሰ ተኣማንነት ክሕድረልካ እዩ፡፡ እዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ጥቕስታት ኢዶም ዘርጊሖም ይጽልዩ ናይ ዝነበሩ ቅዱሳን ዘረድአ እየን፡፡ ስዓቦም፡፡(1ይ. ነገስት.8፥22) (ጦቢት. 3፥11) (ሲራክ. 51፥19)

➢ ንዕንቅፋት ተቓወሞ

ንጸሎት ኣብ ትቐመሉ ግዜ፣ ማእለያ ዘይብሎም ዕንቅፋታት ከጋጥሙ`ኻ ግድን እዩ፡፡ ምኽንያቱ ጸሎት ካብ ኢድ ሰይጣን ኣምሊጥካ ናብ ኢድ እግዚኣብሔር ትኣትወላ መንገዲ ኢያ፡፡ ስለዝኾነ ሰይጣን ካብ ኢዱ እናምለጥካ ስቕ ኢሉ ክርእየካ ኣይክእልን እዩ፡፡ ካብ ጸሎትካ ንምዕንቃፍ ዝተፈላለዩ ሜላ ክጥቀም ግድን እዩ፡፡ ንኣብነት፡- ዘይሰራሕካዮ ዕዮታት ከምትዝክር ብምግባር ሓሳብካ ይሰርቆ፣ ኣብ መንጎ ሰባት ከምዝጽዉዑ`ኻ ይገብር፣ ኣብ ጥቓኻ ዕግርግር ዝብሉ ሰባት ብምድላው ሓሳባትካ ከምዝስረቕ ይገብር፣ ድኻምካ ከምትጽብጽብ ጌሩ ናይ ጽሎት ግዜኻ ከምተሰጋግሮ ይገብር፣ ኮታስ ብተመስጦ ንኸይትጽሊ ዘይጥቀሞ ሜላ የለን፡፡ ንስኻ ግን ሓወይ፣ ካብቲ ንጸሎትካ ጽን ኢሉ ዝሰምዓካ ዝዓቢ የብልካን`ሞ ነቲ ዘጋጥመካ ተቓዉሞታት ካብ ሰይጣን ምዃኑ ፈሊጥካ ብትብዓት ተቓዎሞ፡፡ ነዛ ታሪኽ`ሞ ተዓዘባ፡-

✓ <u>ታሪኽ በሕታዊ</u>

እዞም ኣቦ ካብ በዓቶም ከይወጽኡ ን 40 ዓመት ክጽልዩ ወሰኑ፣ ጀመሩ ከኣ፡፡ ሰይጣን ናይ ንጉስ ወታሃደር ተመሲሉ ብምምጻእ፣ “ ንጉስ ይደልያካ ስለዘሎ ንሓንቲ ግዜ ጸሎትካ ኣቋሪጽካ ንዓናይ፡፡” በሎም፡፡ እቶም ኣቦ ግን ብትብዓት ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ “ ንዓይ ብዘይካ ሰማያዊ ንጉስ ካልእ ንጉስ የብለይን፡፡” በዚ ከኣ ስዓርዎ፡፡ ክቡር ሓወይ፣ ነዚ እየ ኣቐድም ኣቢለ ካብቲ ንጸሎትካ ጽን ኢሉ ዝሰምዓካ ዝዓቢ የብልካን`ሞ ዝመጽአ ይምጻእ ተቓዎሞ ዝበልኩኻ፡፡

ኣብ መንጎ ጸሎት ካልእ ሓሳብ እንተመጽኣካ እንታይ ክትገብር ከምዝግበእ፣ ማርይስሃቅ ከምዚ እናበለ ይመክር፣ “ **ኣብ መንጎ ጸሎትካ ካልእ ሓሳብ እንተመጽአካ ካብ ሰይጣን እዩ`ሞ፣ ኣንታ እኩይ፣ ኪድ ካባይ ርሓቕ እናበልካ ደኣ ገስጾ`ምበር ተሰፋ ቆሪጽካ ጸሎትካ ኣይተቋርጽ፡፡”** ክቡር ሓወይ፣ ኣብ መንጎ ጸሎትካ ካልእ እናሓሰብካ ክነስኻ ስቕ ኢላካ ኣይትጸሊ፣ እናማዕተብካ ተቓወሞ፡፡ ሓደ ነገር ክነግረካ፣ ሓሳብካ ተሰሪቑ እናሃለወ ብዙሕ ምዕራፋት ካብ ተንብብ፣ ሰማያዊ ኣቦይ.. ሰማያዊ ኣቦይ…ሰማያዊ ኣቦይ…እናበልካ ሙሉእ ማዓልቲ ምጽላይ ይበልጽ፡፡ እቲ ንምንታይ ደው ኢልካ ምህላውካ ዝፈልጥ ኣምላኽ፣ ብዝሒ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ቃላትካ ኣይኮነን ዘድልዮ፣ መንፈስካ እዩ ዘድልዮ።ነቶም ኣብ ሰማይ ትነብር ኣቦና ኢሎም ናብ ስምካ ይቀደስ ከይሓለፉ ንዓመታት ዝጸለዩ ኣቦ ዘክሮም።

➢ ጸሎትካ ብምስጋና ጀምሮ

ቅዱስ ባስሊዮስ፣ " **ጸሎትካ ብሕቶ ኣይትጀምሮ።"** ከምዝበለ፣ ጸሎትካ ብጥርዓንን ልማኖን ኣይትጀምሮ። ቅድሚ ኩሉ፣ ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ንጉስ ኢኻ ደው ትብል ዘለኻ`ሞ ንዕብየቱን ክብሩን እናዘከርካ ኣመስግኖ፣ ብሓጢኣትካ ከይተጸባጸበ ነታ ግዜ ስለ ዝሃበካ፣ ኣምላኽይ ማሓሪ ኢኻ እናበልካ ኣመስግኖ። ቀጺልካ ሓጢኣትካ እናዘከርካ ሕድገት ለምን፣ ብድሕሪ`ዚ ኣቦኻ እዩ`ሞ ዘድልየካ ለምን፣ ኣብ መወዳእታ ንጸሎትካ ስለዝሰማዓካን ሰሚዑ ስለዝህበካን ኣመስግኖ። ጸሎትካ ብምስጋና ጀሚርካ ብምስጋና ወድእ።

➢ ከይተሃወካ ጸሊ

ምስ እግዚኣብሔር ትዘራረብ ምህላውካ ዘክር። ስለዚ ከይተሃወካ ጸሊ። ኣስተውዕል ! ካብ እናቐልጠፍካ 50 ገጻት ተንብብ ቀስ ኢልካ ሓንቲ ገጽ ምንባብ ይበልጽ። ካብ እናቐልጠፍካ (ከይተረድኣካ) ሓደ ስዓት ትጽሊ፣ ቀስ ኢልካ ብተመስጦ ሓንቲ ደቒቕ ምጽላይ ይበልጽ። ሓደ ነገር ዘክር፣ እግዚኣብሔር ኣብ ንውሓት ግዜ ዘይኮነስ ኣብ`ቲ ብፍቕሩ እናተቓጸልካ፣ ከይተሃወካ ትጽልዮ ጸሎት`ዩ ዝግደስ። " **ጎይታየ ኣብ ትመጽእ መንግስትኻ ዘክረኒ ።"**ትብል ሓጻር ጸሎት ገነት ክተእቱ ከምዝኸኣለት ዘክር።

ክቡር ሓወይ፣ ብልማድ ፈጺምካ ከይትጽሊ። ቀስ ብቐስ ክትለማመዶ ከም ዘለካ ግን ኣይትዘንግዕ። ክቡር ሓወይ፣ ብታህዋኽ ክትጽሊ ከለኻ ነዞም ዝስዕቡ ቅዱሳን ረሲዕካዮም ምህላውካ እዩ ዘመልክት፣ ተዓዘቦም`ሞ:-

- ✓ ኣቡነ ገብረመንፈስ ቅዱስ ን100 ዓመታት ብዘይምስልቻው ጸለዩ።
- ✓ ቅድስት ክርስቶስ ሰምራ ን 12 ዓመታት ብዘይምስልቻው ጸለየት።
- ✓ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ን 7 ዓመታት እግሮም ክሳብ ዝቑረጹ ብሓንቲ እግሮም ጸለዩ።
- ✓ ኣባ ኣርሳንዮስ ንልዕሊ 12 ስዓታት ብዘይምስልቻው ይጽልዩ ነበሩ።

እዞም ዝዘርዘርኩልካ ቅዱሳን ከየባተኹ ዝጸለዩ እዮም። ስለዚ ክቡር ሓወይ፣ ከይተሃወካ እኳ ደኣ ምስ ኣምላካ ትዘራረብ ብምህላውካ ደስታ እናተሰማዓካ ቀስ ኢልካ ጸሊ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

➢ ብእምነት ጸሊ

ብእምነት ምጽላይ ማለት እግዚኣብሔር ኣቦኻ ብምዃኑ ዘድልየካ ብዘይንፍገት ከምዝህበካ ተስፉ ምግባር ማለት እዩ። ክቡር ሓወይ፣ጸሎትካ ብልማድ ኣይኹን፣ ኣብ እምነት ዝተመስረተ ይኹን። ጸሎትካ ብዛዕባ ንስሓ እንተኾይኑ ሓጢኣትካ ከምዝሕደገልካ እመን። ይሕደገለይዶኾን ይኸውን ኣይትበል።እንተጸሊኻ፣ ምጥርጣር ኮነ ፍርሂ ክስመዓካ የብሉን። ሓደ ነገር ክወሃበካ እንተጸሊኻ ግዚኡ ሓልዩ ክውሃበካ ምዃኑ እመን። ዋላኳ ኣብቲ ንስኻ ዝደለኻዮ ግዜ እንተዘይተዋሃብካ ኣብቲ እግዚኣብሔር ዝመደቦ ግዜ ክወሃበካ ምዃኑ እመን። ኣማኒ ለማኒ`ምበር ተጠራጣሪ ለማኒ ኣይትኹን።እምነት ማለት፣ ኣምላኽ ንሓጢኣተኛታት ምሕረት ከምዝገብረሎም ኣሚንካ ምጽላይ እዩ። እምነት ማለት፣ ንኹሉ ገግዚኡ ኣለዎ ንዝብል ቃል ኣምላኽ ፈሊጥካ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ከምዝወሃበካ ኣሚንካ ምጽላይ እዩ።

ብእምነት ምጽላይ ከመይ ከምዝመስል ካብዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ታሪኻት ክትማሃር ኢኻ።

• ሃና ኣደ ሳሙኤል

መኻን ብምንባራ ሓዘን ዝመረራ ሰብ ኢያ ነይራ። መግቢ ምብላዕ ክሳዕ ዝኣብያ ትሓዝን ነበረት። ሓደ ማዓልቲ ግን ጎደሎ ብዘይብላ እምነት፣ ቆሎዓ ክወሃባ ናብ ቤተመቕደስ ከይዳ ለመነት። ጸሎታ ብሙሉእ እምነት ዝተጸለየ ከምዝነበረ በዚ ዝስዕብ ቃል ንርዳእ፣ ጸሎታ ምስ ወደአት፣ “ **...ከይዳ ከኣ በልዐት፣ ድሕሪ`ዚ ጓሂ ዝብልዎ ኣብ ገጻ ኣይተራእየን።”** ( 1ይ. ሳሙ. 1፥18) ክቡር ኣንባቢ ነታ፣ “ <u>ከይዳ በልዐት፣ ድሕሪኡ ጓሂ ዝብልዎ ኣብ ገጻ ኣይተራእየን።</u>” ትብል ቃል ደጋጊምካ ኣንብባ፣ ኣስተማቕራ። ቅድሚ ምጽላያ መግቢ ኣብይዋ ዝጸንሐ፣ ልባ ብጓሂ ነዲዱ ዝነበረ ድሕሪ ጸሎታ ግን መግቢ በልዐት፣ ጓሂ ዝበሃል ድማ ካብ ልባ ጠፍአ። እዚኣ ኢያ`ምበኣር እታ ናይ እምነት ጸሎት ትበሃል። ውላድ ጌና ከይተዋህባ ከምዝወሃባ ኣሚናስ ሓዘና ዓጽያ። እስከ ሕጂ ክቡር ኣንባቢ ናብ ነብስኻ ምልስ ኢልካ ምስ ነብስኻ ተዘራረብ፣ ድሕሪ ምጽላይካ እንታይ ይስመዓካ? ነቲ ዝደለኻዮ ከምዝወሃበካ ኣሚንካ ትሕጎስዶ ዋይስ ድሕሪ ጸሎት`ውን ሽጉርን ጭኑቕን ኢኻ። ብእምነት ደኣ ጸሊ።

• እግዚእ ሃረያ

ኣቡነ ተክለሃይማኖት ወዲ ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ኣብ ዝነበርሉ፣ ኣብ ዓዶም ከቢድ ጥሜት ኣትዩ ነበረ። ወለዲ ኣቡነ ተክለሃይማኖት፣ ካህን ጸጋዝኣብን ቅድስት እግዚእ ሃረያን ናይ ቅዱስ ሚካኤል በዓል ይገብሩ ስለዝነበሩ ኣዝዮም ተጨነቑ፣ ብምንታይ ኢና ውራይና ንገብሮ ኢሎም ተጨነቑ። የግዳስ ናይ ኩሉ መፍትሕ ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር ምዃኑ ስለዝፈልጡ፣ ቅድስት እግዚእ ሃረያ ንካህን ጸጋዝኣብ ብእምነት ከምዚ በለቶ፣ “ ነዚ ዝክርና ነሕልፈሉ እኽልን ኣስቤዛን ክህበና ናብ ቤተ መቕደስ ኬድካ ንእግዚኣብሔር ለምኖ።” ካህን ጸጋዝኣብ ብእምነት ለመነ፣ እግዚኣብሔር ድማ ብኢድ ኣቡነ ተክለሃይምኖት ጌሩ ድንቂ ተኣምራት ገበረ። ነቲ ዝነበረ ዉሑድ ሓርጭን ዘይትን ከምዝብርክት ጌሩ፣ በዓሎም ኣሕሊፎምስ ክሳዕ ዕለተ ሞቶም ተቐዲሑ ከምዘይውዳእ ገበረ።

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ነዛ ጥቕሲ'ሞ ርአያ፣ " እቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸምዝሰምዓና ስለ እንፈልጥ እቲ ኻብኡ ዝለመንናዮ ድሮ ከምዝረኸብናዮ ንፈልጥ ኢና።"(1ይ ዮሃ. 5፥15)

➢ <u>ከምፍቓድካ'ምበር ከምፍቓደይ ኣይኹን በል።</u>

እዛ ከምፍቓድካ'ምብአር ከምፍቓደይ ኣይኹን ኢልካ ምጽላይ ከመይ ዓበይን ኣገዳሲትን ጸሎት ይመስለካ። ዋላውን ነቲ ንዓኻ ኣገዳሲ መሲሉ ዝረኣየካ ከምፍቓድካ ይኹን በሎ። ሃዋርያት ዝሓሰብዎ ምስላጥ ምስ ኣበዮም እንታይ ከምዝበሉ ትፈልጥዶ? ስምዓያሞ ዝበልዋ ቃል፣ " ፍቓድ ጎይታ ይኹን ኢልና ሃዳእና።" (ግ.ሃዋ. 21፥14)በቃ ! ፍቓድካ ይኹን፣ ፍቓድካ ይኹን ጥራይ በል። ስለምንታይ ከምኡ ክትብል ከምዘለካ'ኸ ትፈልጥ ዲኻ? እቲ ምኽንያት እዛ ትስዕብ ጥቕሲ ክትምልሰልካ ኢያ፣ " ..**ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሓስቦን እምብዛ ኣዕዚዙ ኪገብር ዝከኣሎ ኣምላኽ.....**" (ኤፌ. 3፥20) ካብቲ ንስኻ ንነብስኻ ትሓስበላ ኣምላኽ ዝሓስበላ ይዓቢ፣ ስለዚ ኢኻ ከምፍቓድካ ይኹን ኢልካ ትጽሊ።ከምፍቓድካ ይኹን ማለት እቲ ንዓይ ዝጠቕመኒ ንስኻ ኢኻ ትፈልጦ'ሞ ዝጠቕምኒ ሃበኒ ማለት እዩ።ምናልባት ካብቲ ንኽወሃበካ ዝነባዕካዮ፣ ተዋሂቡካ ጎዳኢኻ ኮይኑ ምስ ረኸብካዮ ኣርሕቐለይ ኢልካ ትነብዖ ክበዝሕ ይኽእል እዩ ክበሃል ሰሚዕካ ትኸውን ኢኻ፣ ሓቂዩ፣ ኣብ ብዙሓት ሰባት ኪጋጥምውን ርኢኻ ትኸውን ኢኻ። ነዚ'ዩ እዚ ኹሉ ልማኖ ኢሎም ከምርሩ ሰሚዕካ ትኸውን ኢኻ፣ ሓወየ ንስኻስ ከምፍቓድካ ይኹን ኢልካ ደኣ ለምን። ከምፍቓድካ ይኹን ኢልካ ምጽላይ እዘን ዝስዕባ ዓበይቲ ጥቕምታት ክትረኽበላ ኢኻ።

- ✓ እግዚኣብሔር፣ ነቲ ንዓኻ ዝጎድኣካ ኣይህበካን። ፍቃዱ፣ ናትካ ጽቡቕ እዩ'ሞ ነቲ ዝጎድኣካ ይትረፎ ኢሉ የርሕቐልካ።

- ✓ ዝለመንካዮ ቀልጢፉ ምስ ዘይውሃበካ ስለምንታይ ኢልካ ኣብ ክንዲ ምምራርን ምጭናቕን ዘየድልየኒ ስለዝኾነዩ ሕጂ ዘይሃበኒ ኢልካ ትሓስብ። እቲ ንእግዚኣብሔር ዘየምርር ሰብ ዝተባረኸ እዩ'ሞ ቡሩኽ ትበሃል።

  ደጊመ ክተስተውዕለላ ዝደልያ ነጥቢ ኣላ፣ ዝጎድእ ምኺኑ እናፈለጠ ንውላዱ ሕማቕ ዝህብ ወላዲ የለን'ሞ እቲ ሰማያዊ ኣቦኻውን ዝጎድኣካ ዘይህብ ለዋህ ኣቦ ምኺኑ እመን። ከምፍቓድካ ይኹን ኢልካ ጸሊ።

➢ <u>ካብ ቂም ነጻ ምኻንካ ኣረጋግጽ</u>

ምስ ሰባት፣ ባእሲ፣ ቂም ሒዝካ ንጸሎት ኣይትቑም። ምናልባት ምስ መባእስተይ ክዕረቕ ሓይልኻ ሃበኒ ኢልካ ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ኢልካ ድሕሪ ምጽላይ ግን ካልእ ጸሎት ከይወሰኽካ ምስ መባእስትኻ ተዓረቕ። ንጸሎት ኣብ ትብገሰሉ፣ ነታ " **ዘኣንበረ ቂመ ውስተ ልቡ ኢውክፍት ጸሎቱ በቅድመ እግዚኣብሔር።**" ትብል ቃል ወንጌል ዘክራ። ክቡር ሓወይ፣ ኩሉ ጸሎት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቅቡል ማለት ኣይኮነን፣እቶም ከም ቃኤል ኣብ ልቦም ቂም ኣቐሚጦም ንጸሎት ደው ዝብሉ፣ ቃኤል ዝረኸባ ግብረ መልሲ እዮም ዝረኽቡ፣ደጊመ ከረጋግጸልካ፣ እቲ ኣብ ሰባት ኣድልዎ ዘይብሉ ፈጣሪ ንቃኤል ጸሎቱ ከምዘይተቐበለሉ ንዓኻ'ውን ጸሎትካ ኣይክቕበለልካን እዩ። ስለዚ ካብ ቂም ነጻ ምኺንካ ኣረጋግጽ።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

➢ ምእንቲ ኩሉ ምጽላይ ልመድ

ከም ክርስቲያን መጠን ምእንቲ ሰበይትኻ፣ ደቅኻ፣ ስድራቤትካ፣ ምእንቲ ሃገርን ዓለምን ምጽላይ ተለማመድ። ምእንቲ ኩሉ ክትጽሊ ግቡእካ እዩ`ሞ ምእንቲ ኩሉ ጸሊ፣(1ይ. ጢሞ. 2፥1-3)

ምዕራፍ ሾብዓተ

<u>ሽዱሽተ ነጥብታት ንቅዱሳን ኣብ ምጥማት</u>

➢ <u>ስለምንታይ ኢና ናብ ቅዱሳን ንጥምት?</u>

እዛ " **ምጥማት** " ትብል ኣምር፣ ብነቢይ ኤልያስን ብቅዱስ ሃዋርያ ጴጥሮስን ዝተዋህበት ምስጢራዊት ትእዛዝ ኢያ። "ናባና ጠምት" ከኣ ትብል። ነቢይ ኤልያስ ንወደመዝሙሩ ንኤልሳእ " ናባይ እንተጠመትካ እቲ ዝለመንካዮ ጸጋ ክወሃበካ እዩ።" ክብሎ ከሎ፣ ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ነቲ ድዉይ ዝነበረ ሰብኣይ " ናባና ጠምት።" ይብሎ። ነቢይ ኤልሳእ ንነቢይ ኤልያስ ብምጥማቱ ኣብ ነቢይ ኤልያስ ዝነበረ ጸጋ ዕጽፍን ድርብን ኮይኑ ክወሃቦ ከሎ፣ እቲ ድዉይ ሰብኣይ ድማ ንቅዱስ ጴጥሮስን ቅዱስ ዮሃንስን ብምጥማቱ ካብቲ ንዓመታት ዘሳቐዮ ዝነበረ ደውየ ድሒኑ።(2ይ.ነገ. 2፥10) (ግሃ. 3፥1-4) ከመይ ኣደናቒት ትእዛዝ ኢያ ! "ናባና ጠምት !"

ሕጂ፣ ሓንቲ ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ በጺሓ ኣላ፣ ንሰባት ብምጥማት ከመይ ጌሩ`ዩ እዚ ኹሉ ጸጋ ክርከብ ዝተኻእለ?? ንቅዱሳን ቁሊሕ ኢልካ ስለዝጠመትካ ጥራይስ ጸጋ ክፈስስ ! ካብ ደውየ ክትድሕን !.... ሕጂ`ውን መልሲ ናይዛ ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ በጺሑ ኣሎ፣ **እወ ይፍጸም። እግዚኣብሔር ብመገዲ ቅዱሳኑ ደስ ዝበሎ እንተገበረ እንታይካ ኣሕመመካ፣ ንግብርታት እቲ ሓያል ኣምላኽ ክትምርምር እትህቅንከ መን ኢኻ ንስኻ?** ይቕረ በለለይ ፈጣርየይ፣ ቅዱሳንካ ድንቂ ተኣምራት ከምዝገብሩ ተረዲአ ኣለኹ። ከይተጠራጠርኩ ከም ኤልሳእ ካብ ጸጋኦም ክካፈል ከምቲ ድዉይ ሰብኣይ ካብ ናይ ጥርጥር ደውየ ክፍወስ ናብ ቅዱሳን ክጥምት`የ፣ ኩሉ ግዜ ክጥምት`የ፣ብቃ ክጥምት`የ።

ሕጂ፣ ናብ ምስጢር ናይዛ ትእዛዝ ክኣቱ እየ፣ "ናብና ጠምት" ፣ እንታይ ማለት`ዩ ናባና ጠምት? ስዓበኒ፦

- ✓ ናባና ጠምት ማለት፣ በቲ ዝተዋህበና ጸጋ እመን፣ ጸሊና ካብ እግዚኣብሔር ምሕረት ክነውህበካ ከም ንኽእል እመን፣ ጸጋ ክነውህበካ ከምንኽእል እመን ማለት እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ኢና ከኣ ብናይ ቅዱሳን ኣማላድነት ንኣምን።

- ✓ ናባና ጠምት ማለት፣ ናብ ሂወትና፣ ስነ-ምግባርና፣ ኣነባብራና ጠምት ማለት እዩ።እዚ ከኣ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ ማለት እዩ፣ ንሱ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፣ " ነቶም ቃል ኣምላክ ዝመሃርኹም መራሕትኹም ዘክርዎም፣.... ኣሰር ኣሰሮም ስዓቡ።" (ዕብ. 13፥7)

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ዝኸበርካ ኣንባቢ፣ እታ ቀዳመይቲ ነጥቢ ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ነጥብታት ስም ቅዱሳን ኣብ ምጥማት ትብል ካልኣይ ክፋል ናይዛ መጽሓፍ ክንመሃሃረላ ኢና፣ ሕጂ ግን ኣብታ ካልአይቲ ነጥቢ ክነተኩር ኢና።

ናብ ቅዱሳን ምጥማት ማለት፣ ናብ ጽንዓት እምነቶም፣ ስነ- ምግባሮም፣ ትዕግስቶም፣ ኣብ እግዚኣብሔር ዝነበሮም ፍቕሪ፣ ንፈተናታት ዝስዕርሉ ዝነበሩ ጥበብ ምዝካር ማለት እዩ። ነዚ ኩሉ ምዝካር፣ ንነብስኻ ኣብ ምምርማርን ንዓኣቶም ኣብ ምምሳልን ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎ።ትጥምቶም፣ ተስተንትን፣ ትውስን፣ ትመስሎም፣ ዝኣተዉዎ ናይ ክብሪ ስፍራ ትኣትዋ። ሓደ ካብቶም ናይ ዓወት ባእታታት፣ ንዕውታት ሰባት ብምጥማት ንዓኣቶም ክትመስል ምግዳል እዩ።

እግዚኣብሔርውን ብመንገዲ ነቢይ ኢሳይያስን ንጉስ ዳዊትን ነዘን ዝስዕባ ምኽሪ ሂቡካ ኣሎ፦

- **“ ..ነቦኹም ኣብርሃምን ነዴኹም ሳራን ጠምትዎም።”**
- **“ ..ነቲ ሕያዋይ ሰብ ጠምቶ።”**

ክቡር ሓወይ፣ ናብ ቅዱሳን ኩሉ ግዜ ጠምት። እንተወሓደ ኣብ ማዓልቲ ታሪኽ ናይ ሓደ ቅዱስ ብምዝካር ኣብ ተመስጦ ኣቲኻ ሂወትካ ፈትሽ፣ ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ኣብ ወረቐት ጽሓፎ ኣብ ዓሚቕ ምስትንታን እቶ፣ “ኣነኸ?...ኣነኸ ኣበይ ኣለኹ?” እናበልካ ምስነብስኻ ተሓታተት። እንተኾነ ግን ዓቕምኻ ፍለጥ። ጥር ኢለ ብሓንቲ ግዜ እንተዘይመሰልክዎም ኣይትበል፣ ሮማ ብሓንቲ ማዓልቲ ኣይተሃንጸትን።ግዜ የድልየካ እዩ። ነቲ ክትመስሎ ትሓስብ ዘለኻ ቅዱስ`ውን ፍለጦ፣ ንሓደ ንዓመታት ሱባኤ ዓጽዩ ዝነብር ዝነበረ ባሕታዊ ክትመስል እንተፈቲንካ ነታ ዘላትካ ንእሽቶ ጸጋውን ከይትስእና ተጠንቀቕ። ዓቕምኻ ፍለጥ። ብንእሽቶ ጀምር፣ **ነታ ብንእሽቶ ተኣሚንካ ኢኻ`ሞ ንዓ ቤት ኣቦይ ውረስ** ትብል ቃል ዘክራ። ካብ ማዓልቲ ንማዓልቲ ለውጢ እናምጻእካ ክትከይድ ጉቡእካ ምኳኑ ግን ዘክር።

ክቡር ሓወይ፣ ሓደ ነገር ከዘኻኽረካ ደልየ ኣለኹ። ንታሪኽ ቅዱሳን ከም ጥዑም ዜማ ተመሲጥካ ጥራይ ከይትሓልፎ ተጠንቀቕ። ብዙሓት ናብ ደረጃ ብቕዓት ዝበጽሑ፣ ንታሪኽ ናይቶም ካብኣቶም ብልጽ ዝበሉ ጠሚቶም ንዓኣቶም ክመስሉ ስለዝተጋደሉ እዮም። ነዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ሰልስተ ታሪኻት ተመልከተን።

❖ ናብ ቅዱሳን ዝጠመቱ ቅዱሳን

✓ ኣባ መቃርስ

ኣባ መቃርስ፣ ናብ በረኻ ከይዶም ባሕታውያን ክርእዩ ምስ ተገልጸሎም፣ እቲ ግልጸት ካብ ኣምላኽ ድዩ ወይስ ካብ ሰይጣን ንምርግጋጽ ንሓሙሽተ ዓመታት ሱባኤ ኣተዉ። ካብ ኣምላኽ ምኳኑ ምስ ኣረጋገጹ ከአ ናብ በረኻ ከዱ። ን 40 ዓመታት ብጸሎት ተጸሚዶም ዝነበሩ ክልተ ባሕታውያን ረኸቡ። ኣባ መቃርስ በቲ ዝርኣይዎ ተጋድሎ ዓቢ ቅንኢ ሓደሮም፣ ከማኻትኩም ክኸውን እንታይ እግበር ኢሎም ሓተትዎም። እቶም ባሕታውያን ድማ ከማና ክትከውን ናብዚ፣ ናባና ምጻእ በሎዎም፣ ኣባ መቃርስ፣ ኣብዩሑ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

መንፈሳውነት ቀስ ብቐስ ምዃኑ ስለዝፈልጡ ኣነስ ጌና ንስኻትኩም ዝበጻሕኩሞ ደረጃ ብቕዓት ስለዘይበጻሕክዎ ናባኻትኩም መጺአ ንስኻትኩም ትሰርሕዎ ክሰርሕ ኣይክእልን እየ በልዎም። በል ካብ ባዓትኻ ከይወጻእካ ጸሊሞ ከማና ክትከውን ኢኻ ኢሎም ኣፋነውዎም። ኣባ መቃርስ ናብ በዓቶም ምስ ተመልሱ፣ ንተማሃሮኦም ኣኪቦም “ **ኣነ ሓቀኛ መነኮስ ኣይኮንኩን፣ ሓቀኛታት ባሕታውያን ግን ኣምላኽ ኣርእዩኒ።**” በልዎም። ኣባ መቃርስ ነቲ ናይ ባሕታውያን ተጋድሎ እናዘከሩ ኣበርቲዖም ክጋደሉ ጀመሩ። እዛ ካባኻ ንዝበልጹ ርኢኻ ምቕናእ ከመይ ጽብቕቲ ይመስለካ። ንሳ ኢያኮ ኣብ ዕብየት ተብጽሕ።

ክቡር ሓወይ፣ ነቶም ካባኻ ብልጽ ዝብሉ ኣሕዋትካ ምኽሪ ካብ ምሕታት ኣይትቆጠብ፣ ሕተቶም፣ እቲ ንዓኣቶም ክሕይሉ ዝገበሮም መገዲ ክሕብሩኻ እዮም። ሓደራ፣ ኣዕሩኽተይ፣ ማሓዙተይ... እንድዩም እናበልካ ሸለል ኣይትበሎም። ምናልባት ገዲፎምኻ ደቂ መንግስተሰማይ ከይኮኑ ካብ እግሮም ኣይትትረፍ።

✓ ንጉስ ዳዊት

ንጉስ ዳዊት፣ ክብርን ስልጣንን ናይዛ ዓለም ዘየታለሎ፣ እግዚኣብሔር ባዕሉ`ውን “ ከም ልበይ” ኢሉ ንብቕዓቱ ዝመስከረሉ ሰብ እዩ። ሕጂ ድማ ኣብ ቦታ ዕረፍቲ ኮይኑ ነቶም መንግስተሰማይ ዝወርሱ እናዘመረ ይቕበሎም ኣሎ። ኣደናቒ ጵንዓት ! ንሓንቲ ግዜ ምንባብ ኣቋሪጽካ ተገረም፣ ግርም በል። ኣነን ንስኻን ኣብታ ዘይብልና ነዛ ሓላፊት ዓለም ዕሰልየ እናበልናላ እዚ ንግስነት ኣብ ኢዱ ዝነበሮ ሰብ ነዛ ዓለም ንዒቑ ነዚ ዓቢ ብቕዓት ክረክብ ከመይ ዘይትግረም ! ትግረም`ምበር። ምንባብካ ቀጽል። ሓደ ሕቶ ከልዕለልካ እየ፣ እዚ ከም ልበይ ዝተባህለ ንጉስ፣ ኣዒንቱ ካብዛ ዓለም ሓሊፉን ናብ መንግስተሰማይ ክጥምታ ዝኸኣላ ብሓገዝ መን`የን? ክደግመልካ እየ፣ ብሓገዝ መን እየን? ኣነባብራ በዓል ኣቦና ኣብርሃም፣ ይስሃቅ፣ ያዕቆብ ምጥማቱዶ ኣይኮነን !። ንሱ እንድዩ ደኣ ዝጠቕሞ። ካብ በዓል ኣብርሃም ዝወሰዶ መንፈሰዊ ሓይሊ እንተኔሩ “ **ኣብዛ ምድሪ፣ ከም ኩሎም ኣቦታተይ ስደተኛ እየ።**” ዝብል  እዩ። ለከ ንግስነቱ፣ ወርቁ ዘየታለሎ ኣብዛ ዓለም ስደተኛ እየ ይብል ስለዝነበረ እዩ።ለከ ኣብዛ ዓለም ስደተኛ ምዃኑ ስለ ዝኣመነዩ ንግስነት ዘየታለሎ። ኣየ`ዛ ንቅዱሳን ምጥማት ክትጽብቕ፣ ሓወየ ! ንቅዱሳንስ ጠምቶም ደኣ፣ ገድሎም፣ ታሪኾም ኣንብቦ። ኣንብቦሞ ርብሓሉ።

✓ ቅዱስ ጢሞቴዎስ

ቅዱስ ጢሞቴዎስ፣ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ወደ መዝሙር ኮይኑ፣ ንሕይወትን ኣነባብራን መምህሩ ዝወረሰ ንፉዕ ተማሃራይ እዩ ኔሩ። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ እናበለ ይምስክረሉ፣ “ ንስኻ ግን ንትምህርተይ፣ ኣነባብራይ፣ ዕላማይ፣ እምነተይ፣ ትዕግስተይ፣ ፍቕረይ፣ ጵንዓተይ፣ ስደተይ፣ መከራይ ስዓብካ።” (2ይ. ጢሞ. 3፥10-11)

ሕጂ፣ ናብታ ኣቐድም ኣቢለ ዝሃብኩኻ ምኽሪ ከመልሰካ እየ። ንዓኣ ክትጥቀመላ እንተኺኢልካ ንቅዱስ ጢሞቴዎስ ክተምስለካ ኢያ። ከምዚ እየ ኢለካ ኔረ፣ **ሓንቲ ታሪኽ ኣንብብ`ሞ፣ ነቲ ኣብኣ ዘሎ ስነ-ምግባራት ኣብ ወረቐት ጽሓፎ፣ ብድሕሪ`ዚ ንነብስኻ ኣነኸ ኣበይ ኣለኹ ኢልካ ሕተታ።** ነዘን ቅዱስ ጢሞቴዎስ ካብ ቅዱስ ጳውሎስ ወሪስወን ዘሎ`ሞ ደጊምካ ርአየን፣ ሓደ ብሓደ ርአየን፣ ልክዕ ንስኻውን

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ከምኡ ጌርካ ዘርዝረን። ካብዚ ቅዱስ እንታይ ወሪሰ እናበልካ ነተን ኣብ ወረቐት ዝዘርዘርካየን በብሓደ ርኣየን። ከመይ ጌርካ ነዛ መስርሕ ክትፍጽማ ከምዘለካ ቁሩብ ኣብነት ሂበ ክርእየካ እየ። ስዓበኒ፡-

❖ ኣብ ምምጽዋት ክትሕይል ነዞም ቅዱሳን ጠምቶም

ሰሪሕካ መነባብሮኻ ትመርሕ ብምኽንካ ክቡር ኢኻ። ሃካይ ኣይኮንካን፣ ብኾፍካ መንኮን ይረድኣኒ ይኸውን በሃላይ ኣይኮንካን፣ ሰሪሕካ ትኣቱ ሰብ ኢኻ። ኣምላኽ ከኣ ነቶም ጽዒሮም እንጌርኦም ዘርጉዱ ሰባት ኣመናዊ ዘፍቅሮም፣ እንቋዕኳ ነዚኣቶምስ ጥዕና፣ ኣእምሮ፣ ሓይሊ፣ ኣካላት ሃብክዎም ከኣ ይብል። ክቡር ሓወይ፣ ሰሪሕካ ትኣቱ ብምኽንካ ብኣምላኽ ፍቱው ኢኻ። እንተኾነ ግን ሓወይ፣ ከማኻ ህርኩታት ዘይኮኑ ኣብ ከባቢኻ ዝነብሩ ሰባት ኣለዉ፣እንተስ ብቐቡል ምኽንያት እንተስ ብትህኪቶም ረድኤት ካባኻ ዝጽበዩ ሰባት ኣለው። እንተስ ንበረኸት እንተስ ንመርገም ኣብ ጥቓኻ ይነብሩ ኣለዉ። ራህሪህካ እንተመጽወትካሎም በረኸት፣ ጨኪንካ እንተነፈግካሎም መርገም ኣብ ርእስኻ ኣለዋ። እዚ ካብኮነ፣ ንምምጽዋት ኣቓልቦ ክትገብረላ ግድን እዩ። ቅዱሳን`ውን ነዚ ሓቂ ሓቂ`ዩ ኢሎም ስለዝኣመንሉ እዮም ንምምጽዋት ከም ናይ ማዓልታዊ ስርሖም ሰሪሖምላ ዝሓለፉን ዝሰርሑላ ዘለዉን።

ቅዱሳን፣ እዘን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ሰማያውያን ቃላት ኣብ ልዕሌኦም ከይፍጸማ ተጠንቂቖም`ዮም ሓሊፎመን። ንስኻውን ተጠንቀቐለን። ቀስ ኢልካ ኣንብበን፣ ደጋግመን፣ ንነብስኻ ሓራ ክትገብራ ተቓለስ። እነህዋ፡-

❖ “ ኣቱም ሃብታማት በቲ ዝመጽኣኩም ዘሎ መከራ ዋይ ዋይ እናበልኩም ብኸዩ። ወርቅኹም መሪቱ፣ ክዳንኩም ሓመድ በሊዕዎ...።”(ያዕ. 5፥1) እዚ መጠንቀቕታዚ ነቶም ንድኻታት ዘይምጽዉቱሎም እዩ።

❖ “ ካብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዘይገበርኩሙሉ ንዓይ ከምዘይገበርኩምለይ እዩ`ሞ ኪዱ ካባይ ርሓቑ፣ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን ዝተዳለወ ገሃንም እተዉ።”(ማቴ. 25፥45) ክቡር ሓወይ፣ ሓደገኛነት ናይ ዘይምምጽዋት ርአዮ።

❖ “ ...እቲ እኩይ ኣገልጋሊ ግና ብልቡ ጎይታይ ክድንጉ እዩ ኢሉ ይሓስብ እሞ ነቶም ብጾቱ ኣገልገልቲ ኪወቕዖም ይጅምር፣ ምስ ሰኸራማት ድማ ይበልዕን ይሰትን። ጎይታ እቲ ኣገልጋሊ ብዘይተጸበያ መዓልትን ብዘይ ፈለጣ ስዓትን መጺኡ ብዘሰቅቕ ሞት ይቐጽዖ።” (ማቴ. 24፥48-50) ኣብዚ እኩይ ኣገልጋሊ ተባሂሉ ዘሎ እቲ ሃብታም ክነሱ ንድኻታት ዘይምጽዉት እዩ። ብጾቱ ኣገልገልቲ ተባሂሎም ዘለዉ ድማ እቶም ድኻታት እዮም። ክወቕዖም ይጅምር ማለት ብሓለንጊ ጥሜት ይሃርሞም ማለት እዩ። ምስ ሰኽራማት ይበልዕን ይሰትን ተባሂሉ ዘሎ እቲ ንድኻታት ክህቦም ዝግበኦ ይሰኽረሉን ይዕንድረሉን ማለት እዩ፣። ዕድል ናይዚ ሃብታም እዚ ድማ ዘስኻሕክሕ ሞት እዩ። ስለዚ ሓወይ፣ ካብዚ መርገም እዚ ነብስኻ ኣድሕና።

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- ❖ እቲ ነውየ ዝበሃል ሃብታም ሰብኣይ ኣብ ልዕሊ`ቲ ድኻ ዝነበረ ኣልኣዛር ብዘርኣዮ ጭካነ፣ ገሃንም ተፈሪዱስ ንስኻ ኣብ ምድሪ ሓጎስካ ወዲእካ ኢኻ ሕጂ ድማ ኣብኡ ተሳቐ ተባሂሉ ተፈሪዱ እዩ። (ሉቃ. 18፥19-32)

- ❖ እቶም ሕድገት ሓጢኣት ክረኽቡ ኢሎም ንዮሃንስ መጥምቅ፣ " ንሕና ህዝቢ ክንድሕን እንታይ ንግበር? " ኢሎም ዝሓተቱ፣ ዝተዋህቦም መልሲ " እቲ ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ፣ እንጌራ ዘለዎ ድማ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ ።" ዝብል እዩ ነይሩ።(ሉቃ. 3፥11) ንድኻታት ምምቃል ልመድ።

- ❖ እቶም እዚ ኩሉ ጾይምናን ጸሊናን ንነብስና ኣዋሪድናስ ስለምንታይ እግዚኣብሔር ዘይሰምዓና ኢሎም ዝኸሰሱ እስራኤላውያን ዝተዋህቦም መልሲ፣ " … ንዝጠመየ ካብ እንጌራኻ፣ ንዝዓረቐ ድማ ካብ ክዳንካ ምቕሎ። " ዝብል እዩ ነይሩ። (ት.ኢሳ. 58፥)

ክቡር ሓወይ፣ ነዘን ቃላት ሽለል ኣይትበለን፣ እዞም ቀጺሉ ሂበካ ዘለኹ ቅዱሳን በዘን ቃላት ተመሪሖም እዮም ኣብ ጽድቂ በጺሖም። ጠምቶም፣ ጠምቶም`ሞ ስዓቦም።

✓ ገብረክርስቶስ መርዓዊ

ገብረክርስቶስ፣ ሃገሩ ቁስጥንጥንያ ክኸውን ከሎ ካብ ፈራህቲ እግዚኣብሔር ዝኾኑ ወለዲ(ነገስታት) ዝተወለደ እዩ። ወለዱ፣ ካብ ህጻንነቱ ሕጊ እግዚብሔር እናምሃሩን ናብ ቤት ኣምላኽ ምስኦም እናወሰዱን ስለዘዕበይዎ፣ ፍርሃት እግዚኣብሔር ሓደሮ። ነዛ ዓለም ንዒቑ ናይ ምምናን ድሌት ድማ ሓደሮ። ይኹን እምበር ድሕሪ ነዊሕ መብጽዓ ዝተረኽበ ውላድ ብንባሩ ወለዱ ምስ ሓሳቡ ክሰማምዑ ኣይከኣሉን፣ ንግስነት ትቕበል ንስኻ ኢኻ፣ ብዘዕባ ንኣምላኽ ምግልጋል ከኣ ተመርዒኻ ግብሪ ጽድቂ እናገበርካ ክተገልግሎ ኢኻ ኢሎም ከረድእዎ ፈተኑ። ገብረክርስቶስ ንወለዱ ንምሕጓስ ሕራይ በሎም። ተመርዓወ ከኣ። ኣብታ ቀዳመይቲ ማዓልቲ፣ ግብረ ስጋ ከይገበሩ፣ ብዛዕባ መንግስተሰማያት ምሂሩ ኣብዛ ዓለም ካብ ንጨማለቕ ድንግልናና ሓሊና ብንጽህና ንንበር ኢሉ ለመና፣ ንሳ ድማ ምስ ሓሳቡ ተሰማመዐት። ገብረክርስቶስ ንሰበይቱ ተፋንዩ ፍርቂ ለይቲ ካብ ገዝኡ ወጽአ፣ ናብ ኣርመንያ ድማ ከደ። ኣብ ኣርመንያ ነዚ ናይ ምምጽዋት ልምዲ ኣደናቒ ብዝኾነ መልክዕ ክሰርሓሉ ጀመረ። ቀትሪ ተሸፋፊኑ ምስቶም ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ዝለምኑ ክልምን ይውዕል`ሞ ምስ መሰየ ነቶም ድኻታት ይምጽውተሎም።ከምዚ እናገበረ፣ ለሚኑ ንለመንቲ እናሃበ ን 15 ዓመታት ተቐመጠ።

ክቡር ሓወይ፣ ብምስትንታን እሞ ኣንብባ። ምጽዋት ክሳዕ ክንደይ ዓባይ ስለዝኾነት እዩ ክሳብ ለሚኑ ንለመንቲ እናሃበ ን15 ዓመታት ዝተቐመጠ። ገብረክርስቶስ ናይ ምምጸዋት ጥቕሚ ብዝግባእ ዝተረድአ ጻድቕ ሰብ እዩ። ንሱ ነዘን ዝስዕባ ሰማያውያን ቃላት እናዘከረ ይነብር ከምዝነበረ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

- ❖ " እቲ ንድኻ ዝሓልየሉ ብጹእ እዩ። እግዚኣብሔር ካብ ሽግሩ ከናግፎ እዩ።" (መዝ. 41፥1)

- ❖ " ምጽዋትካ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዓሪጉ ኣሎ።"(ግሃ. 10፥4)

- ❖ " ምጽዋት ብዝሒ ሓጢኣት ትድምስስ ኢያ።" (ሲራ. 3፥30)

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- " ፍጹም ክትከውን ዘለካ ሸይጥካ ንድኻታት ሃብ።" (ማቴ. 19፥21)
- " እንጌራኻ ናብ ውሽጢ ባሕሪ ኣእትዎ፣ ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ክትረኽቦ ኢኻ።" (መክ. 11፥1) ኣብዚ፣ ባሕሪ ተባሂሉ ዘሎ ከርሲ ድኻታት እዩ። ናብ ባሕሪ ኣእትዎ ምባሉ፣ ናብ ባሕሪ ዝኣተወ እንጌራ ከምዘይትረኽቦ ናብ ከርሲ ድኻታት ዝኣተወ እንጌራውን ኣይትረኽቦን ኢኻ(ድኻታት ክመልሱልካ ዓቕሚ የብሎምን።) ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ክትረኽቦ ኢኻ ማለት ድማ ኣብ ማዓልቲ ፍርዲ ጠምየ ኣብሊዕካኒ ኢሉ ዓስብኻ ክህበካ እዩ ማለት እዩ።
- " .. ነዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ዝገበርኩምሎም ንዓይ ከም ዝገበርኩምለይ እዩ።" (ማቴ. 25፥40) ዝኸበርካ ኣንባቢ እዘን ቃላት እናርኣኻ ከመይ ኢልካ ኣብ ልዕሊ ድኻታት ክትጭክን ትኽእል። እስከ ከምቲ ናይ ገብረክርስቶስ መርዓውዊ እናለመንካ ንለመንቲ ምሃብስ ይበርትዕካ፣ ካብታ ዘላትካ ንእሽቶ ምክፋልከ? እስከ ሕጂውን ነዞም ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ቅዱሳን ተመልከቶም፦

✓ ኣውሎጊዮስ

ኣውሎጊዮስ እምኒ ሰቢሩ ብምሻጥ ዝናበር ጻድቕ ሰብ እዩ ኔሩ። ንሱ፣ ካብቲ ሸይጡ ዝረኸቦ ገንዘብ፣ ንናይ ዕለት መግቡ ኣትሪፉ፣ ኩሉ ንድኻታት ይምጽውተሎም ነበረ።

✓ ኣባ ኤፍረም

ኣባ ኤፍረም ንውዳሴ ማርያም ዝደረሱ ብቑዕ ኣቦ እዮም። እዞም ኣቦ፣ ስርሓት መሬት ዝኾነ ከም ዕትሮ፣ ጀበናት፣ ጻሕሊ እናሽጡ ይናበሩ ነበሩ። ካብቲ ዝረኸብዎ ሽያጥ ንናይ ዕለት መግቦም ኣትሪፎም ኩሉ ንድኻታት ይምጽውትሎም ነበሩ።

✓ ዮሃንስ ጻድቕ

እዞም ኣቦ ብሃብቶም ዝተፈልጡ ነበሩ። እቲ ንድኻታት ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ሳንዱቕ መሊኦም መፍትሕ ከይዓጸዉ የቐምጥዎ ነበሩ። ጽጉማት መጺኦም ኣለቃሓና እንተበልዎም ካብቲ ሳንዱቕ ዘድልየኩም ውሰዱ ይብልዎም። እንተመለስሎም ንኻልእ መታን ክኸውን ይቕበልዎም እንተዘይመልሱሎም ግን ነቲ **"ካብ ዘለቃሕካዮ ተመሊስካ ኣይትድለ።"** ዝብል ቃል ወንጌል ንምፍጻም ሃቡኒ ይብሉ ኣይነበሩን።(ስራሕ ቅዱሳን ከምዚከ ኣሎ ድዩ እዩ ዘብል፣ ከምኡ እንተዘይከውን ገበርቲ መንከር ኣይምተባህሉን።)

እምበኣር ክቡር ኣንባቢ፣ ነዚ ሂበካ ዘለኹ ታሪኻት ኣይትረስዓዮ። ኣብ ምጽዋት ክትሕይል ነዞም ዝሃብኩኻ ቅዱሳን ጠምቶም፣ ጠምቶምሞ ስዓቦም።

➢ ብሓጢኣተኛታት ከይትቐንእ ነዞም ቅዱሳን ጠምቶም

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣብ ገዛኻ፣ ናይ ስራሕ ቦታኻ፣ ቤት ትምህርቲ.... ግብሪ ሓጢኣት ዝፍጽሙ ሰባት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ፣ ክትርኢ ኢኻ ድማ። ካብዚ ሓሊፍካውን ተመን ዝኾኑኻ ክትረክብ ኢኻ፣ ኮረሻ ሰይጣን ኮይኖም ካብዛ ፍረ በለስ ብላዕ፣ ሓንቲ ኣይትገብረካን ኢያ፣ ምስ ጠዓምካያ እዚ ኩሉ ኣበይ ተሓቢኡኒ ጸኒሑ ክትብል ኢኻ እናበሉ ሓባቢሎም ካብ ኣምላኽካ ክፈልዩኻ ዝቃለሱኻ ክትረክብ ኢኻ።ንስኻ ግን፣ ከምታ ኣብ ጸልማት ተብርህ ሽምዓ ኬንካ ደኣ ናብ ብርሃን ስሓቦም'ምበር ብኣኣቶም ኣይትቕናእ። እዞም ሰባት ሓጎስ ዘስተማቕሩ ዘለው ከይመስለካ፣ ነዛ ናይ ጎይታ ቃል'ሞ ስምዓያ፣ “ **ኣቱም ሕጂ እትስሕቁ ክትበኽዩን ክትሓዝኑን ኢኹም'ሞ ወይልኹም።**”(ሉቃ. 6፥25) ክቡር ሓወይ፣ ብኽያት ዝወልድ ሓጎስ እንተዘየስተማቐርኩ ኢልካ ኣይትሕመም፣ ንስኻስ ነቶም “ **ንጻድቕ ግን ፍረ ጽድቕኻ ክትበልዕ ኢኻ'ሞ ተዓዊትካ በልዎ።**” ተባሂሉ ዝተነግረሎም ቅዱሳን ቅናእ።(ት.ኢሳ. 3፥10) ኣብዝሃለኻ ሃሉ ግብሪ ሓጢኣት ዝገብሩ ሰባት ክትርኢ ከለኻ፣ ነዞም ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ቅዱሳን ጠምቶም። ንሳቶም ኣብ መንጎ ሓጢኣተኛታት እናተቐመጡ ብሓጢኣተኛታት ከይቀንኡ ነዛ ዓለም ዝሰዓሩ እዮም። እነህው፡-

✓ ጻድቕ ሎጥ

ሎጥ ምስ ኣቦና ኣብርሃም ካብታ ስፍራ ጥዖት ዝነበርት ምድሪ ካራን ወጺኡ ናብ ከንኣን ዝኣተወ ኣቦ እዩ። ኣብዛ ምድሪ ከኣ ምስ ኣቦና ኣብርሃም ብሞጓሰ ክነብሩ ጀመሩ። ድሕሪ ግዜ ግን ኣብ መንጎ ጓሶት ኣብርሃምን ሎጥን ባእሲ ተፈጥረ፣ እዚ ባእሲዚ ካብቶም ጓሶት ሓሊፉ ናብ ኣብርሃምን ሎጥን ከይልሕም ኣስጋኢ ኮነ። ኣቦና ኣብርሃም ነቲ ኩነታት ብምጽናዕ ካብ ሎጥ ክፈላለዩ ወሰነ፣ ንሎጥ ጸዊዑ ድማ ዝመረጽካዮ ቦታ ውሰድ'ሞ ንፈላለ በሎ። ሎጥ ነታ ንምርኣያ ደስ ተብል ዝነበረት ልምዕቲ ቦታ፣ ምድሪ ሶዶምን ጎሞራን መረጸ። ኣብኣ ከኣ ክቕመጥ ጀመረ። ይኹን'ምበር ተቐማጦ ናይዘን ከተማታት መምለኺቲ ጣዖት፣ ዘመውቲ፣ ሰኽራማት ብምንባሮም ንጻድቕ ሎጥ ዓቢ ብድሆ ኮኖ። ከምቲ ቅዱስ ጴጥሮስ “ እቲ ጻድቕ፣ መዓልቲ ማዓልቲ ኣብ ማእከሎም ኪነብር ከሎ፣ በቲ ዚርእዮን ዚሰምዖን ዝነበረ ግብሪ ዓመጻኦም፣ እታ ጻድቕ ነፍሱ ትሳቐ ነበረት።” ኢሉ ዝመስከረሉ፣ ምስኣቶም ምንባር ኣጨነቖ። ሎጥ፣ ኣብ ግብሪ ሓጢኣቶም ከይጽንበር ጽኑዕ ውሳነ ገበረ። ንበይኑ ከኣ ብጽድቂ ይቕመጥ ነበረ። ከም ውጽኢቱ ከኣ እቶም ህዝቢ ካብ ሰማይ ብዝወረደ ሓዊ ክቃጸሉ ከለው፣ ሎጥ ግን ድሓነ።

ተመልከት መወዳእታ ሓጥኣን ! ነዚ እዩ ከኣ ንጉስ ዳዊት፣ “ **...ኣብ መቕደስካ ኣተኹ፣ ንሓጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦም ከኣ ተረዳእኩ።**” ዝበለ።(መዝ. 73፥17) መወዳእታ ሓጥኣን ብእሳት ምቕጻል እዩ። መወዳእታ ሓጥኣን እዚ ካብ ኮነ፣ እንታይ ዘቕንእ ኣለካ።እቲ ኣብ ሲኦል ኣትዩ ብዛዕባቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ሓጥኣን ኣሕዋቱ ዝለመና ልመና ከዘኻኽረካ፣ “ **ሓሙሽተ ኣሕዋት ኣለውኒ'ሞ ናብዚ ኣነ ዘለኹዎ ስፍራ ስቓይ ከይመጽኡ ንኣልኣዛር ልኣኸሎም።**” ተመልከት ! ንስኻ ኣብዚ ኬንካ ብሓጥኣን ትቕንእ እቶም ከይተነስሑ ሞይቶም ሲኦል ዝኣተው ድማ በቶም ኣብ ሕቑፊ ኣቦና ኣብርሃም ኮይኖም ዝሕጎሱ ቅዱሳን ይቕንኡ። ንታሪኽ ነውየን ኣልኣዛርን ኩሉ ግዜ ዘክራ።(ሉቃ. 16፥19-31)

❖ ብሓጥኣን ከይትቕንእ ጸቒጥካ ክተንብበን ዘለካ ጥቕስታት

- “ በቶም ገበርቲ እከይ ኣይትቕናእ፣ ንሳቶም ከም ሳዕሪ ቀልጢፎም ክነቕጹ፣ከም ልምሉም ቆጽሊ ከኣ ክጽምልው እዮም።” (መዝ. 37፥1)

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- " እቲ ንዑቕ ጽዩፍ ኮይኑ ዝረኣዮ ሰብ ብጹእ እዩ።" (መዝ. 15)

- " ክፉኣት ሰባት ግን ክጠፍኡ እዮም። ጸላእቲ እግዚኣብሔር ድማ ከም ዕምበባ መሮር ኪቕህሙ እዮም።" ሕጊ እግዚኣብሔር ዝጥሕሱ ጸላእቲ እግዚኣብሔር እዮም።

- " ኣብ መቕደስካ ኣተኹ ንሓጥኣን ኣብ መወዳእታ እንታይ ከምዝረኽቦም ከኣ ተረዳእኩ።"(መዝ. 73፥17)

- " ነቶም... ንወንጌል ጎይታና እየሱስ ክርስቶስ ዘይእዘዝዎ ብሃልሃልታ ሓዊ ሕነ ክፈድዮም እዩ።" (2ይ. ተሰ. 1፥8)

- " ንስኻ ኣብ ምድሪ ሓጎስካ ወዲእካ ኢኻ፣ ሕጂ ኣብኡ ተሳቐ።" ሉቃ. 16፥25)

❖ **ተርክበሉ ኢኻ፣ ቀስ ኢልካ ትንሳሕ ክብለካ ከሎ ሕሊናኻ ነዘን ዝስዕባ ጥቕስታት ዘክረን**

  - " ከምቲ ብቕድሚ ማይ ኣይሂ ዝነበረ ክሳዕ`ታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣትወላ ማዓልቲ ኪበልዑን ክሰትዩን ከውስቡን ክዋሰቡን ዝጸንሑ`ሞ ማይ ኣይሂ መጺኡ ንኹሎም ክሳዕ ዘጥፍኦም ዘይፈለጡ፣ ምጽኣት ወዲ ሰብ ድማ ልክዕ ከምኡ ክኸውን እዩ።" (ማቴ. 24፥ 38-39) ኣለኹ እናበልካ ኣምላኽ ክጽዋዓካ እዩ።

  - " ኣታ ዓሻ በዛ ለይቲ እዚኣ ንነብስኻ ካባኻ ፈልዮም ክወስድዋ እዮም እሞ እዚ ዝደለብካዮ ሃብቲ ደኣ ንመን ክኾነካ እዩ።" (ሉቃ. 12፥20)

  - " እታ ማዓልቲ እቲኣ ብሃንደበት ከይትመጽኣኩምሲ፣ ብስሰዐን ብስኽራንን ብሓልዮት ናብራ`ዛ ዓለም ልብኹም ከይከብድ፣ ንነብስኹም ተጠንቀቑ።"(ሉቃ. 20፥34)

➢ <u>ንሰባት ከይትሓሚ(ከይትፈርድ) ነዞም ቅዱሳን ጠምቶም</u>

ሕሜታን ምፍርራድን ኣብ ሓደ ክርስቲያን ክርአ ዘይግበኦ ክፉእ ኣመል እዩ። ሓደ ክርስቲያን ሰባት ከጉድሉ ምስ ዝርእዮም ኣብነጾም ከእርሞም እምበር ብድሕሪኦም እከለ ከምዚ`ዩ ኣመሉ እከሊት ከምዚ`ዩ ጠባያ እናበለ ክወቕሶም ኣይግባእን። ከእርሞም ከሎ`ውን ህድእ ኢሉ ደኣ ክኸውን ኣለዎ`ምበር ሕሊናኦም ክሳዕ ዝዓርቦም ክድህሎም ኣይግባእን። እቲ ዕላማ፣ተኣሪሞም ከምዝምለሱ ንምግባር`ምበር ኣባህሪርካ ከምዝርሕቁ ክኸውን ኣይግባእን። ቅዱስ ጳውሎስ ከመይ ጌርካ ክትአርም ከምዝግባእ ክመክር ከሎ ከምዚ ይብል፣ " **ሓደ ካባኻትኩም ኣብ በደል እንተተረኽበ ንስኻትኩም ከም መንፈሳውያን መጠን ህድእ ኢልኩም ኣረድእዎ።**" (ገላ. 6፥1)

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ነቶም ኣብ ውራይ ተዓዲሞም ዝመጽኡ ሰባት፣ ኣብ ጽብቕ ዝበለ ኮፍ መበሊ ኮፍ ንምባል ክቀዳደሙ ምስ ርኣዩም፣ ኣብ ገጾም ደኣ ኣረሞም እምበር ብድሕሬኦም ኣይሐመዮምን። ከምዚ ብምባል ከኣ ይእርሞም፣ " ሓደ ሰብ እንተዓደመካ፣ ካባኻ ዝበልጽ ሰብ ዓዲሙ

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ከይከውን ኣብ ትሕት ዝበለ ደኣ ኮፍ በል እምበር ኣብ ልዕል ዝበለ ኮፍ ኣይትበል።” ነቲ ዋና ገዛ`ውን ንድኻታት ገዲፉ ንሃብታማትን ጎረባብቱን ጥራይ ከም ዝዓደመ ምስ ርኣዮ፣ “ ውራይ እንተገበርካ፣ ንሓንካሳትን ድኻታትን ደኣ ጸውዕ`ምበር ንሃብታማትን ጎረባብትኻን ኣይትጸውዕ ብምባል ደኣ ኣብ ቅድሚ ገጹ መኸሮ`ምበር ብድሕሪኡ እዚ ዋና ገዛ ከምዚ ገበረ ኢሉ ኣይሓመዮን። ንስኻውን ዝሓወይ ነታ ጎይታ “ **ካባይ ተማሃሩ።**” ዝበላ ቃል እናዘከርካ፣ ከምዛ ጎይታ ዝገበራ ተቢዕካ ኣብ ቅድሚ ገጾም ምኽሮም`ምበር ኣይትሕመዮም። ከደግመልካ፣ ሕሜታ ኣብ ሓደ ክርስቲያን ክርአ ዘይግበኦ ክፉእ ኣመል እዩ። ነዝን ካልእን ምስ ርኣየ እዩ ከኣ ቅዱስ ጳውሎስ፣ “ **እዚ ኣብ ክርስቲያን ክርአ ኣይግበኦን እዩ።**” ዝበለ።(፩ይ. ቆሮ. 7፥1) ኣብታ ቅዱስ ጴጥሮስ ጉድለት ዝፈጸመላ ግዜ`ውን ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ቅድሚ ገጹ ደኣ ኣረሞ`ምበር ብድሕሪኡ ምስቶም ካልኦት ሃዋርያት ኮይኑ ጴጥሮስ ዝገበረ... እናበለ ኣይሓመዮን። ነታ ቃሉ`ሞ ስምዓያ “ ....ንጴጥሮስ ኣብ ቅድሚ ኩላቶም፣ ንስኻ ኣይሁዳዊ ክሎኻ ከም ኣይሁድ ዘይኮነስ ከም ኣህዛብ ካብ ትነብር፣ ከመይ ኢልካ ደኣ ነቶም ኣሕዛብ ከም ኣይሁድ ክነብሩ ተገድዶም ኣለኻ? በልክዎ።” ( ገላ. 2፥11-14) ክቡር ሓወይ፣ ነዛ ባህሪ ባህርኻ ግበራ። ተቢዕካ ፊት ንፊት ደኣ ተቓወም`ምበር ፈጺምካ ኣይትሕመ። ሰብኣይ ኩን። እዛ ዘይምሕማይ፣ እዛ ዘይምፍራድ ከመይ ምንጪ በረኸት ይመስለካ፣ ነዝን ቀጺለ ሂበካ ዘለኹ ክልተ ታሪኻት`ሞ ተመልከተን። ተመልከተን`ሞ ስዓበን።

✓ መነኮስ

“ *ኣብ ማንም ኣይፈረድኩን`ሞ እግዚኣብሔር ኣይፈረደንን።*” እዞም ኣቦ ካብቶም ኣብቲ ገዳም ዝነብሩ መነኮሳት ብጾም፣ ጸሎት፣ ካልኦት ትሩፋትን ድኽም ዝበሉ ነበሩ። በዚ ከኣ በቶም ተቐመጥቲ ናይቲ ገዳም ይንዓቑ ነበሩ። ዘይጽሊ ዘይጸውም እንተኾይኑ እንታይ ክገብር ናብዚ ገዳም ይመጽእ ናብ ዓለም ዘይምለስ እናበሉ ይሓምይዎም ነበሩ። እዞም ኣቦ ነዚ ኩሉ ሕሜታታት ይግባኣኒ እዩ እናበሉ ይቕበልዎ ነበሩ። ሓደ ማዓልቲ ከቢድ ሕማም ሓመሙ`ሞ እቶም መነኮሳት ክርእይዎም ተኣከቡ። ናብ ገጾም እንተጠመቱ ከኣ ኣገራሚ ትርኢት ርኣዩ። ገጾም ከም ጽሓይ በሪሁ ገጾም ሓጎስ ዓሲልዎ ርኣይዎም፣ እቶም መነኮሳት ነዚ ምስ ርኣዩ ኣዝዮም ተደነቑ። ቀሪቦም ከኣ “ **ኣባ፣ እዚ ጸጋ`ዚ ከመይ ኢሉ ተዋህበኩም** ” በልዎም። እቶም ኣቦ፣ ነዛ ባህ ተብል መልሲ መለስሎም፣ “ **ኣቦታተይ ዋላኳ ብጾምን ጸሎትን ንፉዕ እንተዘይኮንኩ፣ ኣብ ማንም ፈሪደ ኣይፈልጥን እየ`ሞ እግዚኣብሔር ከም ድኻመይ ኣይፈረደንን። እዚ ጸጋ`ዚ ንሰባት ብዘይምፍራደይ ዝተዋህበኒ እዩ።**” ክቡር ሓወይ፣ ኣብ ሰባት ዝርኣኻ ርአ ዝሰማዕካ ስማዕ ፈጺምካ ኣይትፍረድ፣ ፈጺምካ ኣይትሕመ። ንስኻስ ነቲ ዝረኣኻዮ ጉድለታት ፊት ንፊት ደኣ ኣርም።

ሕጂ ሓንቲ ኣገራሚት ታሪኽ እየ ክህበካ፦

✓ <u>ባሕታዊ</u>

“ ንብጻዮም ብምፍራዶም ዝነበሮም ጸጋ ተገፈፈ፣ ተነሲሖም ናይ ምፍራድ ጠባይ ምስ ኣወገዱ ጸጋኦም ተመልሰሎም።”

እዞም ኣቦ ኣብ ሓደ ገዳም ምስ መነኮሳት ክቕመጡ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ናይ ሓደ ሓደ መነኮሳት ጠባይ ደስ ስለዘይበሎም ብብሕትውና ንምንባር ወሰኑ፣ ናብ ርሑቕ ዝበለ በረኻ ከኣ ከዱ። ብብዙሕ ጾምን ጸሎትን ብኸቢድ ተጋድሎን ክሳዕ ዝለዓለ ናይ ብቕዓት ደረጃ በጽሑ።ኣብ እዋን ጸሎቶም ኣብ ተመስጦ ይኣትው`ሞ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

፣ ገጾም ከም ጸሓይ በሪሁ ኣብ የማን ጎይታ ጻዕዳ ልብሲ ለቢሶም ኮፍ ኢሎም ይርኣዮም። እዚ ራኢ እዚ ኩሉ ግዜ ዝርኣዮም ራኢ እዩ ነይሩ።

ሓደ ማዓልቲ ግን ሓደ ካብቶም መነኮሳት ከበጽሕዎም መጹ። ክርስቲያናዊ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ከኣ ከዕልሉ ጀመሩ።

<u>ባሕታዊ፡-</u> ኣባ እከለ ከመይ ኣለው

<u>መነኮስ</u> ፡- ጽቡቕ ኣለው፣ ኣብ ዓቢ ብቕዓት በጺሖም።

<u>ባሕታዊ</u> ፡- ኣባ እከለኸ?

<u>መነኮስ</u> ፡- ንሶም`ውን ኣብ ብቕዓት በጺሖም

<u>ባሕታዊ</u> ፡- ኣንታ ወዮም ኣባ እከለኸ እቲ ሕማቕ ጠባዮም ገዲፎም`ዶ?

<u>መነኮስ</u> ፡- ኣባ እከለ`ሞ ካብ ኩሉ ዝበቕዑ እዮም ኮይኖም ዘለው። ብጸሎቶም ገዳም ሒዞማ ኣለው።

<u>ባሕታዊ</u> ፡- ነዚ ቃል ምስ ሰምዑ ኣዝዮም ተቐጥዑ፣ ኣባ እከለስ ኣብ ብቕዓት በጺሖም ክትብለኒ፣ ምስቲ ዝነበሮም ኩፉእ ኣመል ከመይ ጌሮም`ዮም ኣብ ብቕዓት ዝበጽሑ፣ እናበሉ ነጸግዎ። ድሕሪ ነዊሕ ዕላል ከኣ ተፈላለዩ።

እዞም ባሕታዊ ከም ልማዶም ናይ ጸሎት ሰዓቶም ምስ ኣኸለት ንጸሎት ደው በሉ፣ ኣብ ተመስጦ ኣተው፣ ሓደ ዘሰንብድ ራኢ ከኣ ርኣዩ፣ እቲ ከም ጽሓይ በሪሁ ዝራኣዮም ዝነበረ ገጾም ጸልሚቱ፣ እቲ ዝለብስዎ ዝነበሩ ጻዕዳ ልብሲ ካብ ነብሶም ተገፊፉ፣ ኣብ የማን ጎይታ ደው ኢሎም ዝርኣዮም ዝነበረ ንበይኖም ደው ኢሎም ተራእዮም። በዚ ከኣ ኣዝዮም ሓዘኑ። ነብዑ። እንታይ`ዩ በደለይ ኢሎም ንነብሶም ሓተቱ፣ ድሕሪ ነዊሕ ምውራድን ምድያብን ከኣ እታ ኣብቲ መነኮስ ዝገበርዋ ፍርዲ ምዃና ተረድኦም። ምእንቲ እዛ በደል ንሸውዓተ ዓመት ነብሶም እናቐጽዑ ተነስሑ። ድሕሪ ሾውዓተ ዓመት ከም ቀደሞም ገጾም ከም ጽሓይ በሪሁ፣ ጻዕዳ ልብሲ ለቢሶም ኣብ የማን ጎይታ ደው ኢሎም ተራእዮም።ብድሕሪዚ ነዛ ምሕማይ ወይ ምፍራድ ከም ሓዊ ፈርሕዋ።

ክቡር ሓወይ፣ ናይ ሕሜታን ምፍርራድን ሓደገኛነት ተመለከቶ። ክቡር ሓወይ ዋላኳ ሰባት ንሕሜታ እንተደፋፍኡኻ ነዚ ታሪኽ እናዘከርካ ብልሳንካ ከይትስሕት ተጠንቀቕ።ነዛ ጸሎት ኩሉ ግዜ ጸልያ፣ **“ እ ! ኣምላኸይ ንኣፈይ ሓላዊ ግበረሉ።”** (መዝ. 141፥3)

<u>መጠቓለሊ ናይ`ዛ ምዕራፍ</u>

ኣብዛ ዘለኻያ ዓለም ብዙሓት ናይ ሓጢኣት ተገዛእቲ እኳ እንተሃለው ብዙሓት ናይ ጽድቂ ተገዛእቲ ምህላዎም ኣይትረስዕ። ብዙሓት ጀሚሮም ዘቋረጹ እኳ እንተሃለው፣ ብዙሓት ክሳዕ ዕለተ ሞቶም ዝጸንዑ ምህላዎም ዘክር።እቲ ሕቶ ንመን ትጥምት እዩ። ነቶም ኣለና ዝብሉ ወይስ ነቶም ኔርና ዝብሉ? ከም መን ክትከውን ኢኻ ትሓስብ? ከም ኣባ እንጦንስ ንኣስካፍ፣ ኣባ መቃርስ ንኽልተ ኣሕዋት፣ ንጴጥ ደወሕ ንኢነ

created with nitroPDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

ኣቦና ኣብርሃም፣ ጢሞቴዎስ ንቅዱስ ጳውሎስ፣ ቀለሚንጦስ ንቅዱስ ጴጥሮስ፣ ኣግናጥዮስ ንቅዱስ ዮሃንስ ከምዝመሰልዎም ዲኻ ክትከውን ትደሊ ወይስ ነቶም እዛ ዓለም ኣታሊላቶም ከይተነስሑ ሞይቶምስ " እቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ኣሕዋተይ ናብዚ ኣነ ዘለኹዎ ናይ ስቓይ ስፍራ ከይመጽኡ ተኣምራት ጌርካ ከምዝኣምኑ ግበሮም ዝብሉ? ንመን ኢኻ ክትስዕብ ትደሊ? ወስን። ፍልጠት ምስ ወሰንቲ ሰባት እዩ ዝሰማማዕ።ፍለጥ`ሞ ተባዕ ወሳኒ ኩን። ንኹሉ እግዚኣብሔር ይሓግዘና። ኣሜን !!!

<u>መወከሲ</u>

- መጽሓፍ ቅዱስ
- ትርጉም መጽሓፍ መክብብ
- ትርጉም መጽሓፍ ሲራክ
- ትርጉም ኣርባዕተ ወንጌላውያን
- ትርጉም መልእኽታት ጳውሎስ
- ተግሳጽ ዮሃንስ ኣፍወርቂ
- መጽሓፍ ማርይሳቅ
- መጽሓፍ ፍሊክስዩስ
- ፍኖተ ቅዱሳን
- ፍኖተ ብርሃን
- ገድሊ ገብረክርስቶስ መርዓዊ
- ትርጉም ውዳሰ ማርያም
- ስንክሳር

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional

- ገድሊ ኣቡነ ተክለሃይማኖት
- ዘመናዊ መዝገበ ቃላት ብሓዲስ ብልሓት
- የመጽሓፍ ቅዱስ ጥናት
- Don't judg others(h.h.pope shenouda 3^{rd})

created with nitro PDF professional
download the free trial online at nitropdf.com/professional